# ሓደ፡ ዛንታ።

ኢ.ደን ጊዜን ኣዕይንተን ንብዓት ቋጺሩ እናበሎ ‹ኦ ኢ.የሱሰይ ኦ
መድኃኔ ዓለም ኣበይ ከሳብ ሎሚ ዝወሰድካለይ ደቀይ ይእኽሉኻ
እነ ደጊም ንስኻ ከም እትርእየኒ ኣሪገ እየ ድኅሪ ሎሚ እውን
ወሊ.ደ ዝኽእል ኣይኮንኩን፤ ሎሚ ኸስ ኦ ኢ.የሱሰይ ርኅሩኅ እዙ
እንከ ወዲ እዙይ ንኣይን ነቦኡን ምስ ኣረግና ደገፍናን ምርኩስ
ናን ክኾነና ዓይንና እውን ንኣኡ እናረኣየ ክጸግብ ንዙ ወዲ እዙ
ይ ክተኹበለይ እልምነካ ኣሎኹ › እናበላ ተመባጽዓ ጸለያ። ጸሎታ
ን ምስ ወድኣንከ ሓራስን ዘይጥዕይትን ክንዲ ዝነበራ ልቢ ወላዲት
እውን ክምትፈልጡዎ ፍጹም ተደፋናቒ እዩሞ፤ ኵሉ ኹሉ ተኣኻ
ኺቡ ንልበን ሰልሃው ኣቢሉ ኣድኪ.ሙ ጥልም ኣበለንሞ ዓወላ።
ጽንሕ ቢለን ልበን ድኅሪ ተመሊ.ሱወን ደጊም ንወደይ ኣድኒነዮ
እየ ብዝብል ጽኑዕ እምነት ገፈፍ ክብላ ገዛኣን ተመልሳ፤ ኣባኡ
ቅሩብ ድኅሪ ተዓንጊለን ድቃስ ጠሊ.ሙወን ኅቦ ኸና፤ ንወደን ከዓ
ምሳኤን ጭብጥ ኣቢለን ኣብ ኣፍ ልበን ኣልገባኦ። ክምዙይ ቢለን
እንከለዋ ሓለማ፤ ኣብ ሓደ ጽቡቕ በረኻ ዝነበራ ይመስለን ነበረ፡
ክኸዳ ክኸዳ ኣብ ሐደ ቓድራ በጽሓ፤ ኣባኡ ኸድኸተ ግርም ዝኾ
ነ ሐዎሐዎ ዝብሃል ዕምባታት ንፋስ ነነው ክብሎ ረኣያ፤ ክንደይ
ዝጽብቕ ዕምባታት እዩ ቢለን ናባኡ ምስ ቀረባ፤ ሐንቲ ዘይትርኦ
ኢ.ድ ዝኃዘታ ማዕጽድ ንታ ሐንቲ ዕምባባ ቅንጥብ ከተብላ ረኣያ፤
ገሪሙወን ክቋመታ እንከለዋ ወያ ማዕጽድ በብሐደ ንኩን ዝተረፍ
ኃምሽተ ቈረጸትለን፤ ናብታ ሳድሰይቲ ምስ በጽሔት ግን ወስ
ምስ ኣበለት፤ ሐደ ዘይርኤ ሰብ ንየው ኣርሳቕ ኣበላ ኻልኣይ ጊዜ
ምስ መጸት ክምኡ ሣልሳይ ክምኡ፤ እንታይ ኮን እዩ ነገሩ ቢለን
እንክሐስባ ሐደ ብርሃን ዝተኸደነ መልከዔይና ሰብኣይ ተራእየን፤

እዙ ዝርኤኺዮ ነገር ናይ ደቅኺ ምሳሌ እዩ ፤ ኃሙሽተ ሞት ዓጸ
ደቶም ፤ እዙ ዝተረፈ ግን እተዥበልኪ አለኹ ። እነ እቱ ዝተማኅ
ጸንክኒ መድኃኔ ዓለም እዩ› ቢሉወን ተሠወረ። ብታሕጓስ ብር ቢለ
ን ነቅሓ ወዮ አብ ሕቍፎኤን ዝነበረ ዕሽል ሰኺየ፤ ክእብድአ ቢለ
ን አቕርብ እንተበላሉ እውን ቀደም ጠብዩ ዘይፈልጥ ዝነበረ ንጡ
ብ ኒዙ ጸባ ጉርጓዕ ጉርጓዕ አበለ፤ እኖኡ ብታሕጓስ እናነብዓ
"ሓዊኽለይ ኢ.ኺ ወደይ ምዓረይ ኢየሱስ ተኹቡለይ እዩ ናተይ
ኢ.ኺ„ እናበላ ስዒመን ምጽጋብ ሰኣንአ ። ቈልዓ እንካብቱይ ንደ
ኃር እናኀሸ ኽደ ጸባኡ እናጠበወ እውን ቷው ቢሉ ሀጠረ ። ክጥ
መቕ ምስ ወሰዱዎ እውን እኖኡ ትኳበ መድኃኔ ዓለም ቢልኩም
ስመዩለይ ፤ ኢየሱስ ዝጸደቐለይ ቈልዓ እዩ በላሞ እዙ ሽም አው
ጽኡሉ ። ወለዱ ግን ሀብተሚካኤልን ተክአን ይበሃሉ ።

ትኳበ መድኃኔ ዓለም (ወይ ከዓ ትኳበ ኵሉም ክምዝብሉዎ ፤
ክመይሲ ክም እትፈልጡዎ ሕዝቢ ብዝከኣሉ ስም ክጐርድ እዩ ዝጽ
ዕር) አብ ዓዱን አብ በረኻን አብ ባሕሪን ክብል ግርም ዝኾነ ጐበ
ዝ ክይኑ ዓበየ ፤ ብጠባዩ ንሱ ፈታው ሰብ እዩ ፤ ንእኖኡውን አብ
ክሳደን ክልቲኡ አእዳዉ አመኃላሊፉ እናጠመረንን እናሰዓመንን
ኣደዋ አደይ ምዓረይ ብዝብል ጥዑምን ልዙብን ቃልውን እናጸ
ውዔንን ፍቕሩ ይገልጸለን ነበረ ፤ ንአቦኡውን ክማኡ አብ ትሕቲ
ጋቢኦም እናአተወን ዝቢሉዎ ዝኾነ እናተላእከን ናይ አባሓጎታቱ
ኣስማት እናተማህረን ፍጹም ደስ የብሎም ነበረ፤ እቱ ደጊም አብ
ምዕራቡ አቢሉ ዝቐርብ ዝነበረ ፀሐይ ንቱ ወጋሕታ እቱይ በል
እስኪ ወደይ ወዲ መን ኢ.ኻ፤ ቢሎም እንክጥይቑዎ፤ ወዲ ሀብተ-
ሚካኤል ቢሉ እንክምልሰሎም ካብኡ ኽዓ እናወሰኹ ሀብተ-ሚካ



ኤል ወዲ ኅድሩ ፤ ኅድሩ ወዲ ረዳእ . . . . እናበሉ ክመሃሃሩ ምር
አይ ከባኡ ደስ ዘብል ትርኢት አይነበረን። ቈልዓ ካብ አቦኡ ናብ
አዲኡ እናተሳገረ ካብቱይ ናብቱይ እናኀለፈ ደስታ እቱ ቤት እቱይ
ክነ ፤ ዕብይ ምስ በለ ክመሃር ቢሎም ሰደዱዎ ፤ አባኡውን ቀል
ጢፉ ዝመሃርዎ ብምኃዝን ዝኀዘ እውን ብዘይ ምርሳዕን እንካብ
ቶም ቈልዑ ምሳኡ ዝነበሩ ብጸቱ ተራእየ ። ብቈልዓኡ ጌና እንክ
ሎንክ ካብ ሐበሻ ምውላዱ ኽይተርፎ እንካብ ኵሉ ፍጹም ደስ
ዘብሎ ዝነበረን ሃረርታኡን ዝምባሌኡን እውን ዝስሕብ ዝነበረን
አጽዋር ክነ፤ ምስ ኵናትን ምስ ጠበንዣን ሃሙን ቀልቡን ከደ ፤
አቦኡ ኸአ ንፉዕ ወደይ ፤ ምስ ዓበኻ እዛ ጕራደ እዚአ ንአኻ እያ
እዛ ወጨፎ እዚአ ናትካ እያ ይብሉዎ ። መላፀ ዓረብ ምስ ብልሓ
ትፍጠር ዝብል ምስላ እናዘከሩውን ክምቱይ ቢሉ እቱ ወዶም ምስቲ
አጽዋር ዘቦኡ ሓኸትከት ክብል እንተረአዩዎ ዘርኢ ጋግንነት አብ
ሐሞት እቱ ውሉዶም ተዘሪኡ ኽምዝነበረ ብምርኣይ ፍጹም ኵር
ዓቶም ነበረ። አዴኡ ግን ሽሕኳ ናይ ወላዲት ነገር ክይተርፍ እቱ
መንፍዓት ወደን ደስ እንተበለን፤ ልበንስ አይዓረፈለንን ድኣ፤ እዙ ወ
ደይሲ እንታይ ክን ክኸውን እዩ ፤ በጽዋር ዶኾን ክሞተኒ ይኸውን፤
ናበየናይ ሃገር ክን ክመውት ይኸውን እናበላ ፍጹም ይሻቕላ ነበ
ራ ። እዙ ምሽቓለን እውን ንበዓል እንዳኤን ብዙኅ ጊዜ አዛረብኦ
ም ፤ ንሶም ግን ‹ክሊ. አቲ እንታይ እያ ትብሉ እዚአ ናይ ቈልዓ
መንፍዓት የሔጒስ እምበር አየፍርህን› ይብሉወን ነበሩ፤ በዙይ ብኽ
ምዙይ ዝበለ ተግሣጽን አውራ አውራ ግን ናይ መድኃኔ ዓለም
ሓለዋ ኽምዘይገድፎ ብምፍላጥን ልበን ዝግ ይብለን ነበረ ። ንሳ
ቶም እቶም ቤት ሀብታማት ነበሩ ፤ ብዙኃት ከብቲ ነበራኣቶም ክን

ሲዮወን ቢሎም ከዓ ንሐደ ስድራ አስላም ሂቦምዋተን ነበሩ ፤ አቦ
ኡ ሐድሐደ ጊዜ ንትኳቦ ኂዞምዎ ናብ ምጎዳር እቶም አስላም
ኾነተን ከብቶም ክርእዩ ቢሎም ይኸዱ ነበሩ ፤ ንሱውን በቲ ጕል
ጕል ከም ማይ አብ እትፈስስ ሰጋር በቅሊ አቦኡ ተጐርቢቱ ካብ
ምኻድ ዝፍትዎ ነገር አይነበረን ፤ አይተ ሀብተ-ሚካኤል ደርፊ ይ
ደርፉሉ ፤ ዘዘናግዕ ጸወታ እናጻወቱዎ ዘስሕቕ ተረት እናተረቱሉ
ይኸዱ ነበሩ ፤ ንሱ እናሰሐቐን እናጠየቐን እናተደነቐን ይሰምዖም
ነበረ ። ብጥቓ ሓደ ገረብ ጎልፍ እንክብሉ ሓንቲ ዑፍ ምስ እት
ነፍር ሐንቲ ቖቛሕ ጠሸም ምስ እትብል ቴልዓ ምዃኑ ከይተርር
ብር ይብል ፤ ካብኡ ምስ ጎለፉ ኸዓ አብ ጕልጕል ኋል በረኻ ለም
ቢላ ምስ እትጸንሖም ርእይ ምስ አበለቶም ሃው ትብል ነበረት
እሞ ንሱውን ብቱ ምህዳማ ይስሕቕ ነበረ ፣ ግን እታ ክንዲ እቲአ
እትበዝኅሲ ካብአም ከምዙይ ቢላ ብምህዳም ዘደንቕ ድንቂ ፤ ድሮ
ናብታ ንአሽቶይ ልቡ ይመጸ ነበረ ፤ ግን ነቦኡ ምጥያቕሲ አይበጽ
ሕን ነበረ ፤ እንዳ ሻሆአም ይአትዉ አባኡ ጸባን ግዓትን ጸጊቦም
ወርጊ ኳዕ ቢላ እንክላ አብቲ ጽሙዋ በረኻ ከማስዩ እሞ ፤ አሐ
ዲሕ እናበላ መጕስዔን ኪመልሳ ፤ አብ ማእከል እቲ ጽሙና እቱይ
ከዓ ድሁል ንቅዋ ዝብኢ ክሰምዑ ፤ አኽላባት ከዓ አብቲ ምጎዳር
ከይናም ከጣርዑ ምስማዕ ይገርሞን የደንግጾን ነበረ፤ እዙ ኹሉውን
ከም ቀለም ዘይተጻሕፎ ጻዕዳ ወረቐት ዝመስል ዝነበረ ጌና ኻልእ
ጦብላሕታት አብ ዘይተጦብልሐ ልቡ ስጥም ቢሉ ተኃቲሙ ይተ
ርፍ ነበረ ፤ ምስ ዓበየን ናብ ካልእ ሃገር ምስ ከደውን እንካብ ኾሉ
ክዝክሮ ዝደሊ እዙይ እዩ ። ካብዙይ ተመሊሱ አብ ሕቐፎ አዲኡ
እናተሐቐፈ ዝተሰምዖ ዝኾነ ነገር የውርየለን ነበረ ። ሻብቱይ



ይ ዝበለ ወዲ እዩ ንዞም አረገውቲ እዚኦም ገዲፉ ዝኸይድ" እና
ብሉ ረገሙዎ ፤ ንሱንከ ግልጽ ቢሉ ውድቀት እኖኡ ድኅሪ ርእዩን
ዝርገሞ ዝነበረ ምስ ሰምዔን ምድረ ሰማይ ጽልምት ቢሉዎ ንቕ
ድሚት አቢሉ ሃደመ ፤ ሻብቱይውን አብ ጽፍሩ ኪአቱን ወይ ከዓ
ምድሪ ሃሀ ቢላ ክትውኅጦን አይምጸልኤን ። አቦኡ ግን አይትርገ
ሙለይ ፤ በሃኻትኩም አይትርገሙለይ ፤ መርቑለይ ድአ እንተኸ
አልኩምሲ ቢሎም ንቶም አብኡ ዝነበሩ ሰባት ለመኑ ፤ ንእኖኡ
ውን እቲ ምዕዋል እቱይ አድኂኑወን እንተዘይኸውን ካብዙ ወደን
ዝርገሞ ዝነበረ ዝመርር ቃል ክሰምዓ አይምኸአላን ፤ ይፈትውዎ
እንድዮም ፤ ጣልያን ናይ ዝወሰደሎምሲ ጌና ትኳቦ ወዶም ዮ
አይኮነን ። እንካብቱይ ተላዒሎም ገፈፍ ክብሉ ንዓዶም ተመ
ልሱ ፤ ናብ ገዛ ድኅሪ አትዮምውን ከምዙ ሰቡ ቐቢሩ ዝምለስ እሞ
አብቲ ገዛ በይኑ ምስ ኮነ ከም ብሓዲሽ አግዲዱ ዘብክዮ ፤ ከማኡ
ንሳቶም አብቲ ገዛ ምስ ተመልሱ ግስም ቢላ ጸልማት ምስ ረአዩዋ
አብ ብኽያቶም አተዉ ፤ መሪር ሓዘን ተሰምዖም ካብኡ ንደኃር
እንከ ለይቲ ምስ መዓልቲ ንብዓት ኮኑ ንሱ ቐለቦም ።

## ፈነዋ ዓስከር ።

አሥመራ አብ ዝባን ሓማሴን አብ ስጥላጣ ጎልጎል ዝተሰጥ
ሔት ከተማ እያ ፤ አብ እንዳ ራስ አሉላ ከይኑ ንዝረአያ ሰብ እውን
ውቅብቲን ምጭውቲን ከተማ ኾይና ትረአዮ ፤ እሞ ብሐቂ ጣልያን
ካብ ዝአትውዋ ግርም ከይና እያ ሕንጻታታ ጽቡቕ ፤ መገድታታ
ትኽ ዝበለ ብየማኑ ብጸጋሙ እውን ገሊኡ አእዋም ዝተተኽሉ
እዩ ። ሐደ መዓልቲ አብ አጋ ረፍዲ አቢሉ ናብ ምቓም ባቡር

ሊዩ ኽይኑ እንታ ሎሚ ክንዲ ጸጕሪ ርእሲ ዝኸውን ሰብ ንየው
ኣቢሉ ዝኀልፍ፤ ቢሉ ጠየቕ ሓደ ሰብ ንቱ ምሳኡ ዝነበረ ፡፡ —
ሎሚ እንድዮም እቶም ዓስከር ንትሩቡሊ ዝወርዱ፡፡ — ኣረግ በል
እስኪ ንዓናይ ንርኤ፡፡ - እንታይ ክንርእየሉ ኃዘንን ብኽያትን ኣውያት
ንዶ-ክንርኢ ክንከይድ ቢልካና ይባሃሃሉ ነበሩ እቶም|ክልተ ሰብ፡
እሞ ብሐቂ እቱ ትርኢት እቱይ ርእዩ ዘይደናፈቕን ዘይበኪን ሰብ
ኣቦይዝጊ ዝደናፈቕ ልቢ ኣይፈጠሩሉን፡፡ ኣብቱ ጥቓ ምዕራፍ ባቡር
ሰብ ጭኽጭኽ ምስ በለ እዩ፤ ኣብ ማእኸል እቱ ሕልኽልኽ እቱይ
ሰቦም ደልዮም ዝጻውዑን ቀቢጸም እውን ኣብቱ ማእኸል ሕዝቢ
ቃሀመም ቢሎም ዝተርፉን ነበሩ፤ ሓደ በቱ ሓደ ወገን ሰቡ ምስ
ዝርኢ ክይጠፍእ ቢሉ ናብኡ ክጕዩ እሞ ክንደይ ሰባት ክደፍእን
ክረግጽን ኣብ ማእኸሉ ኸዓ ጸርፍን ብኽያትን መርገምን ምስማዕ
ንልቢ ዝተፈጥሮ ሰብ ፍጹም የደንግጽ፡፡ ገሊኣቶም ይዋኣት እዮም
ዝብላዕን ዝስተን ኂዞም መጺኦም ንሰቦም ይደልዩ፤ ኣብቱ ደረት
ብጽሕ ቢሎምውን እቱ ክንድቱይ ሰብ ምስ ረኣዩ ክመይ ኣቢልና
ክንኃልፍ ቢሎም ተስፋ ቖቢጾም ደው ይብሉ፤ ሓደ ክልተ ኸዓ
ሻዑ ክራኸቡ ቢሎም ብጕያ ዝመጹሞ፤ ጊዜ ኸይኃልፎም ቢሎም
ጥሒሶም ቅሩብ ክሓልፉ እንተፈተኑ ኣብኡ ዘለዉ ዛብጥያታት
ብኸኦርማጋ (ብኸኦርማጋ እወ ኸም ኣእዱግ) መልጠጦም ለምጠ
ጦም የባርሩዎም ፡፡ በቱ ሓደ ወገን ብማዕዶ እንተደኣ ተራእዩ ብም
ልክት ሰላም ክበሃሉን ክላበዉን ክማራረቑን ትርኢ፤ መሸም ኣው
ራ ሀውክት ዘብዝኃ ኸዓ እተን ጸለምቲ ማኪናታት እየን ፡፡ ክም
ጠምዩ ብልዒ ደልዩ ዝንቁ ኣንበሳ፤ ንደቂ ሓበሻ ውኅጥ ከኣቢለን



ኂዘን ካብ ዓዶም ሃው ምባሎም ተረቢጸን በቱይ ይፋጽያ በቱይ
ደርጓዕጓዕ ይብላ፤ በቱይ የእውያ፤ ገሊኣተን እንስቲ ኸዓ በቱ ሐደ
ወገን ክይነን ‹ባቡር መጸት ትኪ ተኸዲና፤ ጓል እኖኻ ትበኪ ደኒና›
እናበለ ዘብኪ ደርፊ ይደርፋ ፡፡ መሸም ኣብ የማነ ፀጋሙ ንቱ ምቓ
ም ባቡር ሰብ ጭክጭኽ ምስ በሎ እዩ፤ ኣብ ማእኸል እቱይ ገሊኣ
ቶም እውያት ገሊኣቶም መልቀስ ይጋገምሩ ነበሩ፤ እዙይ ዘይበሃል
ፅግርግር ነበረ ፡፡ ድኅሪ ቕሩብ ወዮም መኪንንቲ ጣልያን ገፈፍ ክብ
ሉ መጹ፤ ምንቃል ቀረቡ እዩ ቢሉ ወዮ ሰብ ሻቡ ኣብዚኑ ኣዕገ
ርገረ፤ ሻቡ ዛብጥያታት ምውቃዕ ተላመዱ፤ ሻቡ ‹ኡእታን ዋይ
ታን› በዙይን በቱይን ኮነ፤ ብዙኃት ሰባት ተረግጹ፤ ብዙኃት ኣን
ስቲ ወዲቐን ዘልዕለን ሰኣና፤ ድኅሪቱይ ኃሙሽተ ደቂቕ ክይጸን
ሔ መለኸት ሩምሩም በለ ወዮ ሰብ ክም እምኒ ኸይኑ ንቕሩብ
ጊዜ ተዓኒዱ ሱቕ በለ፤ እቶም ዓስከር ናብ ባቡር ክድይቡ ምስ
ዠመሩ ክም ብሓዲስ ወዮ ሰብ ተሃውከ ግን ንቕሩብ ጊዜ ኸነ፤
እቱ ሐጹር ኀጺን ተዓጽወ ባቡራት ፊጽ ፊጽ በላ በብቕሩብ እው
ን ሰለል ሰለል እናበላ ክምቲኣቶም ዝመሰሉ ኣጕባዝ ብምጻረን
ኵሬኔን ኸክዳ ዠመራ፤ ወዮም ዓስከር ሻቡ መኣረምያታቶም ኣው
ጺኦም ክንበልብሉ ዠመሩ፤ “ዓደየ ድሓን ዓሊ ኣነስ ክይደ ትሩ
ቡሊ„ እናበሉውን ደረፉ በዙ ደርፊ እዙይ ንሃገሮም መወዳእታ
ጊዜ ኢድ ነሚኣምላ ክሳብ እታ ባቡር ትሃትፈላ ክምኡ ቢሎም
ክዱ፤ መወዳእታ ሰላምታኦም እወ፤ ክመይሲ ብዙኃት ካብኣቶም
ዓዶም ኣይክምለሱን እዮም፤ ድሪትንከ ኂዛቶም እቱ እምባ ሀት

ዘም ዝበልናዮም ትኳቦ ሃብተ–ሚካኤል ነበረ ። ኣቑጽልቲ ዓጾም
ኣዋሊዕን ኣጻሕድን ቌላቑልን ካብ ዓርበ–ረቡዕ ክሳብ ነፋሲት
እምባትካላ ድኅሪ ርእዮም ኪነው ጊንዳዕ ኣቢሎም ክበጽሑ ንቑጽ
በረኻ ተቐረበም ፤ ድሪት ጓል ኣብያ በቲ ምድረ በዳ ዝመስል በረኻ
ባሕሪ ዕንድር ኣምሲያ ኣማስያኡ ናብ ምጽዋዕ ደበኽ ኣበሉዎም ።

ድሪት ማለት ጸላም ባቡር ማለት እዩ። ቐላይ ባጽዕ ትኪ
ክመስል ኅብሩ ብግሜን ብዒግታን ተጐልቢቡ ኣብ ቅድሚ
ዓይኖም ለጥ ቢሉ ተራእዮም ። ሻቡ ትኳቦ እሞ እቶም ከማ
ኡ ዝበሉ መገርመርያ ዓመቶም ዝወርዱ ዝነበሩ ባሕሪ ብም
ርሕይ ዝገረሞም ግርማ ክንገር ኣይክኣልን ። እሞ ብሓቂ ባሕሪ
ንመገርመርያኡ ዝርእዮ ምስትንክር ነገር እዩ ፤ እቲ ሻው ዝስምዓ
ካስ ምዕቃኑ የድልዮ እምበር እቲ እትትርኸሉ ሰብ ክርድኦ ኣይ
ክኣልን ። ለጥላጣ ፤ ስፍሪ ዘይቢሉ ፡ ሓደ ዝኅብሩ ሜዳ እዩ ፤ ብም
ሽትን ብምጕሓትን ክትርእዮ ሓመኹስታይ ፤ ብቐትሪ ክትርእዮ
ግን ትትያ ዝመስል ዕምዒ ። ኣብ ቅድሚ እቲ ራእይ እቱይ ልብኻ
ዝሓስቦ ኣይፈልጥን ክምዘ ብሕልሚ ሓደ ጽቡቕ ነገር እትርኢ
መሲሉካ እውን ሀነን ኢልካ ትተርፍ፤ ሻቡ ዘይንገር ሓሳባትን ድላ
ያትን ንነፍስኻ ይኅድር፤ ክትውስኖ ዘይትኽእል ሓደ ሀረርታ ይስ
ምዓካ፤ ጕዱኻ ምንጣር እሞ ናብቲ ጌጽ እቱይ ምጥሓል ዩ። ሄ...
ፍርሂኸ ናበይ ክትኸይድ ፤ ነፍስኻ ተናዊጺካ ድላይ ብኽያትን (እን
ታይ እሞ ክብለኩም) ድላይ ስሓቕን ብሓደ ይወርሰካ ፤ ንዘ ኸም
ዙይ ዝጽብቕ ነገር ዝፈጠረ ኣምላኽ ክመስግን እውን ልብኻ ናብ
ሰማየ ሰማያት በሪሩ ሓፍ ይብል ። ሻቡ እዙይ እዩ ክትብሎ እት
ኽእል ተድላንከ ንእይ ክምዝመስለኒ ኣባኡ ኽይንካ እቲ ባሕሪ ዘይ



ምኖን ዘይልወጥን ክይኑልካ ንዘለዓለም ምርኣዩ እሞ ንቱ ጣዕሚ
እቱይ በብንእሽቶ ምስትምቓር እዩ ። እቲ ጨርባሕ እናበለ ናብ
ደረት ዝኣቱ ማይ ብድምጹ እንተዘየንቅሓካ ሕልሚ መሲሉካ ብሓ
ቂ ሰልሀም ቢልካ ምደቀስካ፤ ጣዕሙ ብዘይ መጠን እዩ ። ብወጋ
ሕታ ተንሣኢካ ባሕሪ ክወፍር ከሎ ክም ታእላው ዘይቢለን ኣጣል
ቀቅድሚት እናተጓነጸ ዝኸዳ እቶም መዋግድ እናተጻፍዑ ክኸዱ
ክትርኢ እሞ ምስኡ ኸዓ በቲ ታህዋኽ ማይ ኣብቲ መቐሎ ዝኾነ
ምጽዋዕ ፈስፈስ ዝብል ጥዑም ንፋስ ገገጽካ ክሃርመካ፤ በቲ ሓደ
ወገን እውን ገሊኤን ጀላቡ ኸራዒን (ጋንጽላ እውን) ገቲረን ዓሣ
ክገፉ ክነቕላ ፤ ሓደ ክልተ ገለ ዝብላዕ ኣብ ጥቓ ዓዲ እንተረኸቡ
ቢሎም ዝመጹ ዓበይቲ ዓሣታት ምድሪ ኸይቐትሮም ጥንቅልዓሸው
እናበሉ ክሃድሙ ምርኣይ ክመይ ዝበለ ይመስለኩም ። ሻቡ ብዛዕባ
ባሕሪ ጥብርያዶስ ብዛዕባ ጌንሣሬጥስ ኣብ ወንጌል ዘንበብካዮ ሻቡ
ዝረኣየካ ይመስለካ፤ ጴጥሮስ እንድርያስ፤ ደቂ ዘብዴዎስ፤ ጐይታና
ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሎም ይዝከሩኻ ። እዙ ዝበልናዮ ነገር ንኹ
ሎም ተሰምዮም ። ንጽባሒቱ ሰዓት ፱ ናይ ምሸት ንቐል ንቐል
ክነ ፤ እታ ንእታቶም እትወስድ መርከብ ሓዋ ኣጕዳ ትካ ቡፍ እና
በለት ድሮ ክምተሰናደወት ነገረት ። መገርመርያ እቶም መኳንንቲ
ጣልያን ኣብ ክውን ዝበለ ሥፍራ ተቐመጡ ንወዲ ሓበሻ ግን ኣብ
ቲ ጕልጕል ዝመስል ኩሉ ሰብ ዝረግጾ ማይ እንተ መጸ መስቀሊ
ፀሐይ እንተ መጸ እውን መኸወሊ ዘይቢሉ ዝባን እታ መርከብ
ክም ጤለ-በጊዕ ዳጐኑዎ ። ንሳ መዘወሪ ኩሉ ብምዝውዋሩ ውሽ
ጣዊ ነገራ ተንደቕድቕ ነበረት። ኖትያት ሻው ብዙኅ ይጽዕሩ ነበሩ፤
ገሊኦቶም ንቲ መውረዲን መደየብን መሳልል ጠቕሊሎም ይዓጸ

ጽፉ፤ ገሊኣቶም ንቲ ሓፍ ዘይብል መልሕቅ እንካብ ዕመቅ ባሕሪ
ብመዘዋውር ገቢሮም ይስሕቡ፤ እዙይ ክገብሩ በዙይን በቱይን
ይወናጨፉ ነበሩ፤ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ዘብዔይና ዛብጥያታት ገለ
ተኃቢኡ ዝኸይድ ሰብ ክይረኽቡ ቢሎም ንታ መርከብ ይኹሉዋ፤
ኵሉ ተጨረሸ ። መርከብ ብወዮ ክንዲ ገለ ዝኸውን ናብ ኣማዕት
ካውን ቀኈሪ ዘእቱ፤ ኑሓሩ ኡእ በለት በብቕሩብ ለመም እናበለት
እውን ክትጕዓዝ ዠመረት ። እቶም ደቂ ኢትዮጵያ ኸደርፉ ዠመ
ሩ፤ ሓደ ጽጋብ እናኸረረሎም ድሉው ኣባ ግራዩ እውን ከበሮ
እናተምተመሎም ምድሪ ሰማይ ኣጽመሙ ። ትኳበ ግን ብብዙኅ
ሓሳባት ተወረሞ ኣብዙ ጸወታ እዙይ ኣየቕለበን ። ኣብቱ ደሶ
(ድኅሪት ማለት እዩ = poppa) እታ መርከብ ኮይኑ ንዓዱ ኣቢሉ ገጹ
ገቢሩ ንኣቦኡን ንኣዴኡን ክሓስብ እንከሉ ምጽዋዕ ገዲፋዎ ክሃ
ድም ረኣዮ፤ እሞ ብሓቂ ብጸልማት እንካብ ሓደ በሪ ዝነቅል ሰብ
እቱ ዓዲ ገዲፋዎ ዝርሕቅ እምበር እታ መርከብ እትኸይድ ኣይ
መስሉን ። ምደሪ ዓደቦኡ ገዲፈዎ ንድሕሪት ሃው ክብል ምስ ረኣዮ
ሓዲስ ምድንፋቕ ኣተዎ፤ ሕንቕንቕ ቢሉውን ንብዓት ቅርብ በሉ፤
ኣናብ ልሙዕ ጕላጕልኪን ኣናብ ስሉም እምባታትኪን ዘዕበኺኒ ሃገ
ረይ ድኃን ኩኒ፤ ምስ ከብተይን ምስ ጓሶተንን ዝኃድረልካ ዝነ
በርኩ ጸምጸም በረኻ ዓደይ ድኃን ኩን እናበለ እውን ተናገረ ።

ንዓዱ ገዲፉ፤ ዝኸይድ ሃውቲቱ
ድኅሪ ወዲ ጓና፤ ዝኸይድ ተጕቲቱ
ኣይ ምእንቲ ሃገሩ፤ ኣይ ምእንቲ መሬቱ
ጣዕሳ ኣይክወጸሉን ክሳብ ጊዜ ሞቱ ።





ዝብል ቅኔታይ ንዝተናገሮ ባህሊ እናሓሰበ እውን፤ እንታይ ቢሉ
ተወለድኩ ዝብል ሓሳብ መጸ፤ "ኣትየያ እየ ባዕለይ ደጊምስ እጽገብ
ድኣ" እናበለውን ሓሩቖቱ የኵማስዕ ነበረ ። ምጽዋዕ እንከ ምህዳማ
ትቕጽል ነበረት፤ እኒሆ ደጊምስ ወዮ መብራህቲ እናሰሐ ይኸይድ
ነበረ፤ እምባታት ጦብያ እውን ከም ሓደ ዓቢይ፤ ብድነ ዝተኸ
ድነ፤ ምንዋሑ ክስፈር ዘይከኣል መንደቕ ክመስል ይርእ ነበረ፤
ደድኅሪ እታ መርከብ ግን እቱ ማይ እናዓፈረ ይጻፋዕ ድኣ፤ ከም
ዝኸተሎም ዝነበረ ውሕጅ እውን ይመስል ነበረ፤ ብየማናምን
ብፀጋሞምን ከዓ ሓድ ሓደ ፋኑስ ቀይሕን ቈጻልን ዝዓይነቲ መጨረሻ
ናይ ዓዶም ዝኸሪ ይኣ ክኸኖም ቈለጭ ጥፍእ እናበለ ሰላም ደእ
በሉም፤ ንእኡ ኅልፍ በሉዎ፤ ክሳብ ዝጠፍእ እውን ድኅሪት ቀኈሊ
ሕ እናበሉ ረኣዩዎ፤ ቅሩብ ጸኒሑ ግብ በለ ። ሻብቱይ ኵላቶም
እዙይ ክበሃል ዘይከኣል ሓሳባት ወረሶም፤ ኵላቶም ቃዘኑ፤ ወዮም
ዝደርፉ ዝነበሩ እንዲዒሎም ከይተፈለጦም ግድፍ ኣበሉዎ፤ ሃገ
ሮም ይገድፉ ከምዝነበሩ ተረዲኡዎም እዩ ። ወዮም ቅሩብ ጊዜ
ኣቐድም ኣቢልካ ዝረኣኻዮም ጽጉባት ኣጕባዝ ሓደ ነገር እውን
እንካብ ታሕጓሶም ዘከላልኦም ዘይመስሉ ዝነበሩ፤ ሻቡ ኵሎም ዝን
በሉ፤ ኣብ ዘዘለውዎ ኾይኖም እውን (ዓራትዶ ወይስ ንእዲ ዝቕ
ረቦም ኮይኑ) እቱ ዝነበሮም ባርኖስ ተኸዲኖም ጕልብብ ቢሎም
ኣብ ዝረኸብዎ ጸግዒ ተጸጊዖም፤ ድቃስ ኣምሲሎም፤ ኣበኡ ኾይኖ
ም ሓሳባት ዠመሩ፤ ወለዲን ኣኅዋትን ዘለዎ ወለዱን ኣኅዋቱን
ሰበይቲን ደቂን ዘለውዎ ከዓ ሰበይቱን ደቁን ክዝክር ዠመረ፤
ንሳቶም ዘይቢሉ ሓደ በይኑ ዝኾነ እንተሎ ከዓ ከዕሩኹን ነቶም
ብዝኾነ ይኹን ልቡ ምብኣቶም ተኣሲሩ ዝነበረ ሰባትን ዘከረ፤ ኵላ

ቶም ብኃባር ክዓ ዓዶም ተራእዮም ። ሽቡ ልቦም ከመይ ቢሉ ዝሀ
ወኽ ክምዝነበረን ክዓ እንካብ ምንጋሩስ ምሕሳቡ ይቀልል ። ናይ
ዓደቡ ዝኸሪ ፍጹም ኃያል እዩ ። ክምኡ ቢሎም ክለዉ ሓደ ድቃስ
ዝመስል ሰላምታ ወሰዶም ፣ ምሉእ ለይቲውን ክዝክሩን ክሓል
ሙን ኀደሩ ። ንጽብሒቱ እውን ትንሥእ ምስ በሉ የማነ ፀጋም
ቍሊሕ እንተበሉ ፣ ኣብ ፀጋሞም ደረታት ሓባብ ረአዩ ፣ ደስውን
በሎም ከመይሲ ሽሕኳ ዝፈልጡዎ እንተዘይኮነ ግን ምስ ዓዶም ዝተ
ላገበ ምስ ዓዶም ብዙኅ ክፍሊ ዘለዎ እዩ። ካብኡ ኃሊፎምንከ ኣማ
ስያኡ ኣቢሎም ኣብቱ ባሕሪ ዝገፍሓሉ ስፍራ ኣተዉ. እሞ ኣባኡ
የማነ ፀጋም ንታሕቲ ቍሊሕ እንተበሉ፣ ቍሊሕን እንተበሉ ንላዕሊ፣
እንተጠመቱ ማይን ሰማይን ፣ እምበር ካልእ ኣይረኣዩምን ነበረ ።
ሃሩር ይስምዓቶም ነበረ ፣ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ማይ ንዝኸይድ ሰብ
ንቱ ማይ ብምርኣይ ጥራሕ እውን ናይ ሃሩር ሓሳብ ዝመሰለ ይኸ
ደሉ እዮም ፣ ብዙኅ ግዲ ኣይሞቱን ነበሩ ። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ
ወጋሕ ክብል ክሎ በሪ ሱዳን ዝተባህለ እንግሊዝ ገዚኦሞ ዘለዉ
ከተማ ኣተዉ፣ ኣባኡ እውን እታ መርከብ ደርጓዕጓዕ እናበለት ንቱ
መልሕቃ ደርቢያ ደው በለት ፣ ናባኣ ኣቢሎም ብዙኃት ጸለምቲ
ሱዳን ክክንዲ ገለ ዝኾኑ ውርር በሉ ፣ ኣባኡውን ክልተ ሕዝቢ
ኣፍሪቃ ሱዳንን ኢትዮጵያውያንን ገጽ ንገጽ ተጠማመቱ ፣ እቲኣ
ቶም "ሆይ እዘን ሽዩጣት ምእንቲ ገንዘብሲ ትሩቡሊ ይወርዳ ኣለ
ዋ„ ብዝብል ሓሳብ እቲኣቶም ክዓ "እዘን ጸለምቲ እዚኤን እምበር
እየን ብምንታይ ይበልጻና„ እንክብሉ በብውሽጦም ይመዘዙ ነበሩ።
እንካብቱ በሪ እቱይ ባቡር ገፈፍ ክትብል ነቐለት ፣ እቶም ዓስከር
እውን ኣብቱ ወገን ባሕሪ እቱይ ብዙኃት ከልቢ መሰል (pescecane)



ዝበሃሉ ሰብ ዝበልዑ ዓበይቲ ዓሣታት ኣለዉ ዝብል ወረ ሰሚ
ዖም ነበሩሞ እንተ ረኣዩ ይኣ ቢሎም ቅልቅል ቅልቅል ይብሉ ነበ
ሩ ፣ እንተኾነ ኣብ ክንዲ እቶም ዝደልዩዎም ዝነበሩ ፣ ካልእ
ደልፊንስ ዝበሃሉ ጥንቅልዓሸው እናበሉ ብየማነ ፀጋማ ንታ መር
ከብ ዝስዕቡዋ ዝነበሩ ዓሣታት ረአዩ ። እዞም ዓሣታት እዚኦምንከ
ፈተውቲ ሰብ እዮም ይበሃሉ፣ ደድኅሪ መራኽብ መምጽኢኦምውን
ይኣ ገለ ሰብ እንተወደቐ ክልዕሉ ንማለት እዩ ። ክምኡ ንሓደ ሲሞ
ኒስ ዝተባህለ ቅኔታይ ጸላእቲ እንካብ መርከብ ምስ ደርበይዎ ሓደ
ደልፊንስ ጸዊሩ ናብ ዓዱ ኣብጽሑ ይብሃል ። ገሊኣቶም ግን ገለ
ዝብላዕ እንተንጠቡሎም ስለ ማለት እዮም ይብሉ ። ኣየናይ ሓቂ
ምኺኑ ኣይፈልጥን ። ዓስከርንሞ ናይዙ ኾሉ ባህሊ ሓደ ጽንጽን
ታ እኳ ኣይነበሮምን ሱቕ ቢሎም ድኣ ይጥምቱ ነበሩ ፣ እንተ ደል
ፈንስን ክዓ «ኣፋኒና ሩብ ኣሳጊርና ኣቶናክን ሰብ ጕምቦ ስዋና»
እናበላ መርዓት ኣፋኒየን ክም ዝምለሳ ኣዋልድ ፣ ክምኡ ቢሎም
እናተጠልሔሙኳ እናወጹን ሰብ ክድኅኑስ ይኾኑ ዝብላዕ ክደልዩስ
ይኾኑ ንበሪ ሱዳኖም ድኣ ተመልሱ ። ምድሪ ጽልግልግ በለ፣ ሻዕ
ቱይ እውን ሓደ ዝሑል ንፋስ መጺኡ ኣዝሕል ኣበሎም ፣ ቅሩብ
እውን ነፍሶም ተመልሰም ፣ ኣብ ማእኸል እቱ ባሕሪ እቱይን በቱ
ጸልማት እቱይን እታ መርከበም በይና ክምኡ ኸዓ ክልኦት ዝ...
ፋን ዝገብኣን መራኽብ እንተ ተጓነፋኦም ይበርሃ ነበራ ፣ እዙ ትር
ኢት እዙይ ፍጹም ዘደንቕ እዩ ። እንካብ ኵሉ ዘደነቖምን ክዓ
ሽው ኣብ ማእከል እቱ ባሕሪ ወርኂ ክትወጽእ ምስ ረአዩ እዩ ።
ምድረ ሰማይ ሃዲኡ ዝግ ቢሉ እንክሎ ብወገን ምሥራቕ ፣
እንካብ ዓዲ ዓረብ ማለት ፣ ሓደ ኸብ ዝበለ ፣ ክም ፍርቂ ጣይታ

ዝሹነቱ ፤ ቈጥቋጥ ዝመስል ዓይነቱ ነገር ፤ እንከብ ቀላይ በሎኽ
ክብል ረእዩ ፤ "በስመ ኣብ ወወልድ ወመፈስ ቅዱስ" ቢሎም ገጸም
ዐተቡ ፤ ሓደ ዘደንግጽ ምትሀት (፩) ዝረኣዮም ዘሎ እምበር ወርኂ
እትወጽእ ዘላ ይመስሎም ኣይነበረን ፤ ኣንፉ ዝብሉዎ እኳ ኣይመ
ጽምን ። ኵሉ ቀልበምን ሃሞምን ምሳኣ ኾነ ፤ ወያ ወርኂ በብቅ
ሩብ እናተላዕለት ንቱ ማይ ደም ኣምሰለቶ ፤ ሻቡውንከ ገለ እንክ
ባኣቶም ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዘንበቡሞ ፤ ኤርትራ ቐይሕ ከምዝኾነ
ትርጓሜኡ እንተዚፈልጡ ፤ እቱ ምሳኣም ዝነበረ ባሕሪ ካን ንሱ
ምመሰሎም ፤ ብዕብየት ኣቦይዝጊ ተላዓዒሎም እውን ብመንፈሳዊ
ልቢን ብታሕጓስን ንሴብሖ ለእግዚአብሔር ስቡሐ ዘተሰብሐ ዝብል
ድርሳን ሙሴ ከደግሙ ነገሮም ። እታ ወርኂ ብምልእታ መሰስ
በለት ፤ ወይባ ዝመስል ዓይነት ለቢሳ እውን ብጊዜኣ ንቱ ማይ
ኣወየበቶ ፤ ንሱንከ በቱ ብርሃና ደስ ከምዝበሉ ኸርኢ ክትደርዞ
ቢልካ ኅዝ ከምዘበልካዮ እንስሳ እሞ ደስ ቢሉዎ ቈርበቱ እስር
ዝርግሕ ዘብል ከማኡ ቀጥቀጥ ይብል ነበረ ። ድኅሪቱይ ወርኂ
ብብቅሩብ ቆሎ መሰለት ንቱ ኸዲኑዎ ዝነበረ ቆባር ኣርኂቓ እውን
ንባሕሪ ኳዕ ቢላ ኣብርሃቶ ። እታ መርከቦም በርሀት እቱ ንሳቶም
ዝነበሩዎ ስፍራውን በርሀ ። እታ ሓመሮም እንክትከይድ ከላ ንሳ
ወያ ወርኂ ብሓደ ዘይረአ ገመድ ኣባኣ ኸምዝተኣሰረት መማዕረኣ
ትኸይድ ነበረት ፤ ንቶም ዓስከርስ ትኸይድ ትመስሎም ነበረት
ክብል እየ ። ሻው ወዮም እንዶ ባሕሪ ዘይነበሮም ደቂ ጦብያ ኣብ
እቱ ትርኢት እቱይ ሃህ ቢሎም ተረፉ ፤ ዝሓልሙ እምበር ዝርእዩ
ኣይመስሎምን ። ኣብ ማእኸል ኣንፉን ርእሱን ዘይትርእየሉ ቐላይ

(፩) fantasma ማለት እዩ ፤ ኣብ ወንጌል ዘሎ ቃል ግዕዝ እዩ ፡፡



ብለይቲ ፤ እሞ ካብ ጸልማት ብኡብኡ ናብ ብርሃን ምስጋር ፤ ልቢ ንዘለ
ምን ቅሩብ ናይ ጽበቘ ነገር ክኣትዎ ንዝኽእል ሰብን ፍጹም ሰማያዊ
ራእይ እዩ ። ኣቦይዝጊ እንኳብ ዝፈጠሮ ነገራት ኪለው ዝጽብቐ
ባሕሪ እዩ ኣባኡውን እዩ ዕብየት ኣቦይዝጊን መስፈርትነት ዘይምሀላ
ዉን ዝፍለጥ ። ሃገረይ ባሕሪ ስኢና ኢያ ካብ ነገሥታት ዓለም ትሒ
ታ ዘላ ሕዝባውን እንካብ ጥበባት ሱታፌ ርሒቑ ደንቍሩ ዘሎ
ቢሉ ልቢ ዘለዎ ይኃዝን ። ከምዙይ ቢሎም ከይድ ድኅሪ ኃዲሮም
ንጽብሒቱ ኣጋ ምሸት ጥቓ ዓዲ ግብጺ በጽሑሞ እቱ እስራኤል
ዝተሳገሩሉ ስፍራ በዙይ እዩ ፤ በቱይ እባ እዩ ተበሃሃሉ ፤ ብፍላይ
እታ ስፍራ እንተዘይፈለጡ እውን ወገኑስ ንሱ እዩ ። ንሱውን ንቱ
ናይ ኣቦይዝጊ ዕብየትን ክእለትን ናይ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ዝኽርን
ኣፍልጦን ኣኽብሮን ዘለዎ ኢትዮጵያዊ ልቢ ፍጹም ደስ ኣበሎ ።
እንከባኣቶምውን እቶም መምሁራን "ፈረሰ ወመስተጽዕነ ወረወ
ውስተ ባሕር" ዚብል ቃል እናደገሙ ብውሽጢ ልቦም ንኣምላኽም
ሰገዱ ። ብማዕዶኦም እውን እምባታት ዓረብ ምስ ደብረ ሲና ረአዩ ፤
"ኦ እንካብ ኵሉ እምባታት መውረድ ኣቦይዝጊ ክትከውን ዝተኃ
ረኻ ቅዱስ ጠረር ሰላም ንእኺ" እናበሉውን ናብኡ ኣቢሎም ሰገዱ ፤
ወዲ ኢትዮጵያ ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዝስመዩ ስፍራታት ፍጹም
ብባሕርዩ የኽብር እዩ ። ዝኾነ ኾይኑ መርከቦም ንቅድሚት ትጐዓ
ዝ ድአ ነበረት ። ወትሩ ካብ ዓዶም ዝርሕቁ ከምዝነበሩ እናሓሰቡ
እውን ልቦም ድምብርጽርጽ ይብሉም ነበረ ፤ ደጊም ራብዓይ መዓ
ልቶም ወዲኦም ኣብ ኃምሳይ ኣቢሎም እዮም ዝሳፈሩ ዝነበሩ ።
ወዮ ባሕሪ እናጸበበ ክንዲ ዝኸደ እውን ክልቲኡ ደረት እስያን
ደረት ኣፍሪቃን ተራእዮም ። ልቦም ትልዕዕል ኣበሎም ። "ኦ ምስ

ሃገርና ጠቢቕኪ ዘሎኺ ብውኅጋር ኣባይና እውን ማይ እትሰትዩ፤ ብመሬት ዓድናውን እትፈርዩ ምድሪ ሰላም ንኣኺ„ ብዝብል ቃል እውን ሰላም በሉዋ ። ንጽባሒቱ ኣብ ሱወዝ ዝበሃል ከተማ ዓረብ ዓረፉ፤ ኣባኡ ግብጻውያን ወረሩዎም፤ ሰብ ነዋኅቲ ቆሚስ ሰብ ካኪ በብዓይነቱ፤ በብዓይነቱ ዝኅብሮም፤ ገሊኦም ተምሪ ዝሸጡ ገሊኦም ፉል ገሊኦም ሓለዋት ሽኳር ዝሸጡ ነበሩ ። ንቱ ብዘይካ ነጻላን ብኽዳን ብዘይካ ናይ ወዲ ሃገሩን ካልእ ገጽ ብዙኅ ዘይረኣየ ብዘይኽኡ ካልእ ፍጡር ሰብ ዘሎ ዘይመሰሎ ወዲ ሓበሻ እዙ ነገር እዙይ ምስ ረኣየ ብዙኅ ኣደነቐ፤ ዓለም ክንደይ ይገፍሕ እዩ ዝብል ሓሳብ እውን መጸቶም ። እንካብቱ ከተማ እቱይ ነቒሎም መስኖ ሱወዝ ኣብ ዝተባህለ፤ ዓቢይ ውኅጋር ዝመስል፤ ቀጢን ባሕሪ፤ መርከቦም ኣተወት፤ ገፊፍ እናበለትውን ናብ በሪ ስዒድ ዝተባህለ ከተማ ግብጺ ደበኽ ኣበለቶም ። ኣብኡ ባሕሪ ሮም (ሜዲተራነዩም) ብመላኡ ኣብ ቅድሚኦም ለጥ ቢሉ ሞገዳት እውን እናተዛበጡ ክኅየዩ፤ ኣብቱ እትወቱ ኸዓ ሓደ ዓቢይ ሰብ ቆይሙ መንዩ በዚ ዚኃልፍ ዝብል ዳርጋ ዚብል ዚመስል ረኣዩ፤ ንሱ ምስሊ እቱ ንመስኖ ምቕዳድ ዝኃሰበ ዓቢይ ብልሂ ዝኸነ ዴለሰፕስ ዝተባህለ ፈረንሳዊ ነበረ ። ንሳቶም ግን ኣይፈለጡዎን፤ ኣብኡ ኸዓ ካልእ ድንቂ እኒሆ ። ሰብ የማን ፀጋም ክጻፋዕ ረኣዩ፤ ኣባኡ ገዛውቲ ብብዙኅ ደርቢ ዝቖመ፤ ሰጥ ዝበለ መንኰራኾርን ሠረገላታትን ዘሸክርክሩ መንገዲ፤ ድሙቕ ብዙኅ ዝትርኢቱ ፋኑሳት ነበረ ። ወይ ግሩም ዕጹብ፤ ወይ ኣምላኽ ምባል ገርመሩ ። እንካብኡ ተላዒሎም ናብ ባሕሪ ሮም ኣተዉ ኣባኡውን ወትሩ ንፀጋም እናተጠምዘዙ ትርኢት ኣፍሪቃ ከይተኸወሎም ብጥቓ እስክንድርያ ኃለፉ ግን ደው ኣይበሉላን ።



“እስክንድርያ መንበረ ማርቆስ እስክንድርያ ቅድስቲ ከተማ መንበረ ሊቀ ጳጳሳት„ እናበሉ ፍጹም ተሓጒሱ ወሪዶም ክርእዩዋን ክሳለሙዋን እውን ኣይምጸልኡን ግን ኣይከነሎምን ። ካብታ መንበር እቲኣ ኣቡናት ተተባሂሎም ንኢትዮጵያ መጺኦም እልፊ ባዕዳን ዘኅስሩዎም ክምዝነበሩ ግን ኣይፈልጡን ። ይዋእ ሓበሻ ወትሩ ንነገር እቱ ጸጽቡቑ ይርኣዮ እምበር ከክፉኡስ እንካብ ዓይኑ ምስ ተኸወለ እዩ ። እንካብኡ ቅሩብ ንባሕሪ ኣቢሎም ስጥጥ ኣቢሎም ደኃር ግን ናይ ኣፍሪቃ ደረት ደረት እናተዳረቱ ዴርና ናብ ዝተባህለ ናብቱ ዝወርዳሉ ከተማ በጽሑ ። እኒሆ ደጊምሲ ናብ ዓዲ ስብእነቶምን ንብዙኃት ከዓ ዓዲ ሞቶምን በጺሖም እዮም፤ እዙይ ምስ ፈለጡ እውን ነፍሶም ሽቍርር ቢሉ ቈርበቶም ግፍፍ በሎም ። ወረዱ ድኣ ። ኣቓሑቶም ጸዊሮምውን ገፊፍ እናበሉ ክኸዱ ሓጻ ምድረ በዳ ትሩቡሊ ቆለዎም፤ ክዓርፉ ቢሎምውን ድኳን ተኺሎም ኣባኡ ግምስስ በሉ፤ እቱ ባሕሪ ፍጹም ኣድኪሙዎም ነበረሞ ብኡ ብኡ ድቃስ ወሰዶም ።

ዕረፉ ኦ ንዕረፍቲ ዘይመጻእኩም ፍቁራን ደቂ ዓደይ፤ ዕረፉ ዕረፍቲ የድልየኩም እዩ ከመይሲ ብዙኅ ሥራሕን ጸገምን ክትጸሩ የድልየኩም እዩ ኣብዙ ርሑን ሃገር'ዙይ ። ኣዕራብንከ ኣማዕድዮም ርእዮም ነንሓድሓዶም ትርእዮዶም ኣሎኻ ‹እዙ ብገንዘብ ሕይወቱ ዝሸጠ ከልቢ ሓበሻ› ይበሃሉ ንግዶፎም፤ እዚኣቶምስ ጸላእትኹም ኣይኮኑን እኳ፤ ጸላእቲኹም ድኣ እንታይ ክብሉኹም እዮም፤ ግን ንስኻትኩምስ ዕረፉ ደኣ ።

## ቦታ ጸብእን መከራን ።

ብጸላእ ወዲ ጓና ምእንቲ ጓና ቢሉ
ኣይ ምእንቲ ሰቡ ኣይ ምእንቲ ሃገሩ
ኣብ ውግእ ዝመውት ኣበኡ ተቐቲሉ ፤
ክመውት እንክሉውን ብጥይት ሓሪሩ
‹ኦ ፍቅርቲ ሃገረይ ንዝሃብክኒ ነፍሰይ
እመልሰልኪ ኣሎኹ ተሓጕሸ እሰይ›
ብሞት ዝመውት ቢሉ ዘይክእለሉ
ይዋእ እዩ ኣካ እዝጊ ጸልኣሉ ።

እናበለ ሴዮፖርዲ ዝተባህለ ሓደ ውሩይ ቅኔታይ ጣልያን ደረሰ ።

እዙ ድርሳን እዙይ ካን ንእዞም ዓስከር እዚኦም ቢሉ ዝተናገሮ ይመስል ። እኒሆ እንካብ ዓዶም ንስድራኦምን ኣዝማዶምን ኣዕሩኽምን ገዲፎም ክንድዙይ ኣባሕር ተሳጊሮም ኣብዙ ደረቕ ዓዲ እዙይ በጽሑ ።

ኣንታ ዓርከይ እዙይስ እምበርዶ ዓዲ ሰብ እዩ ኣብዙ ሖጻ እዙይስ ሓቂ ሰብ ይሓድሮን ይነብሮን ቢሉ ትኣቦ ንሓደ ዓርኩ እዙ ነገር እዙይ ምርኣይ ገሪሙዎ ጠየቆ ።

እንታይ እሞ እበልካ ዓርኩ'ኺ ከምዛ ኽማኻ ዓይነይ ዝሃበኒ እርኣ ኣሎኹ እምበር ፤ ኣነ እንታይ ፈሊጠሞ ቢልካኒ በሎ ። ድኅሪቱይ ዝን በሉ ፤ ኣብቱ መላእ ጭፍራ እውን ሓደ ወስታኽ ሓደ ደርፊኽ በይኑስ ሕሽዅሽዅን ዘይምሉእ ዘረባታትን ጥራይ ድኣ ይስማዕ ነበረ። ኵላቶም ደንጊጾም ነበሩ ኣብ ገጻቶምውን ኃዘን ን ተስፋ ቍርጸትን ምጽላእን ጣዕሳን ጥራሕ ይረኣ ነበረ። ትርኢ.ት



ምድረ በዳ ፍጹም ዘደንግጽ ትርኢ.ት እዩ ፤ ሓንቲ ነነው እትብል እም ሓንቲ ልምዕቲ ጣዕሪ ሓንቲ ኣስር ማይ ዝብሉዎ እኳ ኣይር እየሉን ፤ ኣብ ቅድሜኻ ሖጻን ዲንደን ዝዕኽርን ኵምሪ ሓመድን በይኑ ይረኣየካ ። ቅድሚት ድኅሪት በል የማን ፀጋም ኵሉ ሓደ እዩ ። ምግፋሑ እንተርኤኻ ከም ባሕሪ ብዅሉ ነገሩ ግን ተጻይ ባሕሪ ። ኣብ ባሕሪ ዓሣታት ትርኢ. ድምጺ ማእበላት ትሰምዕ፤ ኣብ ምድረ በዳ ግን ድምጺ ሓንቲ ዑፍ ዝብሉዎኽ ፤ ዝነፍሩ ኣዕዋፍ ዝብሉወንከ፤ ዘይ ከምዙ መቓሎ ሓጺን ዝኽበዶ እዩ ዝመስል፤ ሰማይ ወትሩ ምስ ተቓልዐ ኣሰር ደመና ዝብሉዎ ዜልቦ፤ ፀሓይ ወትሩ ምስ መረረ ፤ ንፋስ ዝብሉዎ ትውዝ ዘይብል ፤ ዓቕልኻ ኣጽብብ የብለ ልካ ዓዲ ሞት ድየ ዓዲ ሕይወት ዘሎኹ ኢ.ኻ እትብል ። ወይ ኣፋ ላላይ ፤ ኩብቲ ልሙዕን ንፋስ ወትሩ ወልወል ዝብለሉ ፤ ዛራ ማያት ዘንዣሕጋርሕሉ ለምለም ምድሪ ኢ.ትዮጵያ ። ንዙይ ቢለ እየ ዝመ ጻእኩ እንቋዕ ከንኩ እርከባ ድኣ ፤ ዝብል ሓሳብ ንዅሉም መጸ ቶም ። ብሓረቖት እንትርፊ ንኽንፈሮም ምርምጣጥ ግን ካልእ ክገ ብሩ ኣይከኣሉን ። እንካብቱ ቅሩብ ደቂሶሞ ዝነበሩ ድቃስ ርሂጾም ተንሥኡ ፤ ሻዕቱይ ናይ ምንቃሎም መለኸት ተነፍሐ ፤ ከምዝተኻ እሎም ርሃጾም ሓናሲሶም ንምድሪ ኣቢሎም ገፊፍ በሉ፤ እንተኸነ ቅሩብ ከይከዱ ኣእጋሮም በቱ ሖጻ ተመሸለቒ ንቱ ዋዒ እቱይ ቅሩብ ክጸሩ ቢሎም እውን እናተሰራሰሩን እግሮም እናሓሰዩን ክኸዱ ዠመሩ ፤ ስኣኒ ዘለዎ ስኣኑ ኣእተወ ፤ ስኣኒ ዘይብሉ ዝገብር እንተሰኣነ ዘሎ ጨርቅን ዘለዎ ምኣረምያን ኣውጺኡ ኣብ እግሩ ዠንዠኖ ። ዘይጠቅም ጥበብ ፤ እሞ እዙ ሓዲሽ ስኣኒ እዙይዶ ንደት እቱይ ክኽልክለሉ እዩ ፤ ተገደርና ይበሃል ። ዘይ ረመጽ እዩ

እምበር እንታይ ኪበሃል ይከኣል ። ዘይሂዚ ሂዚ መሬት ዝበሰሉ
ማፍጢ እዩ ። ሓደ ጊዜ ይዝከረኒ ፣ ብገርሄይ እናጐየኹ ብሓደ
ማፍጢ ክሓልፍ እንከሎኹ ወዮ እቱይ ለካ ኣይጠፍአን ነበረ ። እግ
ረይ ኣብቱ ኃመኹሽቲ እቱይ ክሳብ ብርከይ ተዋኀጠ እሞ ሙኸ
ሉቕ ቢለ ወጻእኩ ፣ ኵሉ እግረይ ፋዕፋዕ ቢሉ ቜሰለ ። ክምዙ
ኸማይ እዙ ነገር እዙይ ዝረኸቦ እንተሎ ክግእ ይሕሰብ ፣ ዘይረ
ኸቦ ግን ብገርሂ ባዕሉ ክስተንትኖ ዝኽእል ነገር እዩ ። ብኸምዙይ
ዝበለ ጐልጐል ክስ ፣ ክንዲ ሓደ ማፍጢ ጥራይ ዘይኮነ ምንእሱ ፣
ደቂ ዓድና ይኸዱ ነበሩ ፣ ንሓደ መዓልቲ በይኑ ዘይኮነስ ንኽልተ
ዓመት ኣበእ ክነብሩ እዮም ። እቲ ንመኸልከሊ ቢሎም ገቢሮምዎ
ዝነበሩ ስእኒ ወይ ጨርቂ ግን እኳ ኣይጠቐሞምን ከመይሲ ንቶም
ሰብ ኣሣእን እቲ ሑጻ ብማእኸል ስራኸም እናኣተዎም ፣ ንቶም
ሰብ ኣጭርቕቲ ኸዓ መገመርያ ኵሉ እግሮም ዘይሕዝ ብምኳን
ካልኣይ ከዓ ኣተኣሳስራእ ሳንኩፍ ብምኳን እናሰተኹ ወዮ እግ
ሮም ከምዛ ጥራሑ ዝተረፈ ፣ እንታይ እሞ ኪበሃል ረኸቡዎ ድኣ
ብእዝጊ ዝወረዶም ።

ኣርባ ‹ካብ ሎሚ ዝነቀወ ዝብኢ ኣየስረረንን› ክምዚበሃል
ካብ ሕገር ክምዙይ ቢልና ዝተሣቐናስ ክልተ ዓመት ድኣ ኸመይ
ክንከውን ኢና ፣ ይባሃሃሉ ነበሩ ። ክልተ ዓመት ክልተ ዓመት ኣብዙ
ብረስኑ ናይ ምድሪ ገሃነም ዝኾነ በታ እዙይ ምስእ ኸዓ ክፉእ ንፋስ
እናነፈሰ ክም ሓርጭ ዝምድቃቑ ሖጻታት እናመጽአ ኣብ ዓይና
ምን እዝኖምን ኣፍንጫኦምን እናኣተወ ፣ ብእጅገኦም ብኽሳዶም
እናሰተኹውን ናብ ሰውነቶም ኣትዩ መከራ የጽግቦም ነበረ ፣ ብሓ
ጺር ኵሉ ሰውነቶም ሓዊ ኮነ ፣ ክሳብ ክብዶም ክይተረፈ እውን



ይኣትዎም ነበረ ክመይሲ ንሱ ምድቃቑ እዙይ ክበሃል ኣይክኣልን
እዩ ። እዙ ናብ ሃገራትና መጺኡ ኣእካልናን ሣዕርናን ዜሕርር ከብ
ትናውን ዜዕብር ክም ግመ ዝምርቃቑ ኵልና እንፈልጦ ጣቓ ዝበ
ሃል እንካብኡ ዝመጽእ ደቂቕ ሖጻ እምበር ካልእ ኣይኮነን ። ትር
እዩዎ ኣሎኹም መገዲ ኣሸሓት መዓልቲ ካብ ዝምርኃቑ ሃገር መጺ
ኡ ፡ እሞ በቱ ጽሩይ ንፋስናን ለምዕናን ዝኒሉ ኸሎ እኳ ናይ ምን
ቃጽን ናይ ምሕማምን ኃይሊ እንካብ ረኸበ ፣ የግዳ ኣብ ማእከል
ዓዱን መሠረቱን ኣብ ማእከል እቱ ዝፈልሓሉ ምድሩ ምስቱ ሃሩር
እቱይ ብዘይ ሓደ ጽላል ኦምን ቈጽልን ምስ ረኸበካ ከመይ ይኸ
ውን ። ክንደይ ዝሓሙ ኸምዝነበሩ ኣቦይገዚ በይኑ ይፈልጦም ክም
ዝወረዶም ምሉእ መዓልቲ ክይድ ድኅሪ ውዒሎም ኣማስያኡ ኣቢ
ሎም ተሳፈሩ ፣ ኣእጋሮም በሲሉ ተረሚጹ ነበረ ፣ ክዓርፉ ቢሎም
ቅሩብ ደሞም ምስ ረግኤ እውን ሮቕሮቕ ቢሉ ማይ መዓጐ ። ኣባ
ሉ ኸምዝኾነ ተገማሲሶም ኣብቱ ሖጻ ብዘይ መንጸፍን ብዘይ ከዳ
ንን ዕጣቖምን ክዳውንቶምን ከይፈትሑ ድቃስ ይኣ እንተ መጸም
ቢሎም ኣብ ባይታ ለም በሉ ። ንቶም ብበቕሊ ክኸዱ ዝወዓሉ
መኳንንቲ ጣልያን ግን እንከብ ዛዕጊ ለይቲን እንካብ ደሮናን ክኸ
ውሎም ተብሂሉ ድንኳን ተተኸለሎም ፣ ዓራት ተነጽፎሎም ማይ
ተቀረበሎም ። ብዝተገብረ ገባሪኡኸ መን ? ወዲ ሓበሻ መከራ
ዝዕድሉ ግዲ ። እቶም ካልኦትከ ዘይሕግዙዎም ኦሆይ ክኣላይ ጊላዋስ
ኣንጽፈለይ እንተበልክዮ ኣብርሃለይ ይብለካ ክምዝብሉዎ ምስላ
እዙ ኵሉ ምሕጋዘምን ደገፎምን ዝደሊስ ጊላዎኦምዶ ኣይኮነን።
እቱ ኣብ ማእከል ድንኳን ክይኖም ኣብ ዝተሰናደወ ጠረጴዛ ግርም
ዝኾነ ድራር እንክድረሩስ መን ድዩ ኣባኡ ደው ቢሉ ዘገልግሎም

ዘይ እቱ ለሸብ ክብል ዝወዓለ ብሓሳቦም ውሩድ ዝነበረ ወዲ ሓበ
ሻ ። ንጽባሒቱ እንክትንሥኡ በቕሎም ጽዒኑ ኣቓሑኦም ኣሰና
ዲዉ ክጸንሖም ዝደሊ ካብኡ ኃሊፉ መን ድዩ ። እሞ እንድዒ
እቱ ዝጕርምሲ ወዲ ሓበሻ ንፈረንገር ቐሪቡ ክንዲ ዘገልገሎ መጠ
ን ዓራቱ ከንጽፍ ከይኑ ጋሻ ዛግረኡ ክኸነሉስ ኮይኑ ጸብሒ ከገብ
ረሉስ ሽጋራኡ ከውልዓሉስ ኮይኑ ፤ ክንዳኡ እንካብ እቶም ብጸቱ
ክሳብ ፯ ሰማያት ዝበጽሐ ይመስሎ ። ስለዚ ሓደ ዘይጠቅም ደድ
ጎሪ ሓንቲ በቕሊ ግብጣን ናይ ፋንድያኣ ሽታ እናጸገበ ክኸይድ
ዝወዓለ ባልጠገር ኣብ ልዕሊ ጠርቡሹ ቆብዕ ግብጣን እንተ ተሸ
ከመስ ከምዚ ኣብ ልዕሊ ብጸቱ ዝነገሠ እዩ ዝመስሎ ዝነበረ። እብ
ኡ ናይ ምሸት ሃሩር ድጎሪ ኣቍሲሉዎምን ንፋስ ዘልዓሎ ሑጻ
ድጎሪ ኣጽጊቡዎምን ዛዕጊ ለይቲ እውን ትልግጽ ድጎሪ ኃዲሩሎ
ምን ንወጋሕታኡ ተባዒሎም ክልኣይ መዓልቶም ክኸዱ ነቐሉ ።
ወይ ሻቡ ንዝረኣዮም ገጾም መጽሊዉ ኣዕይንቶም ቀይሑ ከንፈ
ሮም ነቒጹ ነበረ ። ወዮም ብጠስሚ ዝተለከዩ ከመስሉ ወላህላህ
ዝብሉ ዝነበሩ ኣጕባዝ ኢትዮጵያ ብሓንቲ መዓልቲ ናብዚ ዕብራን
እዚዩ በጽሑ ። ሻቡ ንዝረኣዮም ሓደ ዘይጠቕሙ ዘጕናፋት ሃገር
እምበር ኢትዮጵያውያን ይኾኑ ዝብል ሓሳብ ኣብ ልቡ እኳ ኣይ
ምመጸን ። ኣብ ዓዶም ግን «እቱም ኣበይ ቀሺየ ፤ ዓገብ እንዶ ኣይ
ትብሉየ! ሓደ ጕበዝ ሰኣና ከይዶም ትሩቡሊየ» እናተባህለ ይብከ
ነበረ ። ይዋእ ትኣቢ ኣብ ገዛኻ ጸባ ዝሰትዮ ይስእን ጠስሚ ዝጸ
ብሖ ይስእን ፤ ስድራኻ ሃብቶም ንዝገብሩዎ ይስእኑ ንስኻ ግን ኣብ
ዚዩ ብዕብራን ትመውት ኣሎኻ ። እንካብ ሓደ መገሻ ምስ ኣቶኻ
ስድራኻ ብብሩህ ገጽ ተቐቢሎም ምርቓን በርከትን እናጽገቡኻ ፤



ኣብ ገዛኻ ማይ ውዑይ ንመሕጸብ እግርኻ ፤ ስዋ ወይ ጭልቃ ኣን
ጣጢዕ ንመጥለል ጽምኢኻ ልሳሉሰ ዓራት መደቀሲኻ ተሰናዲው
ልካ ይጸንሕ ልብኻ እውን ዓሪፉ ባህ ቢሉካ ትድቅስ ነበርካ፤ ሎሚ
ግን ክንድዚይ ለሸብ ክትብል ውዒልካ ኣበየን እዩ ምእታውካ። ምስ
ሕሱም ብዕራይ ውዒልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብሉዎ
ምስላ ክበጽሓካ እኒሆ ፤ ብጽቡቕ ገጽ ዝቕበለካ ፤ ድራርካ ዘሰናድወ
ልካ ዘደቅሰካ ሓደኳ ኣይትረክብን። ምስ ስድራኻ ዝነበርካዮ ጽቡቕ
ንብራ ፤ ሻው እዩ ኣጸቢቑ ዝዝከረካ ሻቡ ትምንይ ከተብሎ ኢኻ ግን
ኣይክትረኽቦን ፤ ኡፉየ ቢልካ እውን ንቲ ሓሳብ እቲይ እንካበኻ
ንምርኃቕ ክትጽዕር ኢኻ ።

ካልኣይ ምሸት ተሳፈሩ ፤ ለይቲውን ከምቲ ቐዳማይ ለይቲ
ግስምስም ክነ ። ምስ ጽምኢኻ ጥሜትን ሃሩርን ደርናን ድኻምን
ከምዚ ዝበልናዮ እናኸዱ ፯ መዓልቲ ምሉእ ገስገሱ መረሹ ።
መረሽ ዝብል እዚይ ሓዲስ ቃል ናይ ድኻሞም ምስክር ባዕላቶም
ዘውጽእዎ እዩ ። ሻብቱይውን ኣብቶም ጸላእቲ ዘለውዎ ስፍራ
ቀሪቦም ነበሩሞ እቱ ዝጎልቖም መኰንን ጣልያን ኣብ ፈረስ ቁጭ
ቢሉ ኣብ ማእከሎም ኮይኑ ኩሎም ክምዝሰምዑዎ ገቢሩ «ኣይዞኻ
«ኣጸሊም ዓስከር ኤርትራ ፤ እዞም ክትዋግኦም ኢትደሊ ዘሎኻ ጓዕ
«ት እዮም እምበር ከልእ ኣይኮኑን ፤ ጸዓዱ ምኺኖም ግዲ ያፍርሃካ
« ይኸውን እንተኾነ ከማና ኣይኮኑን ፤ መድፍዕ የቢሎም ብዙኅ
«ጥይት የቢሎም ፤ ከማና መነጽር የቢሎም ፤ ከማና ርኪት ያቢ
«ሎም ። ንሕና ጥራይ ኢና ንፉዓት ፀዓዱ ፤ ንሕና ጣልያን ጕይቶ
«ትካ ። ሕገር ኸዓ ባሎ ኣይትፍርሃዮ ፤ ኣጣል ኣግማል ኣሓ ኣእ
«ጁግ ኣበጌዕ እንተ ረኸብና ክብኤን ሓሪድካ ክትበልዕ ክንሀበካ

« ኢ.ና ። ግን ወርቂ እሞ ብሩር ወይ ከልእ ንእ. ዝመስል አቕሓ
« ረኺቡ ንኣኡ ዝኃዘ ግን ወይሉ.ኡ ፤ ሃፎን ኹርባጋ አብ ቅድሚ
« ኹሉም ብጥራይ መቐመጪ.ኡ ክልምጥጠ እየ ። ሕጊ ኸዓ ፤ ሰሚ
« ዓኩሙኒዶ ኵሉ አቕሓ አነ እየ ዋናኡ ፤ ጕይታኹም አነ እየ ዝረ
« ኽብኩሞ ንአይ ኢ.ኹም እትህቡኒ ። ንስኻትኩም አብ ትሕቲ ሰን
« ደቅ ዕላማ (ባንዴራ) ጣልያን ክይንኩም ብምውጋእኩም ደስ ክብ
« ለኩምን ክትኰርዑሉን ይግብኣኩም ፤ ንሕና መንግሥቲ ጣልያን
« ዓበይቲ ኢ.ና መራኽብ ባቡራት መዳፍዕ ጠበናጕ ነፈርቲ ባቡራት
« አለዋና ፤ ምእንትዙይ አጸቢቕኩም ክትዋግኡልና ግዲ እዩ
« ሕጊ ከዓ ኵልኻትኩም ከምዙ አነ ዝብል ቪቫ ኢ.ጣልያ ፤ አማ
« ኑኤል ንጉሥና አቪቮ ቢልኩም ጨረሑ » ቢሉ ነገሩ ፈጸመ ።
እዙይ እዩ ንቶም አብ ውግእ ዝቀራረቡ ዝነበሩ አጕባዝ ሓበሻ
ዝንገር ቃል ። ብገንዘብ ዝተሸጡ ወተሃደራት ድኣ አይኮኑን ። እን
ካብኡ ዝዓቢ ቃላት ኪሰምዑ ምአስ ይግብኣቶም ። ንሱ እንክናገ
ሮም ከም̲ዙ ኻልእ ማንም አፍሪቃ ፤ ዓደቦ እንታይ ከምዃኑ ዘይፈ
ልጡ ፤ ምእንቲ ዓዶም እውን ንሳቶም እንተ ዘይኮነስ አቦታቶም
ብዙኅ ጊዜ ከምዝተራኹዑ ፤ ሓበሻውን ጩዋ ልቢ ከምዘለዎ ብዙ
ኅ ነገራት እውን ከምዝሓስብ ፤ ጽሩይ ስምን ጋርግንነትን ደልዩ እዩ
በር ምእንቲ ክልተ ፈረንካኡ ከምዘይመጸ አይፈልጥን ነበረ ።

አብ ውግእ ዝቀራረብ ወተሃደር ድኅነታ ወይ ዕብየታ ንዓዱን
ንወለዱን ንሰበይቱን ንደቁን እንተዘይተሰምዑሉ ፤ ብልቢ ከምዘይዋ
ጋእ ንፈልጥ ። አብዙ ነገር እዙ ሹመይና ጣልያን እንክ ሓደኳ ንዙይ
ዝትንኪ አይነበሮን ከምዙ ካብ ዘይፈልጥ ስፍራ ቈላዑ አኪብካ አም
ጺእካ ሓደ ነገር ክገብሩልካ ከምትገንሖምን እናሸምጠጥካ እው



ከምትንእዶምን ፤ መንፍዓትካ ኹሉ እናውረኻውን ከምተደራርዮ
ምን ከምኡ ቼጺ.ሩዎም ነበር ። አብ መወዳእታ “ ቪቫ ኢ.ጣልያ ”
በሉ ምስ በለንከ እቶም ኵሉ ዘይሓስቡ ብጋውሕታ ዝጥዕም ድም
ጾም ፤ ኡእ እናበሉ “ ቪቫ ” እንክብሉ ፤ እቶም ለባማት ፤ ምስ
ኦም ከዓ ትኳብ፤ ሕንቕንቕ ቢሎም ምረር ንብዓት ነብዑ፤ ከመይሲ
እዙ አብ ላዕሊ ዝበልናዮ ነገራት ናብ ሓሳቦም መጸም ። ምስ እቶ
ም ዓዶም ከድኅኑ ዝቀራረቡ ዝነበሩ ጓሶት አብዳው ንርእሶም እን
ተጠማመቱ እውን ሕንኽ ይብሉ ነበሩ ። ሰብ ምድረበዳ ብዙኅ
መንፍዓት የቢሎምን አብ ውግእ ። ጠበናጕ ብዙኅ አይርህዎምን
ነበረ ፤ ጠያይት ዝገደደ ፤ ንጉሥ የቢሎም ሹመና የቢሎም እንከለ
ዉስ፤ ብዝከአሎም ንታ ዓዶም እንካብ ኢ.ድ ጓና ከድኅኑ ይዓጥቁ፤
ሓበሻ ግን አብ ዓዱ ንጣልያን ክኣትዉ ሱቕ ቢሉ ርእዩዎምስ ፤
ከም ልቢ ዘይቢሉ እንስሳ እናሰገደ ተገዚ.ኡዎምስ ፤ እዙይ ክይኣ
ኽሉ ከዓ ንቶም ንዓዶም ክከላኸሉላ ዝደለዩ ሰባት ክዋጋእ ይቕ
ረብ አሉ ። ተገዛኢ.ን ንኻልእት ክገዝእ ኸዓ መጋበሪን ፤ ንእ ሓን
ቲ አይክትአትዎ ፤ ዓዱ ሓንቲ አይክጥቀመሉ ፤ ንቶም ደቂ ምድሩ
ሽሕኳ ርጉቓት እንተኾኑ ፤ ደቂ አፍሪቃ ምዃኖም ዘይተርፎም
ጕረባብቱ ከግዝእ እዩ ዝመጸ ። ንሳቶም እንካብ ጥንቲ ዘመን ጸላእ
ትና እዮም ምስ ጣልያን ኮይንና እንተ ተዋጋእናዮም እውን ድሓ
ን ፤ ጸላእትና እንካብ ምድሪ እንተተደምሰሱ ይሓይሽ ዝብል
ግዲ አይስኣንን ይኸውን ፤ እንተኾነ እዙ ንስኻ ንኻልእት እትገብሮ
ዘሎኻ ፤ ሓደ መዓልቲ ከምዝወድቀካዶ አይትፈልጥን ፤ ጣልያን ወይ
ፈረንሳዊ መሪሑዎም ንአኻ ኽዋጋኣካ ምስ ዝመጽእ ከመይ ዝበለ
ሒነ ክፈድዩኻ ከምኳኖም አይትፈልጥንዶ ። አዕራብ ንደቆም ው

ልድ ክብሉ ክለዉ እቶም ደቆም ከዓ ንደቆም፤ ክትርስዕ ክትርስዕ
ደም ሓበሻ አይትረስዕ ክምዝብሉዎም ደምነት እዙይ ንዘለዓለም ክት
ተኽሉ ክምዝኽንኩም አይትሓስቡንዶ። (፩) ብዓል ትኳበ ክምዙይ ቢ
ሉም ናብቱ ጸላእቲ ዘለውዎ እንክኆዓዙ፤ በቱ ሓደ ወገን አዕራብ ንዘ
ም ጸለምቲ ሽዩጣት ንዘም ዓብድ ማሳዋሕ (በራዩ ምዕዋዕ ማለት) ክዋ
ግኡ ይቀራረቡ ነበሩ። ንሳቶም ክምዙ ኣብ ዓድና ዘለዉ ትግረ [እሞ
ሳሆ ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናተጓዓዙ፤ ኣብ ቷወን ዘለዎ ኸይ
ዶም ማሎም ዘብልዑ ጓሶት ዘላን'ዮም ። ጥሪቶም አድጊ ገመል በጊዕ
ጤል ፈረስ እዮም፤ አፍራሰም ስሙያት እዮም ፤ ብጋልበ ንፋስ ብዘይ
ምድክም ከዓ ኃጊን እዮም ዝበሃሉ ። አውራ ዝጠቐሞም ማል ገመ
ል እዩ፤ ንሱ ካብ ሓደ ናብ ሓደ ክኸዱ ኣቓሑኦም ጥርፍ አቢሉ
ተሰኪሙሎም ይኸይድ ፤ ማይ ብዙኅ ዘይጸምእ ብምኳኑ እውን
(ወርኂውን ይአ ይጸንሕ እዩ ክይሰተየ) በቱ ነቕጻም ሃገራት እቱይ
ዋናኡ ተሰኪሙ ናብ ዝደለዩ ስፍራ የብጽሖ ፤ መሓመድ ዝባረኸ
ማል እዩ ዝበሃል እሞ ፤ ምእንትዙይ ብመንፈሳውነት እውን የጥር
ይዎ እዮም ፤ ስለዚ ይኺውን ከስ ኣብ ሃገርና እስላም እምበር ክር
ስቲያን ዘየጥርይዎ፤ ጸቡ ገመል ዝሰተየውን ከምዝመስለመ እዮም ዝቑ
ጽሩዎ ። ሓደ ጊዜ ይፍለጠኒ አነ ብእንሽቶይ ምስ ሓደ ብዓል ገመ
ል ተራኸብኩ እሞ ሓሊቡ ሓሊቡ ኣብ ሓርቢ ገቢሩ ክሰቲ ረኤ
ኹዎ ‹ሓሊብ ገመል ሰኒቱ ግመ “ቢለ ጠየቕኩዎ ፤ አር ፤ ትሓዘ
እና ግል ሃይበካ ንዓ” በለኒ፤ አነ ኸዓ ውጥምና ኸይተርፍ እስኪ ድአ
ጸባኡ ክጥዕም ቢለ ምስ ቀረብኩ እቱ ጓሳ'ቱይ ክንፈር እቱ ሓርቡ

(፩) እዙይ'ውን ብ፲፱፻፳፰ ኣብ ሓመይ ዚበሃል ቦታ ንሥራሕተይናታት ምስ ቀተ
ሉሉ፤ ጣልያን ነኣዕራብ ሹት ቢሉ ንሓበሻ ቶኅለቐም ።





ሙጭ ቢላ ዝነበረት ፤ እንኩብ ዘለዓለም ጥንቲ
ኣብ እግሪ ወዲ ጓና ፤ እኳ ዘይትሕቲ
ሰላም ንእኺ አ ኢትዮጵያ ቅድስቲ ።
ድኃን ኩኒ ፤ ንአይ ዘክርኒ
ንእኺ ኸድኅን ፤ ዝተንሣእኩ
ምኸሪ ግብጻዊ ፤ እኳ እንተሰወረኒ
መወዳእታ ሥርዓተይ ፤ እኳ ዘይረማዕኩ ።
አ ኹሉ ዝከአለካ ፤ ኣብ ሰማይ እትነብር
ብሓደ ወስታኻውን ፤ ንዓለም እትገብር
እግዚአብሔር አምላኸ፤ ዘለዓለማዊ
መኻመርያ ወይ ደኃር ፤ ዘይቢልካ ጥንታዊ ፤
ንሃገረይ አባኻ ፤ አማኅጽና አሎኹ
እምላኸ አቦታተይ ፤ ቢላ ንትሰምየካ
ኣብ ኢድካ አቐሚጠውን፤ ኅድሪ እህበካ አሎኹ
ብምሸት ብምጉሓት ፤ እትኸብር ንስምካ ።
አነ ገብርኻ ፤ እቱ ትሑት ባርያኻ
ኮብ መገዲ ሓቂ እኳ ፤ ቐደም እንተተአለኹ
ሕጊ እሰናዶ ፤ እመጽእ ናባኻ
ክንዲ ሃገረይውን ፤ መሥዋዕቲ አቕርብ አሎኹ ፤
ኮሉ ቐጥዓታትካ ፤ ናብ ርእሰይ አኅልፎ
ምእንቲ ዓደይ ቢሉ ፤ ኵለንትናኡ ንዝውፎ
ትዮድሮስ ገብርኻ ፤ ብሰላም አዕርፎ ።
ንስኺንከ አ ሽጉጠይ ፤ መወዳእታ ብጸይተይ
ኣብ ጸገመይ እትረድኒ ፤ አ ርኅርኅቲ ኃውተይ

እንኩብ ብርነት እተድኀንኒ ፤ እምንቲ ሓጋዚተይ
ንዲ ቕረቢ ውጺ ፤ ንዲ እንካብ ቅናተይ
መወዳእታ ጊዜ ፤ ኽጸቕጣኺ አጻብዕተይ ።
ኦ አምላኽይ አብ ኢድካ ንነፍሰይ አማኅጽና
ብዓቢይ ምሕረትካ ፤ ባዕልኻ አድኅና
ባዕላ እትመጽእ ዘላ ፤ ተኹኒና ፤ ትሒታ
ትእመን እውን አላ ፤ ናይ ቀደም ስሕተታ
በዙ መሥዋዕቲ እዙይ ፤ ትልምነካ ይቕረታ ።
ንስኺ ኽዓ ሃገረየ ፤ አባኺ ዝተወለድኩ
ንአቦይዝጊ ምፍታው ፤ ንምኽባሩ ዝለመድኩ
መወዳእታ እስትንፋሰይ ፤ ንስኺ ተቐበሊ
ተቐቢልኪውን ፤ ንአዕጽምተይ አንቢሪ . . .
እንተ ንስኻንከ ፤ ኦ ኃና ጸላኢ
ክንድዙይ ጫውጫው እትብል ፤ ከም ሓደ ሳዕሳዒ
ርኤ ፤ ኢትዮጵያዊ ንጉሥ ፤ እንድኀሪ ስሒቱ
ርኤ ፤ ከመይ ቢሉ ኽምዝጸንሓካ ብስብእነት . . . ሞይቱ ።

(እዙይ ምስ በለ መጋረዣ ብኡ ብኡ ይዝርጋሕ

---



አቕረበለይ ፤ አነ ምዕጕ አበልኩ ፤ ክውሕጥ ጋርምር ምስ አበልኩ እውን ነፍሰይ ስኽፍክፍ ቢሉኒ ብጭ በልኩዎ ። ወዮ ሰብአይ ጎ'ቱ ቅዱስ ጸባእ ዝደፋእኩሉ ደስ ኣይበሎን ፤ "እህ" ቢሉውን አኸንፍር አበለለይ ፤ በይንና እንተ ንኸውንሲ ቍጥዓኡ መውጸአለይ ፣ ነቢሩ ይመስለኒ ፤ ግን እቱ በረኻ ጽሙዋ አይነበረን ፤ ዝገድድ ግን ንዳኅራይ መጸልኩም ። ጎዘይ ምስ አተኹ ናይ ስብእነት ነገር ይአ ኀቢረስ ነዶይን ንኃውትይን ነጊርኪ ምግዳፍ ፤ ክበልዓኒ ቅሩብ ተረፈን ፤ አንታ ዓንዣል አንታ ሕማቕ ፤ አንታ ዓሻ ዘሎ ዝኾነ ጸርፊ አሰከማኒ ፤ አነ ኸዓ ወይ ኃጢአት ምኺኑ አረድአኒ ወይን ከዓ ብምንታይ ምኽንያት ከምዙይ እትብላኒ ምባል ፤ አባኡውን ብቱ ቅሩብ ናይ ትምህርተ ክርስቶስን ናይ ወንጌልን አፍልጦ ዝነበረኒ በ...ል ምባል ፤ ዘቕረቡልኩም ብልዑ ፤ ካብ አፍ ዝወጽእ እምበር ብአፍ ዝአቱ አይኮነን ንሰብ ዘርኵስ ዝብል ጥቕስታት ወረደ ፤ አደይን ኃውተይን ንአኡ ዝስዕር አብነታት ከምጽአ ኺኸ ምባል ፤ አዕራፍ ዝዓመሙዎም ሰባት ናብ ዓዶም እንከምለሱ ፤ ካልእሲ ዝገበሩና የቢሉዎምን ጾባ ገመል ድአ አመንጊኅም አስቲዮምና እምበር ዝበሉ እኳ ክንደይ ርቕየትን ጾሙትን ዘድለዮም ፤ ንስኻ ግዳ አይ ጠሚኻ አይተኃይልካ ዝገበርካዮ ነገር እንታይ ከምዝኾንካ ሕሰብ በላኒ ። ወዮ ብሳላ ዝተማህራ ምኺን ድአ ብዙኅ ነገራት ሸለል ቢለ ንአ ነበራ እምበር እንተዘይኸናስ አደይ ክልተ ቒነ ወይ አብ እ- አባ መጣዕ ወይ ከዓ አብ ካልእ መንጫዕጫዕታ ክትሰደኒ ብዙይ ከምዝተሃወኻ ምስ ርኤኹ ፤ አደዋ ፣ ሰትዪ ዝብለኪ መዮ ማለት እየ እምበር ምእስ አውሬደዮ በልኩዋ ፤ ሽበ- በዥዃ ድፍእ የብሳኒ ገባር ወደየ ሱቕ ቢሌኸ እየ ትቕ

ሰኹኺ ቢላ ስዕም ኣበለትኒ ፤ እንካብኡውን ተዓረቕና ። እዙ ኹሉ ታሪኽ ፤ ጸባ ገመል ክንደይ ዝፍራህ ክምዃኑ ዜረድእ እዩ ። ኣብ ትሩቡሊ ግን ንሱ ኽምዝኾነ ቀለቦም ኣይፈለጥናን ነበርና ። እዘም ብምድረ በዳ ኣብዳው ዝተባህሉ እዚኦም ዓዶም ንቑጽ ብምዃኑ ማይ ውን ሓጋዩ ምስ ክረምቱ ዘይነጥበ ብምዃኑ ብዙኅ ዘራእቲ የቢሉ ምን ፤ እተን እንስሳታት እቲኤን እንተዘይህልዋኦም እውን ጥሜት ምሞቱ ይመስለኒ ፤ ግን ኣበይዝጊ ብዅሉ ኣይድርብየከን እዩ ። ኣውራ ኣብ ዓዶም ቀሩብ ማይ ዘለዎ ስፍራ ዝበቍል ኦም ተምሪ እዩ ፤ ንሱውን ዓይነተይና መግበም እዩ ። እንካብኡውን ንቱ ዕጸ ይቱ ኣንኩሎም ዘስከር መስተ ይገብሩ ። እንተ ድኣ እቱ ዓይኒ ማይ ዘለዎ ስፍራን ከዓ ጉድ እዩ ፤ ገነት ድየ ዘሎኹዎ ምድሪ ኢኻ እትብል ይብሉ ። ንሳቶም ዝበዝኅ ጊዜ ኣብ ጥቓ ከምዙይ ዝበለ ስፍራ እዮም ምንባሮም ፤ ነጋዶም ከኣ ኣባኡ እዩ ምኅዳሮም ፡፡

ዓረብ ትውልዶም ደቂ እስማኤል ወዲ ኣጋር ኣመቱ ንኣብርሃም እዮም ፤ ኅብሮም ዝበዝኅ ቀያሕቲ እዮም ፤ ግን እቱ ሃሩር ቀሩብ ንቱ ገጾም ኣጸልም ምስ ኣበሎ እዩ፤ መልክዖም ሠናይ እዩ፤ ቁመቶም ኣብ ምንዋሕ ኣቢሉ እዩ ፤ ኣንስቶም ከምዘን ኣብ ዓድና ዘለዋ ሰብ መታሕት ዝኸደንኦ ኣከዳድና እየን ዝኸደና ፤ ወትሩ እትጐልበባ ብምዃን እውን እንካብ ሰባኡተን ኣቁሊጸን ይቑይሓ ። እረገውቶም ኅፉራት ሰብ ግርማ ጭሕሞም ዘው ዝበለ ፤ ቑላዑኦም ደፍጫጫት ድምሉቕሉቕ ዝብሉ ጽጉባት ጸባ እያቶም ። ሰብኡት ክዳኖም እንካብ ርእሶም ክሳብ ዅርዅሮ እግሮም ምስ ተጨፍነኑ እዮም ፤ ዕማመት ኣብ ርእሶም ይገብሩ ፤ ምስኡ ኽኣ ብቱ ነጸላኦም ይጕልበቡ ። ሓደ ዓረበታይ ወይ ከዓ ካልእ በደው ጥራሕ ኢዱ



ክኸይድ ምርኣይ ከም ዕፁብ እዩ ፤ ጠበንጃ እንተዘይረኸቡ (እን ካብ ኩሉ ዝፍተዎም ጸር እውን ንሱ እዩ) ወይ ኵናት ወይ ሰይፊ ወይ ጸልቋ ኂዞም ይኸዱ ፤ ወትሩ ፤ ዝከኣሎም እንተ ድኣ ኾነ ፤ ማለት እቶም ሰባኡት ዝመሰሉ፤ ኣፍራስ ተወጢሖም ይኸዱ ። ጠባ ለትዮም ብሓቂ ዘይምስጉናት እዮም ፤ ዘይእሙናት ከዓዕቲ ተቐየምቲ እንተ ድኣ ጠዓሞም ዘይመሓርቲ ጨካናት እዮም፤ ምስ ሓደ ዓረብ ተወዓዒለ ኣብ ውዕሉ ረኺበዮ ማለት ሓሶት እዩ፤ ዝመሓሉ ምሒሎም ፤ ኣሚንካዮም እንተ ኸድካ ስሒቕም እዮም ዘፋንዉኻ ፤ ኣዕይንቶም ሰም ከየበሉ እውን ዋላህ ዘይፈልጠካ ምባልካ ኣየኅፍሮምን ቢሎም ፈረንጂ ይጸርፉዎም ።

ንዙ ኹሉ ዝደላደል ጽቡቕ ነገር ከዓ ብዙሕ ኣለዎም ፤ ሃይማኖቶም ቀጥ ኣቢሎም ምስ ኃዙ እዮም ብዝኾነ ይኹን እውን ጸሎቶም ኣየብኩሩን ፤ ምስኦምኳ ትዛረብ እንተሎኻ ጥንጥን ኣቢሎምኻ ናብ ስግደቶም እዮም ዝኣትዉ ፤ ከምኡ ከልእ ሕዝቢ ኣይምገበረን ፤ ንጋሻ ተቐበልቲ እዮም ፤ ኣብ ርእሲ እዙይ ከዓ እቱ እንካብ ኵሉ ዝበልጽ ናይ ነጻነቶም ፈተውቲ እዮም ። ወትሩ ኣብ ኣበይዝጊ ምስ ተኣመኑ ፤ ዝኾነ እንተ ኾነ ንሳቶም ግዲ የቢሎምን፤ ምእንትዙይ ሥራሕኳ ምሥራሕ ንኸብዶም እንተ ኾነ እውን ግዲ ኣይሞቱን ፤ እዚ ግዲ ዘይሙማት እዙይ ብዙይ ጥርጥር እንካብ ሃኬቶም ዝመጸ እዩ ፤ ከመይሲ ሃካያት ይኡ እዮም ። ንዙይ ዘረድእ እውን ሓድሓደ ታሪኽ እኒሆለ ፤ ታሪኻቱን ነገራቱን ካብ ሓደ መጽሓፍ ወረ ብጣልያን ዝተጻሕፈ ዝቐዳሕኩዎ እዩ ። ሓደ ሰብኣይ ሰበይቱ ክትወልድ ምስ ቃረበት ናብ ሓደ ጸራቢ ኸይዱ ገንዘብ ሂቡ በዝኻ ቀልጢፍካ መደቀሲ ቈልዓ ሥርሓለይ በሎ ፤ ሕራይ ቢሉ

ተቐበለ ፤ ተመሊስካ እንተገደፍካስ ኣልቦ ፤ ካልኣይ ሣልሳይ እንተ
መጻእካስ ቅብጭ፤ "ኣይገበርኩዎን" ይብሎም፤ ወይ ቜልዓ ተወሊዱስ
እግሪ ተኺሉስ ዓብዩስ ወዲ ፭ ዓመት ክዊኑ ድኅሪ ተመርዒዩ
ነቦኡ ፤ "ኣቦ ሰበይተይ ክትወልድ ደልያ እሞ ፤ መደቀስ ቜልዓ የድ
ልየኒ እዩ" በሎ ፤ ኣቦኡ ኸዓ "ንስኻ ክይተወለድካ ንእኻ ዝኸውን
ንእከላ ወዲ እከላ ሥርሓለይ ቢለዮ ነቢረ እየሞ ሎሚስ ሠሪሐዎ
ይኸውን እዩ ኪድ ወደይሲ ካብኡ ኣምጽኣዮ" በሎ፤ ኬድካ እንተ
ገደፍካ ወይ ጸራቢ ‹ኣረ እንታይ ኢኹም ክንድዙይ እልበተይ እተ
ጽግቡኒ ፤ ኣነ ቀልጢፍካ ዝግበር ሥራሕ ኣይፍተወንን እዩ ፤ ሕጂ
ኸዓ ክሠርሓልካ እንተዘይደሌኻ እንካልካ ገንዘብካ› በሎ ፤ ብ፭፩
ዓመት ዝሃቡዎ ሥራሕ ክይፈጸመ ጸንሐ ።

ከማኡ ኸዓ ኣብ ሓደ ገዛ ሰብኣይን ሰበተይን ክፍ ቢሎም ቃሊ
ቦም ስትይ ድኅሪ ኣምሲዮም ፤ ሰበይቲ ድራር ገቢራ መጸት ፤ ድራ
ሮም ግርም ነበረ ፤ እቱ ማዕጾ ክይዓጸወት ክንዲ ዝረሰዓቶ እንክ፤
ንሰብኣያ ሕጂስ ክፍ ቢለ እየሞ ኪድ ንስኻ ዕጸዎ በለቶ፤ ‹ባዕልኺ
እንተደለኺ ዕጸዊዮ›፤ ‹ንስኻኸ ዘይትዓጽዎ› ንስኺ እባ ዘይትዓጽዊዮ
ክበሃሃሉ ነዊሕ ድኅሪ ተኻሊሖም፤ ወይ ሰብኣይ በሊ ፉጥማ ዘረባ ክየ
ብዛኅናስ ሱቕ እሞ ንበል እንካብ ክልቴና ቅድሚት እተዛረበ ይዕጸዎ
ብላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ማእዶም ኣብ ቅድሜኦም ተቐሪቡ እንከሎ ወስ
ኽይበሉን ክይተዛረቡን ቃሊቦም ቡቕቡቕ እናበሉ ሱቕ በሉ። ሽብ
ቱይ ሓደ ለማኒ መጺኡ "ሃብቲ ውህበት ረቢ እዩ ሕጂ ኸዓ እንክ
ብኡ ንኣይ ንመንገይደና ትኹቡለይ" ቢሉ ለመነ ፤ ሓደኽ እንተገ
ምልሰሉ ፤ ኣንቱም ገዛ ርጉማት ኢኹም ይርዳእካ እኳ ኣይበልኩ
ምንን ቢሉ ባዕሉ ተደርገመ ፤ እቱ ኣብ ቅድሚኡ ኣቦይዝጊ ዘጽን



ሓሉ ማእዲ ዝነበረ እውን በል ቢሉ በሊዑ ፤ ጸጊቡ ፤ ንቱ ሥጋ ፍሒ
ቔ፤ ኣዕጽምቱ ናብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ኣንጠልጠሎ ፤ እዙ ኹሉ
ክገብር ሓደ ዘረባኸ ። ንሱ ተበሊጹ ክብዱ መሊኡ ወጸ ። ብድኅ
ሬኡ ሓደ ከልቢ ትሙስሙስ ክብል ናብቱ ገዛ መጸሞ ፤ ተራኒዉ
ምስ ረኣዮ ኣተወ፤ ውጻእ ዝብሎ ዘይቢሉውን ኣብቱ ውሽጢ ህሙ
ስሙስ ይብል ነበረ ፤ ደኃር ናባኦቶም ቀረበ ፤ ዘይዛረቡ ምስ ረኣየ
ነፍሱ ኣሚኑሉ ወይ ኣብ ክሳድ እታ ሰበይቲ ተኣሲሩ ዝነበረ ኣዕ
ጽምቲ ርእዩ ፤ ክበልዖ ውጥም በለ፤ ሽዑ ወያ ሰበይቲ ኪድ ኪድ
ቢላ ሰጕጎቶ ። ሰብኣያ እናሰሓቐ "ተናጊርኪ፤ ኪዲ በሊ ዕጸዊዮ„
በላ ። ሓቕኻ ተዛሪበ ክዓጽዎ እኸይድ ቢላ ዓጸወቶ ። ብጥሜት
ዕኹልል ቢሎም ክብዶም እናሓሰዩ ኃደሩ ፤ ንምኅሒቱ ሰብኣያ እና
ላገጸላ፤ ርኢኺዶ ወይዘሮ ፋጥማ ምሳና ምስ በዓል ኣያኺ ይኣይ
ክትዋረዲ፤ ኣነ እኳ ኣይተዛረብኩን፤ ንስኺ ግን ተዛሪብኪ በላ ።
ሓቕኻ ተዛሪበ፤ ግን እቲ ኸልቢ እቱይ መጺኡኒ እንተዘይኸውን እኳ
ኣይምተዛረብኩን ነቢረ ፤ በለቶ ። ክምዙይ ቢሎም እታ ትንሥእ
ቢልካ ማዕጾ ምዕጻው ተሃኪያቶም ጸሞም ኃደሩ ።

ከማኡ ኸዓ ሓደ ሰብኣይ በለሱ ክቕንጥብ ምስ ወፈረ ፀሓይ
ወቒዑ እንተገደፎ ተጸሊኡዎ ‹ኢና ሊላሀ› እዚኣስ ምስ ረቢ ድኣ
ንጸንሓ እምበር ክምዙይ ቢልካስ ኣይሥራሕን ቢሉ ኣብ ጽላል ተቐ
መጠ። ሽቡ ሓንቲ ሰበይቲ እናበኸየት ክትሓልፍ ረኣያ ። ንሱ ሓደ
ጋዕጋዕ ኣረጊት ነበረ ፤ "እንታይ ኮንኪ ኢኺ፤ ጓለይ" ቢሉ ሓተታ፤
"ውሉድ ስኢነ ፤ ኣቦየ ፤ ሰብኣየይ ከዓ ወትሩ ይወቕዓኒ ክይፈትሓ
ኒን እሞ ምምናን ኣብዩኒ" በለቶ። "በለሰይ ድኣ እረይለይ እምበር
ኣነ ውሉድ ኣውህበኪ„ በላ ፤ ሕራይ በለቶ ። ክትኣርየሉ ምስ ከደት

እውን ንሱ ንቱ ጥርቡሹ ኣውጺኡ ሰኪኑ (ካራ) ገቢሩ ንቱ ረር ስሓቱ ቅርፍ ኣቢሉ፤ ወዲኣ ምስ ተመልሰቶ «እንኪ ንዙይ ብግይ በጽቢቢጽኪ ስተዩዮ» ቢሉ ሃባ ። ንሱ እንከ ቀታሊኣ እምበር መውለዲኣ ኣይኮናን ። ርኣዩ ትህኪት ናበይ የብጽሖም ።

ከምዙይ እዩ በሉዎ ጠባይ ዓረብ፤ ሎሚ ግን ሓደ ጸላኢ ወተሃደር ይመጸኩም ኣሎ ም ስበሉዎምስ፤ ትህኪቶም ገዲፎም ናብ ውግእም ይዕጠቑ ነበሩ፤ ኣብ ማእከል ዝንቅዋ ኣባጊዕን ኣጣልን ኣጽዋሮም ዘማእዛዝዉን ጕራደኦም ዝስሕሉን ጠበንጃኦም ዝወላውሉን፤ ሥርዓት ኣፍራሰም ዝተበትከ ዝኾነ ዝሰፋፍዩን ምርኣይ ክንደይ በበይኑ ዝኾነ ነገር እዩ፤ ኣብ ማእከል እቱ ሀድኣት ምኅዳር፤ ናይ ውግእ ጫውጫውታ ፤ በቲን ኣሳብኡት ሓኽትከት ዝብሉ፤ በቱይን ኣንስቲ ንብዓተን እናሓሰሳ ስንቆምን ኣቓሑምን ዝቐራርባሎም ፤ በቱይን ቈላው ኣቦታቶም ከዕገርግሩ ብምርኣይን ኣደታቶም ከበኽያ ብምስማዕን ጫጭ ክብሉ፤ በቱ ኣኽታት ንሕናውን ንዘም ካፍር ክንዋግኦም ኢና እናበሉ ክፍክሩ፤ በቱይን ዓበይቲ ሽማግለታት ኣይዘኹም ደቀይ እናበሉ ኺደራርዑ፤ በቱይን ገሊኣቶም ሽኻት ንመዲና ኣቢሎም ገጾም እንካብ መሓመድ ረድኤትን ስዕረትን ክሀበም ክልምኑዎን፤ ብሓደ ወገን ከኣ ኣፍራስ ክሕምሕሙ ርእዩ፤ ልቡ ዘይለዓዓሉ ሰብ ፤ ኣቦይዝጊ ልቢ ኣይፈጠረሉን ማለት እዩ ፡

ብኹሉ ድኅሪ ተሰናዳዎም ንቐል ንቐል ከኑ፤ ደቆምን ወለዶምን ኣገማዶምን ስዒሞም፤ ፈረስ ዘለዎ ናብ ፈረሱ ፈረስ ዘይቢሉ ኸዓ ብእግሩ ኺይኖም ነቐሉ ፤ እቶም ኣውራ ተባዓት ቀቅድሚት እና ኸዱ "ላኢላሀ ኢላሀ መሓመድ ራሱል ኣላሀ„ ዝብል ደርፎም ሒጊን እናበሉ ይኸዱ ነበሩ። ሓደ እንካባኣቶም ኣይዘኹም ደቂ ዓድና እዝም



ካፍር እዚኣቶም ከዓ ሎሚስ ናብዙይ መጺኦም ንኣና ክደፍሩና ኣይኻገር እኳ እዙይስ፤ ደቂ መሓመድ ናብ ክልእ ዓዲ ኺይዶም ይገዝኡን ይዘምቱን ነበሩ ይበሃል እምበር ፤ ክልኣት እንካብ ክልእ ሃገር መጺኦም ይዘምቱዋቶም ነበሩ ኣይበሃልን ። በቦታትናን በባ ሓጎታትናን ዘይተገብረ ነገር፤ ሎሚ በኣና ኣይገበር፤ እምበኣር ሎሚስ ኅፍረት ንበል፤ ሓደው ዓድና ኣውጺእና ሓደው ኣባኣ ተቐቢርና ፤ ሰብና ወይ ናይ ስዕረትና ምልክት ኺዝናሎም እናፈከርና ምእታ ዎም ፤ ወይ ከዓ ወረ ሞትና ምስማዖም ፤ ሓንቲኣ እያ ይብል ነበረ። በዙ ባህሊ እዙይ ተለዓዒሎም ኵላቶምውን ኣይዞ እናተበሃሃሉ እንደገና ኣድሚቖም ይደርፉ ነበሩ ፤ ጕራደኦምን ሰይፎምን መመ ዚዘም እውን እናምበጥበጡዎ እዚኣ ሎሚ ብደም ሓደ ክልቢ እን ተዘይቀዲሰያስከ ሰብኣይ ኣይትቝጸሩኒ ፤ ኦጋርንጕላ ፈረሰይ ሎሚ ምሳሕና ደም ክርስቲያን እዩ ይብሉ ነበሩ ። በዙይን ወዲ እዙይን እናተደራርዑ ንመንገዲ ጥምም የብሉዋ ነበሩ። ለይቲ ክይድ ድኅ ሪ ኃዲሮም ንወጋሕታኡ ምስቶም ዓሳከር ብማዕዶ ተረኣኣዩ፤ ብወ ገን ጣልያን ተዓጠቕ ተሰለፍ ቢልካ መለኸት ምትርታር ፤ ኵላቶም ወተሃደራት ከም ኣሠራርዓ ኤውሮጳ ክልተ ሰልፊ ቐዳማይን ዳኅ ራይን ኮይኖም ተሰለፉ ፤ ብየማኖምን ብጸጋሞምን ከዓ ሰብ መዳ ፍዕን ሰብ ምትረየስን ቆሙ ፤ ሸብቱይ እቱ ኃለቓኦም ጣልያን ንኵ ላቶም ኣብ ሰሰፈሮም ድኅሪ ኣትኂዙ ፤ ብምድረ ሰማይ ዝግልብጥ ድምጹ «ሓልዉ» ዝብል ትእዛዝ ኣዘዘ ፤ ብኡ ንብኡ ሻንቃኣቶም ኣብ ኣፍ ጠበንጃኦም ክሰቕሩ ኣዘዘ ፤ ደድኅሪኡ ኸዓ ኣብ ምድሪ በጥ በሉ በሎም ፤ እዙ ነገር እዙይ ኣብ ሓበሻ ተገቢሩ ዘይፈልጥ ብምኻኑ ፤ እንታይ ነገሩ እዩ ፤ ኣንታ በጥ ኣቢሎዶ በፍራስ ከርግ

ጸና እዩ እናበሉ ይሓስቡ ነበሩ ፤ ግን ንሸዑስ ዝበሉዎም ከገብ
ሩ ግድነት ከኖም ። ሻብቱይ ልቦም ፎቕፎቕ በሎም ፤ ሸዑ ኣዲእ
ምን ኣበኣምን ዘከሩ ፤ ሻቡ ዓዶም ተራእዮም ፤ ኣብዙይ እንተሞት
ኩስ ዝቐብረኒ የብለይ ዝፈልጠኒ የብለይ ዝብል ሓሳብ መጸቶም
ሻብቱይ ናብ ዓዲ ጓና ከይድካ ምእንቲ ሃገርካ ሓደ ጥቕሚ ዘይት
ረኽበሉ ውግእ ምጣጣም ክንደይ ዕሽነት ከምዝኾነ ተፈለጦም ፤
ውግእ ኣሽምባይ ይኣ ኣብ ካልእ ሃገርን ምእንቲ ሓደ ባዕዲ መን
ግሥቲ ክትዋጋእ ቢልካ ምስ ተቐረብካስ ፤ ኣብ ሃገርካን ምእንቲ
ሃገርካን ክትዋጋእ እንከሎኻ እኳ ኣብ ኣንፈ ሞት ከምዘሎኻ ፤ ሓን
ቲ በራሪት ዓረር ዕድሜኻ ከምተሕጽር ምሕሳብ ፤ ወትሩ ዘፍርሀ
እዩ ። ሻቡስ ትቡዕ እኳ ይኹን ቅሩብ ከብዱ ሕብጭብጭ ዘይብሉ
ሰብ የለን ፤ ሃገርና ንዙ ፍርሃት እዙይ ብፍኪሩን ብዋዕዋዕታን ቅሩ
ብ ይንላብቡዎ እዮም ፤ እንተ ድኣ እዚም ኣብ ትሩቡሊ ክዋግኡ
ተቐሪቦም ዝነበሩ ዓስከር ግን እዙይኳ ክገብሩ ኣይተኻእሎምን
ከመይሲ ኣብ ታዕሊም ጣልያን መገምርያ ዝተኣዘዘ ነገር ስቕታን
ኃለቓኻ ከይኣዘዘካ ኸዓ ወስ ዘይምባልን እዩ ። ኣብ ልቢ ዓረብ
ዝነበረ ሓሳባት ግን ቷጻይ እዩ ፤ ንሳቶም ኣብ ምድሮምን ምእንቲ
ምድሮምን ክዋግኡ ኸምዝኾኑ ይፈልጡ ነበሩ ፤ እንተተሳዕሩ መሀ
ደሚ ይፈልጡ ፤ ማይ እንተጸምኡ ወገኑ ይፈልጡ ፤ ናብ ሓደ ዓዲ
እንተኣተዉ ዜጎድሮምን ዜዕቊቦምን ኣይስእኑን ፤ እዙይ ኵሉ ነገር
ኣብ ውግእ ንወተሃደር ፤ ዓቢይ መደራርዒኡ እዩ ኣብ ርእሲ እዙ
ይ ከዓ ኣስላም ከምኺኖም መሓመድ ንክርስቲያን ክንዲ ዝቐተል
ኩሞ መጠን ክንዳኡ ዓስብ ኹም ኣብ ‹ጀነት› ዝበለጸ ክኸውን
እዩ ፤ ኣብ ከምዙይ ዝበለ ውግእ ዝሞተውን ተር ኣቢሉ ናብ ገነት



ከእቱዎ ኢየ ቢሉዎም'ያ ዝነበረ ዘኪሮም ፤ ውግእ ንኣታቶም ከም
መርዓ ነበረ ። ብሓንቲ መዓልቲ ፤ ሸሕኳ ቀዶም ቍርዓን ኣጸቢቖም
ዘይሓለውዎ እንተ ነበሩ ፤ ንመሓመድ እውን ሸለል ቢሎሞ እንተነ
በሩ ፤ ብታ ሸዓ መዓልቲ ንኣኣምን ንደቆምን ዝኣክል ናይ ጽድቂ
ማዕረር ክዓጽዱ ፤ እንተሞቱውን ናብቲ መዓርን ጸባን ኣንስትን
ዝመልኣአ ‹ጀነቶም› ክኣትዉ ፍጹም ይርበጹ ነበሩ ። እንተደኣ
ንቕሩብ እዋን ግን ንሳቶም ሞት ኣብ ጥቓኦም ከምዘሎ ፈሊጦም
(ወዮ ኸታ ንዛ ሞት ክንፈርሃ ፤ እሞ ናበይከ ክነብል ከይናና ፤ ዘይው
ዒልና ኃዲርናስ ናባኣ ኢና) ንሳቶምውን ሰብ ምኺኖም ከይተር
ፎም ክስ ቅሩብ ቀዘዝ በሉ ፤ ደኃር ግን ንመሓመዶም እናተማኅ
ጾኑ ብዓቢይ ክላሕን ጽራኅን ናብ ኵናት ኣተዉ ፤ ኣተኣታትዎኦም
ንቕድሚት ድፋእ እዩ እምበር መራሒን ሠራዊን የቢሎምን ፤ ዝብ
ኢ ከምዝግለበን ኣሓ ተኣኪበን ዱድ እናበላ ዝገልበ እዮም ። ከም
ኡ ቢሎም እናዳሮኡ እንክመጹ ዓስከር ጠያይቲ ከም ማይ ኣፍሰ
ሱሎም ፤ እቶም ቅድሚተ ቅድሚት ዝነበሩ ይዋኣት እዮም ዳርጋ
ኵሎም ከምቄጽሊ ረገፉ ፤ ገሊኣቶም ንበዕላቶም ተወጊኦም ገሊ
ኣቶም ግን ኣፍራሶም ምስ ተወግኡ እናሓምሓሙ ትኽል ፍግም
ቢሎም ኣባኡ ንዋናታቶም ኂዘም ተጠባሲሎም ወደቑ ፤ ናይ ቀዳ
ሞት ሞት ንዳኅሮዎት ስግድ እኳ ኣይበሎምን ፤ ኣኅዋቶም እናረገጹ
ድኣ ንቕድሚት ኣቢሎም ይወናጨፉ ነበሩ እምበር ። እንክባኣቶም
ውን ብዙኃት ወደቑ ፤ ግን ገሊኣቶም ምስቶም ከም ነብሪ ዝናጠሩ
ኣፍራሶም ኣብ ማእከል ዓስከር ተኸቱ ፤ ንቶም ኣባኡ በጥ ቢሎም
ዝነበሩ እውን ረጋጊጾም ኣስይፍቶም ብኽልተ ኢዶም ኂዘም
ጋርሃድ ፊ ሰፊል ኣላህ እናበሉ ኣባኡ ሰባት ወድኡ ፤ ወዮ ኃለቓ

እም ጣልያን ክሳብ ዝእዝዞም ድአ ኣይጸንሑን እምበር ‹ሓፍ በሉ› ዝብል ኣዋጋር ሃበ ።

ኣብ ርእሲ እቶም ዝኣተዉ ኣዕራብ ፤ ብየማነ ፀጋም ከልኣት ይኣትውዎም ነበሩ ፤ ሻብቱይ ኣብ ማዕዶ ኸይኑን ዝተመልከተ ሰብ እውን ፤ እቱ ውግእ እቱይ በየናይ መገርመርያኡ በየናይስ መእተ ዊኡ ምኟኑ ክፈልጥ ኣይምተኻእሎን ፤ ሰልፊ ጣልያን ኣበይ ፤ ዓረ ብን ኣበይ ከምዘለዉ ኣይምፈለጠን ፤ ብዙኃት ብሓደ ተኣኪበም ዝወሳወሱ ሰብን ዝናጠሩ ኣፍራስን ዘንጸባርቕ ኣጽዋርን ፤ ዝትኹ ጥይትን ዝዳርን ደሮናን ጥራይ ምረአ ፤ ናይ ዝተወግኡ ገዓርን ናይ ወጋእቲ ፍከራን ናይ ኣፍራስ ሕምሕምታን በይኑ ምሰምዐ ነበረ ደቂ ሃገርና መገርመርያ እቱ ኣጽዋር ዓዶም ዘይነበሮም ብምኟነ ብሻንገ ክዋግኡ ጸገሞም ፤ ደኃር ግን ነገር ዘይትቐንዕ ምስ ረኣ ዩዋ ጒራደኣቶም መሊሖም ክትዓጻጸዱ ገመሩ ፤ እቱ ጠዋይ ጒራ ደ ሓበሻ ንክልተ ሠለስተ ሰብኣይ ብሓደ ኸዓጽድ ዝኸእል ፤ ን ዙኃት ሰባት ኣርግፍ ዘብል ኢዩሞ ፤ ንቶም ኣዕራብ ናብ ክብዶ ማይ ኣእተወሎም ፤ በብቕሩብ እውን ፈንተት ክብሉ ገመሩ ሓበሻ እያ ኃውቱ ፈኪርካ በሎ ምባል ፤ ኣዕራብ መመሊሶም ም ድኅርኃር ፤ ኣብ መወዳእታንከ ምስ በዝኖም ምስ በዝኖም ኣጻ ዲኻ ምህዳም ኮነ። ኣይሰዶ በል ተበሃሉ ፤ ንደቂ ኢትዮጵያ ብጒያ ዘ ክቦም የቢሎም እሞ ኣረርኪብካ ንቶም መዓት ዝወረዶም ደቂ ዓረ ብ ዕጽድ ኣቢሎም ኣፍለሱዎም። እቲኦም እንተሃደሙ ዓስከር እን ጒየዩዎም ጣልያን በቱይ ዓል እንተበለ ፤ እዙይ ዘይበሃል ትርኢ ነበረ ፤ ሠለስተ ሕዝቢ እኮ እዮም ጠጠባይ ዓዶም ኂዞም ኣብ ውግእ እቱይ ዝወዓሉ ፤ ደቂ ሓበሻ ዝጸንሑ እኳ እንተጸንሐ



ንቕድሚት ምድፋእ ፤ ጣልያን ንዥሉ ነገር ብትእዛዝ መራሒኻ ግበር ፤ ሽሕኳ ጸላኢ ጸሩ ኂዙ ክተት እንተበለካ ዝኾነ እንተኾነ እውን ባዕልኻ ወስ ኣይትበል (ንሳቶም ከምዝብሉ) ፤ ኣውራኻ ተዥ ሰሉ ከይበለካ እኳ ኣይትተኹስ ፤ ሱቕ ቢልካ እውን ተሓረድ ፤ ዝብ ሉ ኢያቶም ፤ ዓረብ ከዓ መገርመርያ ንሂርካ ምጸእ ፤ ኣብኣዶ ምቕናዕ ትእብየካ ኣየላን ፤ እግረይ ሃብኒ ቢልካ ተመላጠዋ ኢዩ። ብሓጺር ቃል እንከ ሓበሻ ዓቀን ብዘይቢሉ ጒልበት ፤ ጣልያን ብስምምዕ ፤ ዓረብ ከዓ ብምግባርን ኃደጋን ፤ ሃብኒ ዝብሉ እዮም። ኣብዳው ይዋ ኣት እዮም ክሃድሙ እንክለውንከ ሓበሻ ደም ዝሰተየ ግርጉር ነብ ሪ ከይኖም ኃዘ ኣይትስደዶ ተበሃሉ ፤ በዙይን በቱይን ክልቢን ሰስ ሓን ከይኖም ተሻደዱ ፤ መሸም ሓቂ ይሓይሽ ብጒያስ ንሓበሻ ዝተ ኻኽል የልበን እዩሞ ፤ ኣረርኪቦሞም ሕርድ ኣበሉዎም ፤ ብዙኃት ከይኖም እውን (ይዋኣት እዮም) ኣብቱ ምድረ በዳ እቱይ ጸፍ በሉ ፤ ክመይሲ ፤ ወዮም ኣስላም ዓንጸዓንጽረ ሞት ከይኑዎም ክበኻ ዘይ ኃልፍ ጋሻስ ጠቢቃ ሰዓሞ ዝብሉዎ እዩሞ ፤ ሞት ዘይተርፈናስ ለኪምና ንሙት ቢሎም ብድኅሪኦም ሓደ ጸላኢ ክጒዩ ከርክቦም እውን ደልዩ ከምዘሎ ምስ ዝፍለጠም ፤ ግልብጥ ቢሎም ንሓደ ተማሊኦም መሓመድ ኣቦኦም ናብ ዘሰፈዎም ጸበን መዓርን ናብ ዝ መልኦአ ጀነት ዝበሃል ስፍራ ስግር ይብሉ ነበሩ ። ኣብ ርእሲ እዙ ይ ከዓ ፤ ዓረብ ሓደ ጥበቦም እድቢኻ ምጽናሕ እሞ ኣበኡ ምቕ ታል እዩ ። ከምኡ እናገበሩ ኸስ ንብዙኃት ደቂ ሓበሻ ቀተሉ ። ኣብ መወዳእታ ፈረስ ዘለዎ ብፈረሱ ሃዲሙ እምለጠ ፤ ፈረስ ዘይ ቢሉ ከዓ ወይ ተቐትለ ወይ ተታኅዘ ። ምሉእ ሥዕረት ፤ ከስ ንሓ በሻ ፤ ኣይፋለይብ ተጋጊየ እየ ፤ ንጣልያን ኮነ።

ንሳቶም ምስ መሰየ ተሳፈሮም ሓዊ ኣእጒዶም ንቶም ዓስከ
ድራሮም ብኸልእ ኣሰናደውሎም ፤ ኣብኡ ሻቡ መዓልቲ ገለ ኣጣል ዘ
ሚቶም ነቢሮም እዮም እሞ፤ ሥጋ ከም ድላዮም ጸገቡ። ትድርር ም
ኣበሉ ኸስ፤ ብዙኅ ደኺሙዎም ነበረሞ፤ ክድቅሱ ኹርስ ኹርስ በሉ
ብኡ ብኡውን ድቃስ ወሰዶም። ትኳቦ ሻቡ መዓልቲ ምስ እቶም ው
ዮም ገ፡ወዓሉ ኣጒባዝ ነበረ ፤ ብጋርግንነቱን ብንጥፈቱን እውን ቅ
ኣቢሉ ፍጹም ተወዲሱ ወዓለ። ኣማስያኡ ክኸውንከ ክትድቅስ ቢሉ
እንክሰናዶ ከሎ ፤ እንካብቶም ሻቡ ለይቲ ፍቕያታት ዝኾኑ ሓደ
ወጸ ፤ ዕጫኡ በጺሑዎ ። "ክላ ክላእ ይግዓዮ ኣብ ሕሱም ብዕራ
ውዒልካ ናብ ሕስምቲ ሰበይቲ ኣይትእቶ ዝብልዎ ምስላ ፤ እዚ
ኹሉ ክጽዕርን ከደክምን ውዒለስ ድቃስ ለይቲ ኸዓ ክስእን
ኤሀ ኣካ ድኣ" ቢሉ ብሓዘን ሕርር በለ ፤ ግን እንከ ናይ ወተሃደ
ነገር እንታይ ከምዝኾነ ፤ ወይ ብምኽንያት ወይ ብልማኖ ወይ ከ
ደንጊጸም ከምዘይገድፉኻ ክንዲ ዝፈለጠ ንሓዘኑ ቍርጥ
ኣቢሉዋ ነቐለ ። ፍቕያ ምግባር ማለት ኣብ ሓደ ስፍራ ወጺ
እካ ዝኣቱን ዝወጽእን ሰብ ምርኣይ፤ ኢዩ ጸላኢ ብሃንደበት ከይመ
ጽእ ምስትውዓልን ምጥንቃቕን ኢዩ፤ ወይለኡ ሽዑ ምስ ካልኣት
ዝዘረብ ፤ ወይለኡ ክፍ ቢሉ ዝርከብ፤ ወይለኡ ድቃስ ጠሊሙዎ
ዝጸንሕ፤ ብዛይ ጥርጥር ‹ኪ.ሞት.በቃ› ፈሪዶም ክርሽኑዎ እዮም፡
ኣበኡ ኸስ ቍሪ ይኹን ወይ ሃሩር ይኹን ክልተ ሰዓት ዝኣክል
ኣብ ሓንቲ ስፍራ ቀዊምካ ኢኻ እትነቅጽ ፤ ዝረኸበ ይርከብካ፤ እ
ካብኣ ፍንትት ክትብል ወይ ከዓ ሥፍራ ክትለዋውጥ ኣቀማምጠ
ክተዘናብል እኳ ኣይከኣለካን። እዚ ሥራሕ እዚ ንዓስከር ክንዲ
ዝዓቢ ስኽፍታ ከምዝኾነ ምፍላጥ ፤ ‹ልብያ ልብያ፤ ልብያ ልብያ



ቀትሪ ጕያ ለይቲ ዋርዲያ ፤› ዝበሃል ደርፊ ኣውጺኦም ዝደርፉ
ከምዘለዉ ምንጋር ይኣክል ።

ትኳቦ ኸስ ምስ ኃያሎ ብጾቱ እንካብቱ ምኅዳሮም ምጻእ ቀል
ቀል ዝኣክል ፍንትት ቢሎም ኀዙ ዝበልናዮ ሥራሕ ክገብሩ ወጹ።
ኣብኡ ብብታራ ብቕያር እዮም ዝኀልዉ፤ ትኳቦ ዘብርየሉ እዋን
ከስ ጊዜኡ ምሻ ምስ ኣኸለ ኾነ፤ ጠበንጃኡ ተሓንጊጡ ዝናሩ ጠያ
ይቲ ታኸቲኹ ፤ ሻቡ ዛዕጊ ክወርድ ዝማዒሩ ነበረሞ፤ መንጠሊናኡ
ተጨፍኒኑ ኣብታ ከሳድ ደው በለ ። ምድረ ሰማይ ኩሉ ጸጥ ምስ
በለ እዩ ፤ ንቅዋ ኣራዊት የቢሉ፤ ጭጭ እትብል ዕንጭራር የቢሉ ።
ኣብዚ ዓድናስ እምበር እኳ ኣይጽምወክን እዩ ፤ ድምጺ ኣራዊት
እውን ዘፍርህ እኳ እንተኸነ ፤ ቅሩብ ልብኻ ኣፍኹስ የብለልካ እዩ፤
ካልእ እንተ ተረፈስ ምድረ ሰማይ ንበይንኻ ዝውኅጠካ እኳ ኣይመ
ስለካን። ትኳቦ ግን ንበይኑ ኣብኣ ከምዛ ቃውማ ዕንጨይቲ ደሪቑ
ነበረ ፤ ኣብ ቅድሚኡ ብየማኑ ብጸጋሙ ለጥ ዝበለ ጐልጐል እም
በር ካልእ ኣይርእን ነበረ ፤ ከምቱይ ቢሉ እንከሎ ዓዱ ተዘከሮ ፤
‹ሂዚ ወለደይሲ እንታይ ከን ይገብሩ ይህልዉ› እኒ ዝድቅሱሉ
ንእዲ ጥራዩ ተሪፉ እናረኣዩ ግዲ ይበኽዩ ይህልዉ ፤ እኒ ግን ኣብ
ዙይ እንካብ ሰብ ተፈልየ ኣንፉ ብዙይ ክትብሎ ዘይክኣል ኣብ
በረኻ ተደርቢየ ጭልም እብል ኣሎኹ ፤ ኣብዙይ እኔኹ በይነይ ፤
እንታይ ሃገሩ እዩ ኃወይ እዙይ፤ ነነው ዝብል እም ኣይትርእየሉ፤
ማዕሪ ዝብሉዎ ኣይትረገጸሉ ፤ ሓዊ ቈለጭ ዝብል ወይ ትኪ ሓደ
ምኅዳር ዘይትርእየሉ፤ ንቅዋ ኣራዊት ዘይትሰምዓሉ፤ ብዘበልካ ኣቢ
ልካስ ሑፃ ፤ ለይቲ ምስ መዓልቲ እንተኸድካ ወትሩ ዘይውዳእ
ሑፃ፤ ሃገር ከዓ ኣሊዩዎ እዙይ፤ እሞ እዘም ኣዕራብ እዚ.ኦምስ ምእ

ንቲ እዙ በደው ዝኾነ ምድሪ እዙይ ከምዚ ቢሎም ይዋግኡ፣ ወ
ኣካ በሓቂ ንሕናስ ኣይንወለድ ድኣ ናብ እቱ ለምለም ዓድና ከኣ
ንጣልያን ሱቕ ቢሉ ርኢናዮስ፣ ኣረ ንሱ በይኑ ዘይኮነ ከ
ዕዉር መሪሕና ከም ዕሽል ኣታቲና ናብ ዓድና ኣእቲናዮስ፣ ሎ
ኸዓ ንዙ በረኻ እዙይ ከጎይዝ ንድግፎ ኣሎና፣ ዓድና ኣትኺዝና
መትኃዝቲ ከልእ ዓዲ፣ ሃገርና ኣጥፊእናስ መጥፋእቲ ሃገር እማትና
ኸውን ኣሎና ። ከምዙይ ሃገርና ጽቡቕ ሃገር እንተዝህልዎም ድ
እዚኣቶምስ ኃወይ ከመይ ምገበሩ፣ እሞ ምስዙይ ኵሉ ኸዓ ንሳቶ
ካብ ሓደ ወገን ናብ ሓደ ወገን እናኹብለሉ ዝነብሩ ጓሶት መሰል
እዮም፣ እሞ ጣልያን እንተኃዘስ እንታይዶ ኣእተዎም፣ ዘይ ኣ
ዝዓረበም በረኻ እዮም ዝኃድሩ፣ ምእንትዙይ ከገዝኦምስ ኣይ
ኣሎን ነበረ ።

"ቀደም ከምዙ እዋን ዙይስ ግዲ ድቃሰይ ወዲኤ እነብር፣ ወ
ከዓ ገለ ጓይላ እንተሎ ምስ ኣዓየታተይ ኮበሮና ገርር እናበልና ሳ
ሳዒት ንእትዎ ነበርና፣ ኣዋልድን ኣወዳትን እናተቓባበልካ በ
ይን በቱይን ኮይንካ እንክትደርፍ ክንደይ ይደምቕ ነበረ፣ ‹እዝ
እመንየ እመንየ ፣ እዝጊ እመንየ እንታይ ከይትኾንየ„ ሙዝ
ሙዝየ ማይዶ ኽማልኣልኪ ብጥርሙዝየ፣ እንክትብል እሞ ጓይ
ምስ ሃገገ ፊጽ እናበልካ ክተጣቕዕ፣ ኣህ ወይለይከ ድኣ። ‹ዉባ ጐ
ለሚነየ ጐዕ ለሚነየ ዉባ ጐዕ ለሚን … ሄ… ምሕዳር እንተ
ጻእካ እባ ጸባ ጽግብ ኣምሲኻ፣ ኣሓ ዓይመን ዒሕ እናበላ መጕሰ
ክመልሳ፣ ወጺእና ኣብ ሑጻሑጹ ኾይንና ኣስቲ ክንጻወት፣ ‹ኣስ
ደም ዓለቕቲ› ተበሂልካ ጠለፍ እናበልካ ክትተሓናኹል እሞ ወ
ትስክም ኣቢልካ ካብታ ጕድጓድ ከተውጽእ ወይ ፈንጠረው ኣቢ



ንድጎሪት ክመልሰካ ። ኣብኡ ቅልስ ክትጠማጠም ወይ ሕንቆ ክት
ተሓሓዝ፣ ሕልክ ኣእቲኻ እውን ፈለስቲ ቢዘን ተርእዮ፣ ደብረ ቢዘን
ሰማይ ዚትኵር ቁመቱ ነዊሕ ደብሪ እዩሞ ከዋኽብቲ ሰማይ ከተርእዮ
ወይ ክርእየካ ማለት እዩ ። ኣዓየ ኃይለ ብሕልክ ሰይጣንነበረ፣ ኣዓየ
ተወልደ ኣሳብራ ዓበይቲ ይኽእል ነበረ። በዙይን ኣዛብእ ፉር
ክብሉ በቱይን ኣኽላባት ኽጣርዑ ምስማዕ፣ ወርኂ ኳዕ ምስ በለት
ከዋኽብቲ ውሪሕሪሕ እናበሉ ኣማእኪሎማ ምርኣይ ኣብ ልብኻ
ጠሰስ ይብለካ ነበረ ። ሽው ዓርከይ እንካብ ቅልስ ተመሊስካ ጸባ
በሪዳ ምስታይ፣ ሽው ልምሉም ወለላ ሣዕሪ ኣብ ዘንጸፍካሉ መዳ
ቕሲ ግምስስ ኽትብልን ድቃስ ክወስደካን ሓደ ነበረ ።

ድቃስ ምስ ሰመየ ንሱ ሽው ኣበይ ከምዘሎ ተዘከሮ፣ ዳርጋ ኽምዙ
እንካብ ድቃስ ዝትንሥእ እንካብቱ ሓሳባት እቱይ ምስ ተባራበረ፣
ቍሊሕ እንተበለ በይኑ ድኣ ኣብኡ ሱቕ ቢሉ፣ ሽው ብሓረቕት ንብዓት
ቅጽር ቅጽር በሉ፣ እቱ ጊዜ እውን ምኅላፍ ኣበዮ፣ ኣይ ምእንቲ
ኣቦኻ፣ ኣይ ምእንቲ ኣደኻ፣ ኣብ ጥራይ ጐልጐል ትነቅጽ ኣሎኻ፣
ኣብ ዘይትፈልጦ ዓዲ በይንኻ ተደርቢኻ፣ እናበለ እውን ደርፊ ተተ
ኃዘ፣ ደኃር ግን ኣብ ማእኸል እቱ ጽሙና እቱይ እንተደረፈ እቱ
ደርፉ ኣሰምቢዱዎ ሱቕ በለ። ቅሩብ ጽንሕ ቢሉ እቱ ዝቕይሮ (ቃል
ዓስከር) መጸ፣ ‹ክንደይ ድኣ ደንጕኹም ኃወይ› ቢሉ ንቱ ገረድዋቲኡ
(ቃል ዓስከር) ትኳበ ተዛረቦ፣ መሲሉካ ድኣ እምበር ሰዓቱ ሕጂ እዩ።
ትኳበ ፍጹም ርጎሩጎ ነበረ፣ ምእንትዙይ ንቱ ኃለቓ ኣነ ጥዒመዮ
ኸይነ በይንኻ በዙ ለይቲ እዙይ ኣብዙ ቅሩብ መዘናግዒ ዘይብሉ
በረኻ ምጽናሕ ፍጹም ዘጨንቕ ነገር እዩሞ፣ ‹ኣነ ምስዙ ኃወይ
መሰነይታ ክኾኖስ ኣብዙይ ኽተርፍ በሉ›፣ እቱ ብንጣገ ብዙ

ኽምዙ ዝበለ ግብሪ ተለዓዒሉ ፤ ከምዝደለኻዮ ግበር በሉ ፤ ንድ
ሪት ምልስ ቢሉውን ፤ ይዋኣት ደቂ ሃገርና እዙ ኽንድዙይ መን
ዓትን ጋርግንነትን ፍቕርንስ ምእንት ዓድኻ ቢልካ አብ ሞያ ይወ
ዕል እምበር ፤ እዙይ ዝመስልዶ ንባዕዲ ይሽየጥ ፤ ቢሉ እናበኸየ ና
ስፍራኡ ተመልሰ ። ክልቲአም አባኡ በይኖም ተረፉ ፤ ጕጋየ
እናበሉውን ወጋሕ አበሉዋ ፤ ብዙ ኽምዙይ ዝበለ አገባብራ ትኻ
ንቱ ብጻዩ ክንደይ ከምዝተፈተዎ ክንገር አይከኣልን ። እንካብ ሓ
ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ እናመረሑ ብበረኻ ንቑጽ ብፀሓይን ብደሮና
ብዘይ ማይን ሄል ክብሉ ቐነዩ ።

## ጽ ም ኢ ሞ ት ።

ሓደ ምጉሓት እቱ ጠቅላሊ ሓለቃአም "ሃያእ ንኺድ ዕጠቑ
በሉም ፤ ንሱ ንርእሱ ኣብ በቕሉ ማይ ጸዓነ ፤ ከማኡውን እቶ
ካልኣት ብጸቱ ጣልያን ገበሩ ። ንዓስከር ግን መን ክሓስበሎም
ብጽምኢ እርይ እንተበሉስ ንኣታቶም እንታይዶ ግዶም ። ነቑ
ድኢ ። መንገዶም አበይ ምኺኑ አንፉን ወገኑን ከይፈለጡ ፤ ለሸ
ክብሉ ውዒሎም ፤ ብዝኃለፉሉ ሓንቲ አሰር ማይ ዝብሉዎ ከይ
ኸቡ አማስያኡ ከኸውን ተሳፈሩ ፤ ማይ እንተበልካ ማይ ትክ
አኒ ። አንታ አበይ አሎ እቱ ኃለቓ ዝበሃል እንተበልካስ ፤ ንሱ
ድኳኑ ተኺሉ ድአ ማዩ ሓቑፉ ፤ ኣብ ዙርያ ድኳኑ ዝተዓጥቁ ዘ
ዔይናታት ገቢሩ አብኡ አጽቀጠ ። እንካብ ምስ ማእዲ ምትሕል
ውሲ ምስ ኩናት ምትሕልላው ዝብል ምስላ አሎ ። እቶ
ዓስከር ይዋኣት እዮም ብጽምኢ አምዑቶምን ጐረሮአምን ነቒ
እንከሎ ፤ ንቱ ማይ ዘለዎ ድንኳን ምሕላው እሞ ፤ እንካብ





ቕሩብ ክትጥዕም ዘይምክኣል ክንደይ ዝጽንክሮም ከምዝነበረ መን ክርድአ ይኽእል ። ሻዑ ከምቱ እቱ ሃብታም ኣብ ገሃነም እሳት ከይኑ ንአልዓዛር ማይ ጥምዕ ኣቢሉ አንፈ አጽባዕቱ ልሳኑ ክዝኅ ልሉ ዝምነ ዝነበረ ፤ ከማኡ ቅሩብ ማይ ነጥቢ እኳ ትኹን ክህቡ ዎም ምደለዩ ፤ ግን ንኣታቶም ሰብ ከይቐርቡ ክልክሉ በሉዎም እምበር ፤ ማይ መን ክህቦም ፤ እዙ ሓሳባት እዙይ ሲ ከመይ ቢሉ ይመጾም ። ጨርበሕታ ማይ ስምዕ ብዘበሉላ ልቦም ምስአ ቍልብ ትብል ነበረት ። ከምዙ ክትበልዕ ከሎኻ ፤ ክልቢ ኣብ ጥቓኻ እን ተሎ ፤ እታ ዓይኑ ምስታ ኢድካ ሓፍ ለጥ እትብል ፤ ርኢኻ ርኤ ከማ ኡ ነበረ ። ብዝተረፈን ከዓ ምስ ጣልያን እንተመዛዘንካዮም ዘይ ከም ኣኽላባት እዮም ፤ ኤረ ኣኽላባት እባ ይሕሱ ፤ ዳርንጐት ወይ ተረፍ ጐይታአም እኳ ዝበልዑ ።

እቶም ኣብ ግዳም ተደርቢዮም ዝነበሩ ማይ ዝኸላእካያ ህበይ ዝመስሉ እኩባት ዓስከር ከ እንታይ ይገብሩ ነበሩ ፤ ገሊአቶም ተሃ ንጢዮም ብዓቕሊ ጽበት ድኅሪትን ቅድሚትን ይዛበጡ ነበሩ ፤ ገሊአቶም ኅቦ ኽይኖም ይሰሓሉ ነበሩ ። ገሊአቶም ዝገብሩዎ እን ተጠፍአም ንቱ ትርኩስ ሖፃ ስያክ ፋሕቲሮም ሕፍኒ ማይ ይአ እንተረኸቡሉ ቢሎም ከም ሑፃ ሩባ ዓዶም መሲሉዎም ፤ በእዳዎም ይፍሕሩ ነበሩ ፤ ግን ክብቱ ላዕላዋይ ዝውዒ ከይኑ ምስ ጸንሖም ዓቕሎም ጽብብ ቢሉዎም ኣብ ሰማይ ፤ ናብቱ ኣብ ጭንቅና ዘበለ እንምኅጸና ኣምላክ ፤ ቜላሕ ይብሉ ነበሩ ። ኤህ ትርኢ አሎኻ ኦነኮ ሉ እትርኢ ኣምላኽ ። ርእዮም እዞም ደቂ ዓድና ከመይ ዝበለ ኃሣር ዝረኸቡ ከምዘለዉ ። ገሊአቶም (ሓደ ክልተ አይኮኑን) ቅሩብ ተዓጊዎም ነበሩ ፤ ንቶም ዓቕሎም ዝጸበም ዝነበረ እውን ክጻንዑ

ምደለዩ ፧ ግን ዘረባ ተሳእኖም ፧ ክመይሲ ጐረሮ እንድኅራ ነቓ
ልሳን ዘተርክሶ ጥፍጣፍ እንተድአ ሰአነ ፧ ዘረባዶ ይክኣል እዩ
ኵላቶም ክናፍሮም ነቒጹ ኣዕይንቶም ፈዚዙ ገጾም ኃዊን ተኸ
ዓይኖም ሓመድ ተደፍዲፉ ነበረ ። ዛዕዛዕታ ለይቲ እንተወደቐሉ
ተስፋ ይገብሩ ነበሩ ፧ ግን ኣብቲ ምድሪ እቲይ ዛዕዛዕታ የለ
ኣውሊ የልቦ ኣስሓይታ የልቦ ፧ እንተገዘወድቕከ ሣዕሪ ወይ ቈጽ
ዘይቢሉ ንቑጽ ምድሪ ንጥብ ምስ በለ ረሲኑ ዝነበረ ሑፃ ምሰተ
እምበር ፧ ኣብ ምንታዩ ክዓቍሮ ነገሩ ፧ ክምቲይ ቢሎም በሲሉ
ኃደሩ ። ንወጋሕታኡ ንቓል ንቓል ኮነ ፧ ክምኡ ኸዓ እቲ ቕሩ
ኃይሊ ዘለዎም ገቢሮም ገፊፍ ክብሉ ገ፦መሩ ፧ ፀሓይ ቀርቀር በ
ሑፃ ረሰነ ፧ ዶሮና ተላዕለ ፧ ንብዙኃት ልቦም ጠለውለው በሉ
ክብኡ ንደኃር እውን ሥርዓት እንታይ ምኧኑ ተረስዔ ፧ ጠበን
ኣምን ኣቓሑኣምን ዘልሓጥ ኣበቢሎም ከውድቑ ገ፦መሩ ፧ ኣብ እ
ፈረቓ መዓልቲ ኣቢሉ ምስ ኮነ ንብዙኃት ርእሶም ዘዊሩዎም ተ
ላዒሎም ጥቕልል በሉ። ካብ ዝወደቑዎ ክይተንሥኡ እውን ነቖ
ብኡ ብኡውን ብኣፍንጫኦም ጸሊም ደም ዘረር የብሉ ነበሩ ፧ እ
ን ዝተረፋኦም ቅሩባት ደም ብጻዕሪ ሰደዱወን ። ገሊኦቶም መ
ዲ ኣይክኣለናን ቢሎም ኣብ ዝኃለፉዎ ስፍራ ዘርጋሕ ቢሎም ተ
እሞ ፧ እንካብኡ ክይተንሥኡ ቀለብ ራውያታት ክይኖም ቀረ
ወዮ ሹመይና ጣልያን እዙይ ምስ ረኣየ ጠንጢኑዎም በቕሉ ሰ
ተዘርጠጠ ፧ ክይቐትሉዎ እኮ ፈሪሁ እዩ ፧ እንተኸነ ዝደፍሮ
ምረኸበን ። ሓቂ ወዲ ሓበሻስ ደፊሩ ንጣልያን ክቐትል ቢሉ
ልን? ኣየ ጉድ ዘይመስል ነገር ኢዩ ። ክምዙ ዝደኸመ ኣድጊ እ
ሓሪድካ ሥጋኡ ክትበልዕ ጠቢሕካ ቈርበቱ ክትንጸፍ ዘይትኸ



እሞ ኣብ በረኻ እዝጊ ዝፈተወሉ ይኹን ቢልካ ገዲፍካዮ እትኸ
ይድ ክማኡ እዙ መላጥ ጨካን ንቶም ጸብደል ዝመስሉ ኣጒባዝ
ሓበሻ ዂርዓቱን ትሕብንቱን ዝነበሩ ፧ ብጽምኢ ሓሚቖም ምስ
ረኣዮም ጠንጢኑዎም ሃደመ ፧ ዘይሽዩጣት እዮም ክልእ እንታይ
ክይኖም ። ፉሕ ጩንባሕ በሉ ፧ ናብ ዝኸዱዎ ክይፈለጡ ናብ ዘዝ
መስሎም መንገዲ ኣቕንዑ ፧ መዓል ትኳብ ዝኃዘ ብሓደ ወገን ምስ
ከዱ እዝጊ ግምበሮም ኣጸቢቑሎም ናብ ዔላ ማይ በጽሑ ። ንሱ
ንቑጽ ነበረ ፧ እንተኸነ ንቲ ናብኡ ዝነበረ ሊን ክሰትዩ ቢሎም
ኵሎም ኣባኣ ጽድፍድፍ ክብሉ ደለዩ ፧ ግን እንከ "ኵላትና ክይ
ንጸቓቐጥሲ ሓደ ክልተ ብመገድ ነውርድ„ ተበሃሃሉ ፧ ምስውረዱ
ዎም መገ፦መርያ ንርእሳቶም ንቲ ጸብሪ ኣብ ኣፎም ኩሊሶም ምጽ
ይ ኣበሉዎ ደኃር ከዓ ኸምኡ ክገብሩ ቢሎም ንብጾቶም ብታኒካ
ታት መመሊኦም ሃቡዎም ፧ ኣብኡ ይዋኣት እዮም ርእሶም መሊ
ሰም ምጽጽ ምስ ኣበሉ ፧ ወድም ኣብ ውሽጢ ኣትዮም ዝነበሩ
በእዳዎም ሃሰስ እንተበሉ ክምዙ መወተፍ ማዕከን ዝመስል ድር
ዳር ጨርቂ፧ በቲ ሓደ ወገኑ ንቲ ዔላ ተወቲፉ ረአዩ፧ ስሒቦም እን
ተገደፉስ ማይ ቡሕቡሕ በለ ። "ተመስገን ኣምላክ„ ቢሎም ተተ
ደቢሮም ስትይ ምስ ኣበሉ ፧ ንቶም ኣብ ርእሶም ጽድፍድፍ
ቢሎም ክወድቁ ዝደልዩ ዝነበሩ ሰብ ሃቡዎም ፧ ኵሎም ሰተዩ ፧
ርእሶም ተሓጻጸቡ ፧ በቕሊ ዝነበሮም ቡሉቕባሽ እሞ ሹምባሽ ከዓ
ኣባቕሎም ኣስተዩ ። እዚኦቶም እዝጊ ዝበረኸም ጽቡቕ ዕጫ ዝተ
ዓደሉ እዮም ፧ ራብዓይ ኣፎም ንቶም ኵሎም ኣይኸኑን ፧ እዙ ማይ
ዝረኸቡዎ ክእ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ እዩ ። እንተ እቶም ክልኦት
ግን ዓንዘር ክብሉ ኣብ ዝወድቁዎ ኣይፈልጡን ፧ ገሊኦም ኣብ ኢድ

ጸላእቶም ወዲቖም ተታኣዙን ተቐትሉን ፣ ኣብ ፈቐዶ መገዲ ጻ
ቢሎም ቀረዩ፣ ገሊኦም ከዓ ኣብ ዔላታት ምስ በጽሑ ከምዙ ኣ
ዳጕድ ጸባ ዝረኣየ ጽንጽያ ፣ ከይሓሰቡዎ ብዘይ ልቦም ጠርበ
ጠርበስ ቢሎም ኣብኡ ኣብ ረርእሲ ተጸቓቐጡ ። ሻቡ ዝተራእ
ትርኢት እንከ ሒ....ው ጸላኢና እኳ ኣይርኣዩ፣ ወዮም ብታሕ
ዝነበሩ ዓስከር ዓቕሎም ጸቢቡዎም፣ ሻንገርኦም መመሊሖም ንቶ
ብላዕሊ ዝወድቁዎም ዝነበሩ መቛርስቶም ተቐበሉዎም፣ እዚኦቶ
ከዓ ኣማዑቶም ተዘረቑ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝቐተሉዎም በድን
ጥዑዪን ከይኖም ብሓንሳእ ኣብኡ ሞቱ ። ኣይንርኣዩ ፣ ወላዲትን
ወላዲን ኣይርኤ፣ ልቢ ዘለዎ ሰብ ኣይርኤ ።

ወዮም ጸብደላት ኣጕባዝ ኢትዮጵያ ከምዙይ ኩነ መወዳእታ
ኦም ። እቲ ናብዙ ኩሉ ጥፍኣት ዘብጽሖም ጣልያን ከዓ ኣብ ክን
ቕጽዓቱ ንዓዱ ናብ ቤተ ሰቡ ኸይዱ በጥ ቢሉ ኪድቅስ ኢዩ'ም
በር ካልእ ኣይረኸበን ፣ ኩሉ ናቱ ከይኑሉ ።

ወይ ልግጫ ፣ እቶም ካብዙ ኹሉ መዓት ዝወጹ ቅሩባትከ እን
ታይ ኩነ መወዳእታኦም ፣ ? ከምብሓዲሽ ንቶም ድቃስ ከሊኦምዎም
ዝነበሩ ኣዕራብ እናተዋግኡ በብሓደ በብኸልተ እናወደቑ መመለ
ሶም ወሓዱ "በብሓደ ክንደይ ሰብ ወሓደ„ ይብል ሰንቃዊ ብዛዕ
ንትሠ እንክስንቁ ። ሓቂ እዩ ወዲ ሓበሻ ወትሩ ንፉዕ ምኧኑ ኣይ
ተርፎን እዩሞ ፣ ንቱ ወዲ ዓረብ ብዙኃት ይቐትሉሉ ነበሩ ፣ ግን
እንታይሞ ክኸውን ተተዓጺፉ እንድኣረ መጸም ። ከምዙይ ቢሎም
ናብ ደረት ባሕሪ ወጹ ፣ ግዝያቶም በጺሑ ነበረሞ ከምለሱ እውን
ባቡር ተሳፈሩ ። "ትሩቡሊ ጸላኢና ይኺዶ ፣ ንሕስያ ዘይቢሉ መሓ
መዶ ፣ ብሻንገር ገዲፉ ብገሊዶ„ ዝብል ዘስቆንቅን ደርፊ እናደረ



እውን ዝረኸቡዎ ጸበባን መከራን ውርደትን ዝሞቱዎም መሓዙ
ቶምን መቛርስቶምን እናሓሰቡን እናዘከሩን ይበኽዩ ነበሩ ።

እቶም ኣብ ዓዶም ዝነበሩ ወለዶምን ኣኃዋቶምን ኣዝማዶምን
ከ፣ እዙ ኹሉ ኣብ ትሩቡሊ ዘኃለፉዎ ጊዜ እንታይ ይገብሩ ነበሩ፣
ምእስ ኩን ይምለሱና ፣ መዓልቱስ ኩን በጺሑዶ ኣይኸውንን እና
በሉ ልቦም ወትሩ ሰንፈላል ከይኑ፣ ለይቲ ምስ መዓልቲ ኣብ ፍር
ሃትን ኣብ ብኽያትን ይነብሩ ነበሩ። ካልኣት ደቂ ዘለውዎም እንተ
ኸኑስ እኳ ንቶም ካልኣት እናረኣዩ ንቱ ዝረኃቐ ብዙኃ ኣይዝክር
ዎን ፣ ከምኡ እናበሉ እውን ይዘናግዑ ፣ እንተ ከም ወለዲ ትኳበ
ዝመሰሉ ሓደ ንሱ ዝወዶም ካብ ክንደይ ደቂ ኣቦይዝጊ ኃድጊ
ዝገደፈሎም ፣ ወዲ ክንደይ መብጽዓን ወዲ ክንደይ ምህልላን ዝነ
በረ፣ ገዲፉዎም ንቶም ክልተ ኣረገውቲ ኣብ ዝኃልኃል እትብል ገዛ
ንዘይወለዱዎን ንዘይቀለቡዎን ንባዕዳን ከገልግል እሞ ከዓ ሕይወቱ
ክሳብ ምጥፋእ ክበጽሕ ዝኸደ፣ ከመይ ዝበለ ዘኃዝን ነገር እዩ። ወይ
ኣካ ልቢ ጐበዝስ ኣብ ደረቱ ዝብሉዎ ምስላስ ኩን ክንደይ ሓቂ እዩ።
ፍቕርኻ እምበር ካልእ ዘይልምኑኻ ፣ እንትርፊ ክጥዕመካ እምበር
ካልእ ዘይደልዩኻ፣ ትርፊ ቕድሜኻ ይስጥሓኒ ቕድሜኻ ይግበረኒ
ምባል እምበር ካልእ ዘይፈልጡ ወለድኻ ጠንጢንካ ኸዓ ፣ ካብ ክል
ቢ ኣብሊጹ ንዘይርእየካ ሓደ ወዲ ዓና ኸተገልግል ምኻድስ ኣየ
ደቅስን እኳ ። ናብ ነግዲ ናብ ሃድን ናብ ካልእ ድንገት ዘይቢሉ
ነገር እንተኸድካስ ኣይምኸፍኤን ፣ ናብ እንታይ ድኣ፣ ናብ ውግእ
ናብ ጽምኢ ናብ ጥሜት ናብ ሞት ናብ ምሑርማጋር ናብ ውርደት
ኢኻ እትኸዶ ዘሎኻ ። ንኩላቶም ወለዲ ዳርጋ ሓደ እንተተሰምዓ
ቶም ወለዲ ትኳበ ኢና ፈሊና ንሰሚ ዘሎና እሞ ፣ ናብኣቶም ንመ

ለስ ። እተን ክልተ ዓመት እቲኤን ከመይ ዝሖራን ከመይ ገዝነው
ኮይነን ተራእየናኦም ከምዝነበራ ኸዓ እንካብ ከትዛረቦስ ከትሓ
ይቐልል ። ይዋኣት እዮም ፤ ኣብ መወዳእታ ሕይወቶም ክንድዘ
ጻዕሪን ክንድዙይ ኃዘንን ረኺቡዎም ጥዕናኦም ወትሩ እናሓመ
ይኸይድ ነበረ ፤ ምሸት መጸ ቅድሚ ምድቃስ እግዚእ መሓረነ
ስቶስ እናበሉ "ጐይታየ ንዡ ዝተኹብካልና እንከ ወዲ ብድሓ
ስሓበልና ፤ ኣዕይንትና ንኣኡ ኸይረኣየ ኣይትቐተለና„ ጥራይ ዓ
ልላኦም ነበረ ። ኣዲኡ ፤ ይዋእ እየን ብሕልሚ ለይቲ እናተራእየ
ብስሙ እናጸውዓኦ ሃተፍተፍ ክብላ ይኃድራ ነበራ ፤ ሓድሓ
ለይቲ ኸዓ እቲ ሕልሚ ብዘይ መጠን ኃዩሉ ክምዙ ሓቂ ኸይ
እናተራእየን ምስ ወደን ዝተራኸበ ይመስለን ነበረሞ ፤ ኃዝኩ
ቢለን ክስዕማኦ ኣእዳወን ዘርጊሔን ብድድ ይብላ ነበራ፤ ካብ ድ
ሰን ድኅሪ ተበራቢረን እውን ክልኣይ ጊዜ ድቃስ ከይመጸን እ
ክብላ ንዛ ለይቲ ወጋሕ የብላኦ ነበራ ። ዝኸነ ይኹን ነገርስ ወ
የዘኻኽረለን ነበረ ። ሓደ ጐበዝ ኅልፍ ክብል እንተራኣያ ፤ "ወ
ኣነ ግዲ ወደይ ኣብዚእ እንተትህልውለይስ ከምዙይ ቢልኪ ግ
ክትክዲ ዓይነይ ምመላእክለይ።„ ገሊኤን ኣንስቲ ብዛዕባ ደቀን ገ
ክዛረባ እንተሰምዔኤንስ ልበን ናብቱ ስግር ቀላይ ዘሎ ይኸይ
ነበረ ። ኣሓ እምበሕ ክብላ እንተሰምዓስ፤ ዋናኸን ዘየሎሞ እንታ
~ክትጠቅማ ኢኺን፤ ጸባ እንተተሓልበ ጠስሚ እንተተሓቑነስ ክል
ክሰትዮ ካልእ ክጸብሖ እዩ፤ ኦ ትኳብ ትኳብ ።.... እኸሊ እንተኣቶ
ንመን ክኸኖ እዩ መን ክበልዖ፤ ትኳብ ወደይ ጸጊቡ ዘይሃጥረ
ንኣይ እንታዩይ ዘይመበዝኅ ኃዘነይ እዩ፤ እናበላ እንታይ ክበሃል ዘ
ባኤን ምስ ወደን ጥራይ ነበረ። ጐረባቢተን ኵሎም ብዙኅ የደን



ጸኦም ነበሩ ፤ ኣምላኹ ክፉእ ኣይተርእየና ወደን ብድሓን ስሓበለን
እናበሉውን ብልቦም ይጽልዩ ነበሩ ። ብዓል እንዳኤን ከዓ ክይጽ
ለላኦም ብዙኅ ይፈርሁ ነበሩ ። ሓድሓደ መዓልቲስ እኮ ክም ጽል
ልቲ እየን ወደን ክጽውዓ ዝውዕላ ዝነበራ ። መገርመርያ መልእ
ክቲ ምስ መጸም ንኩ ፤ ንታ ወረቐቱ ክበልዓኦ ደለያ ፤ ሓደ ጊዜ
ናብ ኣፈን ሓደ ጊዜ ናብ ገጸን ሓደ ጊዜ ናብ ልበን እናበላ እውን
ይስዕምኣን ይሳለማኣን ነበራ ።
እቲ ሓደ መዓልቲ ወደን ተሰኢሉ ምስ ሰደደለን ግን፤ በሓ
ዳፉ ዝገብራኦ ሰኣና፤ ኣብ መገርመርያኡዶ ንዓይነን ምእማን ስኣ፡ን
ከምቱይ ቢልካ ገጽ ሰብ ኣብ ወረቀት ክምዝስኣል ኣይፈልጣን ነበ
ራሞ ፤ ከምዙ ሕልሚ እምበር ሓቂ ኣይመሰለንን፤ ንታ ስእሊ ካብ
ነፍሰን ምፍላይ ኣበያእ ፤ ንኣዳኖታተን ከዓ እቲ ስእሊ ወደን ምር
ኣይን ብዛዕባኡ ወትሩ ምዝራብን ደስታኤን ኵርዓተን ነበረ።
ከምዙይ ክኸውን ከሎ ይኣትዉ ይኣ ኣለዉ ዝብሃል ወረ ተሰምዔ፤
እዙ ወረ እዙይ ከምዙ ሓደ ዓቢይ ንፋስ ክጠፍእ ቢሉ ንዝነበረ
ቀንልዒ ቅሩብ ቈለጭ ከምዘብሎ እሞ ፤ ዝርው ኣቢሉ ከምዘጥፍኦ፤
ንኣኤን ከማኡ ኮነን። እቲ ደኺሙ ዝነበረ፤ ብናፍቖት ወደን እውን
ሰልኪዩ ዝነበረ ልበን ቅሩብ ሕይወት ሀብ ኣበሎ ልበን ብብዝኂ
ታሕጓስ ብዘይ መጠን ትግ ትግ በለ ፤ ንቱ ትርግታ እቱይ ምጽዋር
ሰኣና እሞ (ከመይሲ ንሰን ኣብ እርጋንን እየን ዝነበራ) ጠረግ
ቢሎ ሡር ልበን ተበትከ ፤ ብኡ ብኡ እውን ወደይ እናበላ
ዓረፉ ። ናይ ብዓል እንዳኤን ኃዘንን ከዓ ልቢ ዘለዎ ሰብ ባዕሉ
ይሕሰበ ፤ ምርኃቕ ወዶም ክይኣክሉምስ ከዓ፤ ሰበይቶም ሞታኦም ፤
በይኖም ኣብ ጥራይ ቤት ተሪፎም ፤ ኣብቱ ዓቢይ ቤት ተደርቢዮም

ምስ ተራእዩ እንታይስ እንታይ እሞ ክበሃል ይከኣል፣ ክበርን ተ
ጐስን ዘይበሎ እርጋን፣ ሰብ ኣብ ሸበቱ ኣብቱ ፍቕርን ክብ
ዝደለየሉ እዋን ብውሉዱን ብበዓልቲ ኪዳኑን ድኅሪ ተታሒዘ እ
ይ እዩ መወዳእታ መርገሙ ንሰብ ። ከመይሲ ሰብ ንእሽቶ እን
ድኣ ኾነ ዕድሚኡ ዓለም ሓሳዊት እያሞ፣ ንሳ ኣይዘኻ እናበለ
ከተጸናንዖን ከተስሕቶን ትኽእል፣ ሰብ ዕድሚኡ ምስ ኃለፈን ና
ዓለም ሓሶት ምስ ፈለጠን ከዓ፣ ብምንታይስ ብምንታይ ክጸና
ይኽእል፣ እንተኾነ ወዶም ይኣቱ ኣሎ ምስ ሰምዑ ተጸናኒዖ
ደኾን ከዓ ይበሃል ይኸውን፣ ኣይፋሎምን፣ እቱ ወረ እቱይ ንእ
ምውን ሽሕኳ ሰብኣይ ብምኧኖም ናብ ሞት ከብጽሖም እንተዘ
ክኣለ፣ ንኣእምውን ብዙኅ ደኣ ኣሰማሚዑሎም ነበረ። እቱ ጋና ክ
ሉን ከይሀሉን ዘይምፍላጦም እቱ ማይ ኣሎ ክራማት ኣሎ ክም
ብሉ ዓድና፣ መገዲ ቐላይ ድንገቱን መከራኡን ዘይፍለጥን ዘይመ
እን ከምኧኑ ምስማዖም ደኃር ከዓ ንወዶም ብድሓን እንተ ድ
ኣተወስ ሞት ኣዲኡ ከርድኡዎ ምስ ከነ ክንደይ ከምዘኃዝን
ምሕሳበም ብዙኅ ህውከት ኣእቲውሎም ነበረ ። ብልዒ እሞ መ
ተ'ውን ኣበዮም፣ ድቃስ ተቐብጾም፣ ምስ ሰብ ምኻድን ምዝራብ
ሓረሙ ተጸልኦም፣ ጥራይ ኣብታ ገዛኦም ተጸቒጦም ምውዓል እ
ብኽያትን ምስቍርቋርን ጥራይ ከነ ሥራሖም ፣ ኣብቱ ገዛ እው
ዝልዕሎምን ዝፋቕዮምን ኣይነበሮምን ፣ እተን ጐረባብቶም እወ
ድሓን ሰባት ነበራ እሞ ሓድሓደ ጊዜ ክረድኣኦም ቢለን ይመ
ኦም "እንታይ ብልዕኹም እንጌራ ክንገብረልኩም ማይ ከነምጽኣ
ኩም„ ይብላኦም ነበራ፣ እንተኾነ ሰብ ምስ ነፍሱ ምስ ተበኣሰ ኃ
ል እዩሞ ንኣኦም እዚ ነገር እዚይ መመሊሱ ድኣ ይኸብዶም ነበ



እምበር ሓንቲ ዘጸናንዖም ነገር ኣይነበረን ። በይኖም ክገድፉኦም
ጥራይ ይደልዩ ነበሩ ። በይኖም ኮይኖም ኃዘኖም ከኰማስዑ ምው
ዓል ጥራይ ይፍትዎም ነበረ ። ዘይ ብሥጋኦም እዮም ኣብዚ ዓለም
ዝነበሩ እምበር ልቦምስ ኣብ ካልእ እዩ፣ ኣብ ሰበይቶምን ኣብ ወዶ
ምን ጥራይ ብምሕሳብ ሃለዋቶም ኣይፈልጡን፣ እቱ ዝነበሩዎ ስፍ
ራውን ኣይዝከሩን ነበሩ ። ልቢ እንተዘይረአየን እንተዘይ ሰምዔን
ዶ ዓይኒን እዝንን ዝጠቅም ኮይኑ ። ኣብ መንጎ እዚይ ዓስከር ይኣ
ናብ ባጽዕ ኣትዮም ዝብሃል ወረ ተሰምዔ። እወ ዓስከር ኣብ ባጽዕ
ኣትዮም ነበሩ። ክልተ ዓመት ድኅሪ ቀላይ ተሳጊሮም እቶም ግም
ባር ዝሃቦም ቅሩባትስ እወ ዓዶም ክምለሱ ናብ ባጽዕ በጺሖም
ነበሩ ። እቱ ሽዑ ዝስምዖም ዝነበረ ሓሳባትንከ መን ክፈልጦ ይኽ
እል ። ወዮ ብናፍቖቱ ክሞቱ ቢሎም ዝነበሩ ዓዶም፣ እኒሆ ሉሚ
በጺሖምዎ፣ ወዮ ዘረባ መዓልቶምን ሕልሚ ለይቶምን ዝነበረ ኣበይ
ዝጊ ባዕሉ ዝሠርሖ ዓቢይ መንደቅ ዝመስል እምባታቶም ተሰሊ
ፉ እንክረኣዮም፣ ንብዓቶም ምዕጋት ሰኣኑ ። ልቦምን ቀልቦምን
እከ ጥራይ ኣብኡ እዩ ዝነበረ። መሬትካ ይትረፍ ይኣ ኣብ ጸገምን
ኣብ ጭንቅን ዘለዎ ገዲፍካዮ ኬድካስ፣ ኣብ ጣዕምን ኣብ ጐትንትን
እኳ እንተኾነ ኣይርሳዕን እዩ ። ኣብ ባጽዕ እቶም ንኣታቶም ዝመ
ስሉ ከደሮት ዝኅብሮም ጨርቂ ዝኸዳኖም ተሰከምቲ ምስ ረኣዩ
ኵሉ ሰብነቶም ተደናፈቐ፣ ምስኡ ኸኣ እዚይ ዘይበሃል ታሕጓስ
ወረሱዎም ስሓቕን ብኽያትን ብሓንሳእ ይሰዱዎ ነበሩ ። ኣብ ባጽዕ
ብዙኅ ሰቦም ዘይነበሩዎ ኸሎ ክንድዚይ ዝተለዓዓሉ ድኣ ኣብ ኣሥ
መራ ምስ ወጹ እንታይ ክኸውን እዩ ። ሕጊ ንርእዮ ።

ወዮም ሰቦም ዓስከር ይኣትዉ ይኣ ኣለዉ ምስ ሰምዑ ዝከኣሉን

ዘይከኣሉን ብእግሩን ብበቕሊን፣ ቈልዓን ሰበይትን ኣረገውትን ኣ
ዝን ካብ ኵሉ ዓዲ ኣብ ኣሥመራ ተኣኪቦም ነበሩ ። እንካብኣቶ
ገሊኦም ይዋኣት እዮም ሰቦም ክህልዉን ዘይኪህልዉን ወረ ዘይ
ሮም ብፍርሃትን ብተስፋን ልቦም ሓቝሮም ይጽበዩ ነበሩ ። ፍ
ርሃት፣ ከመይሲ ሞይቱ ዝብል ወረ ኣይሰምዑን፣ ብተስፋ፣ ከመይ ብ
ሓን ክኣትወሎም ይጽበዩ ነበሩ ። መቸም ኣብ ደቂ ዓዲ ባበ
እትኣትወሉ ሰዓት ኣይፍለጥን እዩሞ፣ ዓሠርተ ጊዜ ናብቲ ምዕራ
ባቡር ተተመላሊሶም ክጥይቑ እንክትርእዮም እሞ፣ እቶም ኣብ
ዘለዉ ሰባት ሽሕ ጊዜ ብተለሮኖ "ብሩንቶ„ ክብሉ ዝውዕሉ ንበ
ኃዎም ወዲ ሓበሻ ጕይትቶሙሉ ብኵርዓት ክጥምቱዎ እሞ ባበ
ምኣስ ትኣቱ እንተበሉዎም እውን ሓደው ክይመለሱ ሱቕ ቢሎ
ሓደው ከዓ ዘይጠቅምን ዘጕሂን ዘረባ ተዛሪቦም ረጊጾሞም እን
ኃልፉ እንክትርኢ ክንደይ የጎዝን። ኤረ ብኡ ኣይኣኽለሎምን፣ ሓ
ሓደ ጊዜስ እባ ድኣ ማህረምቲ ኣሎ፣ ኵርማጋር ኣሎ፣ ምድፋእ ኣሎ

"ኣብየት ኣብየት መሓረኒ ጐይታይ ፤ ነዓቕ ዓጽሙ ክይትለ
ዓቀይታይ„ ተብሂሉ ዝተደርፈ እዙይን ከምዙይ ዝመስልን ነገር የ
ተራእየ እዩ ። ባቡር ካብ ምጽዋዕ ንወዮም ዓስከር ጎዛ ናብ ኣ
መራ ኣውጽኣቶም። ሽብቱይ እቲ ንሳ ክትኣቱ ኣብ መዓርፎኣ ብዙ
ሰብ ተኣኪቡ ነበረ ። እቶም ምእታዋ ዘይፈለጡ ዝነበሩ እሞ ኣ
ሥራሖም ወይ ኣብ ገዛኦም ክለዉ ምስ ሰምዑ ዝብላዕን ዝስተ
ጎዘም ናባኣ ኣቢሎም ይዛባዘቡ ነበሩ ። ሽዑ እቲ ኵሉ ሓጹ
እታ ባቡር ተዓጽወ ፤ ዛብጥያታት ጐይታይ ፤ ኃሙሽተ እመት ዝ
ንዋሑ ኵርማጋር ጠቕሊላ፣ ሽጉጣ ብጸጋም ዘው ኣቢላ፤ ከምዙ ና
በዓል ዝተዓጥቀ ሰብ ኾይኖም ኣብ ኣኣፋ ክትት ቢሎም ነበሩ



ሽቡ ናብኦም ኣቢሉ ቀርብ ዝበለ ወዲ ሓበሻ ኣልዒልካ ምድርጋሙ
እዩ እምበር ዘረባ የልቦን ፤ ከመይሲ ንኣታቶም ንሱ እዩ ዕዮኦም ፤
ንሱ ትእዛዞም ። እሞ ንወዲ ሓበሻ ጥራይ እዮም እምበር በይና
ንሱ ዝበሊኦስ ወዲ ባሕሩስ ኣይድፈርን እዩ ። ወዲ ሓበሻ ድኣ ።
ባቡር እናፋጸየት ደበኽ በለት፤ ወዮም ዓስከር መኣረምያኦም ኣው
ጺኦም ከንበልብሉ ዝመሩ ወየን ኣብኡ ዝነበረ ኣንስቲ ገሊኤን
እልል ክብላ ገሊኤንን ክበኽያ ገሮሙ ። "ባቡር መጸት ትኪ ተኸ
ዲና፣ ኳል እናኸ ትበኪ ደኒና ፤ ጐበዝ ክደ ንንጌራ ሃደና" ። ቢለን
ደረፉ። ወዮ ሰብ ተለዓዒሉ ዕግርግር ምስ ኣብዝኑ ዛብጥያታት ብኵ
ርማጋር ዓይኒ ኣይብሉ ስኒ ኣይብሉ ተተኃኃዙዎ። ድኅሪ ኃያሎ ጊዜ
ወዮም ዓስከር ወሪዶም ተሠሪዖም ብሓደ ወገን ምስ መጹ፤ እቲ ሰብ
ናብኦም ፍስስ በለ ፤ ሽዑ ዝረኣየ ከምዙ ኣባጊዕ ወይ ኣጣል እንክ
ኣትዋ እሞ ውላውዶን ብምሉኣቶም ምስ ፈኖኻለን ወወደን ከና
ድያ "ብዓዕ„ "ሜዕ„ እናበላ ናብዙይን ናብቱይን ዝዘበጣ ፤ ወደን
ንዘይከና እውን ሓደው ጐኒጾን ሓደው ወጊኤን ከምዘርኅቓኦ ፤
እቶም ውላውዲ ኸዓ ኣደዲኦም ከናድዩ እናነቀዉ ብወገኖም እዙ
ዩ ዘይበሃል ጫውጫውን ሕልኽልኽን ከምዝኸውን፤ ከምኡ ወዮም
ሕዝቢ ፤ እቶም ካብ በረኻ ዝኣትዉን እቶም ኣብ ዓዲ ገዝእንሑን
ብሓዳፋ ከምዙ ኵሉ በብሽምካ እናተጸዋዕካ እዩ እምበር ወይ ንሱ
ወይ ንኣኡ ዝመስል ሓደ ምስ ትርኢ እውን ክይኸውለካ ክትኅዘ
ክትብል እናተጻረፍካን እናተበኸኻን እዩ እምበር ዝተገብረ። እቶም
ዝተራኸቡ ኣብኡ ክሰዓዓሙ ተተኃኂዞም ከለዉ፤ ክልኣት እቲ ናይ
ፍቕሪ ምልክት ክገብሩ ኣይገድፉዎምን፤ ከምኡ ድኣ ሰቦም ከናድዩ
ይጓነጹን ይጻፍዑን ነበሩ ።

አብ መወዳእታኡንከ እቱ ሰሰቡ ዝረኸበ ወወሰኑ ጊዜ ግ
ምስ በለ፤ እቱ ሀውኩት እናዘኃለ ኸደ። እናዘኃለ ኸደ ዶ? አበ
ወዮም ሰበም ዝስኣኑ እቶም ሰበም ሞይቶም ሰሚያም እሞ ክ
በጺ ጸኒሖም ባዕላቶም ምስቶም ብጾቶምን በሰሎ፡ኒአምን ክደ
ዎም እሞ፤ ሻዑ ክቐብጺ ቢሎም መጺአም ዝነበሩ ብኽያትን አ
ያትን ልቕሶን ገሪመሩ ። ኃዘኖም እውን መጸናንዒ ዘይቢሉ
ከመይሲ ደቆምን ሰበምን ስኢኖም ፤ ንሱ ጥራይ እውን አይክ
ሬሳታቶም እኳ አይረኸቡን፤ አብ ሰመኞ ባሕሪ ዓሣ በሊዑዎ ይ
ውን፤ ወይ አብ በረኻ ቀለብ ራውያታትን፤ ጊደ አዛብእን ክ
ይኸውን፤ ዝብል ሓሳብ እናሓሰቡ እውን ጸላኢና ይርአዩ ዝበ
ዩዎ ዝነበሩ ።

እዙ "ሰቲሞ„ ክውድኡ ጊዜ እሞ ! እቶም ዝተረፉ አት
ምስ ሰብ ክቕበሉዎ ምስ ከደ አብ ዓይነይ ዝገጠመኒ ትርኢት
እኳ አይርስዓንን ። ሓንቲ አምሓረተይቲ እያ፤ ካብ ዓዳ ካብ ንየ
ምስ ሓደ ኃዋ ተሰዲዳ ናብ አሥመራ መጺአ፤ ክልቲአም ጥራ
ድእ ይመስለኒ ክልእ ሰብ አይነበሮምን ። ደኃርንከ ወዮ ኃዋ ገ
ፉዋ ተዓስኪሩ አብ ትሩቡሊ አዕራብ ቀቲሎሞ ። ወረ ቀደም ድ
ሰሚዓ ይመስለኒ ። ኵሉ ነፍሳ ካብ እግራ ክሳብ ርእሳ ኃዘን ጥራ
የልዕል ነበረ፤ ጸጕሪ ርእሳ ሰዲዳቶ፤ አዕይንታ ብብኽያት አንኰሊሉ
መዓጕርታ ብንብዓት ተተሊሙ፤ ገጻ ብምምላጥ ማዲዩ፤ ጨርቃ
ክዳውንቲ ተኸዲና፤ አብ ርእሰኡ ሓደ አረጊት መንጠሊና ናይ ኃ
ዝተረፈ ዋርሳ ገቢራ መጸት ። እታ ባቡር እንክትአቱ ቀስ ቢ
ጠኒን ትብል ነበረት ፤ ደኃር እቶም ዓስከር ምስ ወረዱ፤ ኃዋ ብ
ሙ ክትጽውዖ ገሪመረት ። ኵሉ ሰሰቡ ጊዜ ክኸይድ ምስ ኃቐ



ኃዋን ከዓ ከምዘየሎ ምስ ረአየት አዕይንታ ንንብዓት አፉ ንአው
ያት ከፈተቶ ። እቱ ትርኢት እቱይ ጸላኢና እኳ አይርአዩ ። ብኃ
ዘን ተጸሊላ ከምዙ ኸብዱ ዝተቐርጸ ሰብ ክትልሉ ገሪመረት "እን
ታይ እኳ ይብሉኒ እቶም ዓደይስ እንታይ እኳ ይብሉኒ ፤ ኃወይየ
ምሳኻ ተሰዲደስ ፤ በይነይ ከምለስ ፤ አበይ ወደቐ እንተበሉኒ ዘይ
ፈልጠ ፤ አበይከ ተቐብረ እንተበሉኒ ክቕበር ክይቕበር ዘይፈልጠ፤
እንታይ እኳ ይብሉኒ ። ዓደይ ገዲፈ መጺኤ ብዥኻኻ መጸናንዒ
ዘይነበረኒ ፤ ሎሚስ ናብቱ ዝኸዶ እኳ ጠፍአኒ ፤ እንታይ ከምዝገ
ብር ንገረኒ„ እናበለት በቱ ኸም ካራ ክይኑ ንልብኻ ዝአትዎ ድም
ጺ ጓል አንስተይቲ እንክትበኪ፤ ንሰብ ብብኽያት ክትውድእ ደለ
የት ። ሽዑስ እቶም ካብ እምኒ ዝጸንዕ ልበም እኳ ምተለዓዓሉ ።
ናይ ሽዑ መዓልቲ በይኑ አይኮነን እዙ ትርኢት እዙይ ወትሩ ዓስ
ክር እንክአትዉ ዝግበር ነገር እዩ ።

ድኅርቱ ጫውጫውን ብኽያትን ! ሰብ ነናብ ዓዱ ኸደ ። አበ
ትኳበ ግን ክቕበሉዎ አይከአሉን፤ ከመይ ሓሚሞም ነበሩ ። ንሱ
ብኡ ብኡ በርመስ ጠሊሙ ንዓዱ ኸደ ። ምስ አበኡ ዝተሰዓዓሙ
ዎንከ፤ አብኡ ኸሎኻ ባዕልኻ ምሕሳቡ ይሓይሽ፤ ከመይ ንፍቕሪ ክት
ጽሕፎ ቀለም የቢሉን።

አደይከ፤ አደይ ናበይ ከይዳ፤ በሉም ፤ ንሰም ከመኻንዩ
ገሪመሩ "ናብዙይ ከይዳ አላ ጽባሕ ክትመጽእ እያ„ ገለ
በሉዎ ። ልቡ እኳ አይዓረፈን ። አደይ እንተትህሉዶ ምእታወይ
እናሰምዔት ናብ ክልእ ከይዳ እናበለ እውን ልቡ ነጊሩዎ ክበኪ
ገሪመረ ። አቦኡ ኸዓ ምስኡ ተተኃኒዘም ጭጭ በሉ ። አጻዕዲ
ዮም ሞተን ነገሩዎ፤ አብቱ አጋ ዓዱ ክአትወሉ ጊዜ ከምዝሞታ

ሰሚዑ እውን ኃዘኑ መስፈርቲ ዘይቢሉ ኸነ ። መዓንጣ ኸብዱ እና ተቘርጸ ድኅሪ ነዊሕ በኽዩን አስቍርቍሩን ከምዙይ በለ፣

ርኁቕ ሃገር ከይደ፣ ምእንቲ ዘይዓደይ
ክልተ ዓመት ኣብኪየ፣ ከቡራት ወለደይ
ክልእ ክይተርፈኒስ፣ ቀቲለያ ነደይ
ገፈፍ ክብል መጺኤ፣ እኔኹ ጥራይ ኢደይ
ይርገሙኒ ኵሎም፣ ሰባተይ ኣዝማደይ ።

ኣይ መግቢ ስኢነ፣ ኣይ ጠሊ ሃሪፈ
ኣይ ክዳን ዓሪቀ ዝባነይ ተገፊፈ
ጸው ቢለ ዓበድኩ፣ መሬተይ ገዲፈ
እኔኹ ተመለስኩ፣ ብኸንቱ ሃፊፈ
ይርገመኒ ኹሉ፣ ዝተዋህበ ኣፈ ።
ሃብተ ጸጋ፣ ኣምላክ ዘይከልኣኒ
ኣብዙ ኹሉስ፣ እንታይ ሰደደኒ
ብኣይዶ ሞትኪ፣ ኣደይ ምዓረኒ
ጠሊመኪ፣ ሠይጣን አስሒቱኒ
መርገም ቃልኪ፣ ኣሚን ይብጻሓኒ
ብዘይ ኣካል፣ ብዘይ ዓይነ ስኒ
ብኺነ ኪተርፍ፣ ከምዛ ግኒ
ካብኡ ዝዓቢ እኳ እሞ ፣ ምተገብኣኒ
መርገምክስ ኣይፋል ፣ ቶሎ ድአ ይብጻሓኒ
ደጊም ይትረፍ፣ ጥርቡሽን ትዕቂትን
ደጊም ይትረፈኒ፣ ጣልያንን ሀውከትን
እንካብ ዓደይ ወለደይ፣ ዘበለኒ ብትን



ንየው ይበል፣ ጠበንጃን ጥይትን
ንዑበል ክታበት፣ ናይ ጣልያን ሸመትን ።

ኣብ ዓድኻ ምጽባይ፣ ንሞትን ሕይወትን ። — እናበለ ድኅሪ ኣልቂሱን በኽዩን ተመሊሱ ርፍቲያ ሃቡኒ ቢሉ ተረፈተ እሞ ኣብ ዓዱ ተቐመጠ ። ኣቡኡ ድኅርቱይ ነዊኅ ኣይጸንሑን። ካብ ኵሉ ንከ ናይ ኣዲኡ ሞት ሥቓይ ክይኑዎ ነበረ ።

። ። ። ። ። ። ።

ጕበዝ ከደ ጋር ነፍሲ ከእቱ
ኣበ በልዔን እንቋዓ ሸሚቱ
መልሓስና እምበር ሕሊናናስ ምይቱ ።

ብሓቂ ሕሊናናስ ሞይቱ እዩ ። አይ ስለ መንግሥትኻ ኸይኑ እሞ ሞያን ክብረትን ኪተርፈካ ማዕረ ሰብ ተቈጺርካ አፍካ መሊእ ካ ሓሳባት ልብኻ ክትዛረበሉ ። እንታይ ድአ፣ ክትፈርህን ወትሩ ሽቍ ጥቍጥ ክትብልን፣ ኣብ ቅድሚ እዞም ፀዓዱ ከመ ኢምንት ተቘ ጺርካ፣ ሸመት ተሸምካ ኣይትኅፈረሉ ቁቡዕ መሊስካ ኣይትኸብ ረሉ፣ ብዕድመ ሸምጊልካ ቅሩብ ዘይርኅርኁልካ፣ ከምዙ ካብ ክልእ ፍጥረት እንስሳ ዝተፈጠርካ እምበር ከማታቶም ካብ ኣዳም ዝበቘ በልካ ዘይመስሎም ።

ንሕና እንተኾነስ ካባታቶም ንገድድ፣ ከምዙ ኣማልኽቲ እም በር ከም ካልእ ዘይንቈጽሮም፣ ከመይ ንሳቶም እንተወቕዑናን እን ተዋረዱናን ብዙኅ ዘይስምዓና ። ወዮ ወዲ ሓበሻ ንናይ ብጻዩ ንሓ ንቲ ጸርፍን ንሓንቲ ማህረምትን ክንደይ ነገርን ሀውከትን፣ ክሕሳን ሒኑ ደምን ዝደልየሉ ዝነበረስ ሎሚ ጣልያን እንተዋረድዎን እን

ተዘበጡዎን ሱቕ ይብል፣ ኤረ ገሊኣቶምስ ከም ናይ ፍቅሪ ይምሰላቶም ። ሒሊናና ሞይቱ እንድዩ ። ጣልያን ደቅያት ከኣ ካልእ ኃሊፋዎምስ ከምዙ ጽንጽያ ዝቀትሉ ብሠረገላኦም እንክኸዱ ኣብ ፊት መንገዶም ጸሊም እንተገጠሞም ሓንሳእ ደው ምበል ጸጊሙዎም ንሰባት ረጋጊጾም ይኃልፉ ።

ኣብ ርእሲ እዙይ ከኣ ብኃልፈ ምድሪ ተበኣሰና፣ እንተዘራእናዮ ንሃኮን ነንበጣን ከነ ። "ዝዘራእናዮን እንተሓረረ፣ ዝተኸልናዮን እንተተሰብረ፣ ዝወለድናዮን ባሕሪ እንተሰገረ፣ ኣንታ ንሕና እንታይዩ ንገብረ" ቢሎም ሓደ ኀፉር ሽማግለ ኣልቀሱ ። ናይ ናብራና ነገር ኣየደቅስን፣ መመሊሱ እውን ንያትካኒ ሒሊናኻን የዕርብ ። እዙ ኩሉ ረኺብናን፣ በዙ ኹሉ ተጠቒዕናን ከዓ ናብቱ ንኸዶ ስኢና ኩሊልና ኩሊልና ኣብታ ዕስክርናን ኣብታ ሸቕሊ ኮንና፣ ጣልያን ከዓ ከምዝደለየ ይገብረና ኣሎ፣ ከመይ ዝፈርሃልና ዘይቢሉ ኸይኑ ። "ዋና ዘይቢሉ ዋና ዘይቢሉ፣ ዋና ዘይቢሉ ሓበሻየ ከምኡ እንድኣሉ" ሒሊናና ሞይቱ እዩ ። ግን ንኡ ዘልዕል ዘመን የምጽኣልና ።

፲፱ መስከረም ፲፱፻፷ ።





## ሓድሓደ ሥርዋጻት ።

### እንካብ ማሕላ "ፓንቲዳ" (ናይ በርሽ ድርሰት ።) ዝተጠቕሰ ሓድሓደ ቓላት ።

ቀደም ተማሒሉ ። ዝተማሕለ ነገር ኣይጥለምን፣ ማሕላ ካብ ኩሉ ዝዓቢ ማእሰርቲ እዩ፣ ኣቦይዝጊ እኳ ብርእሱ ይምሕል፣ ሰብ ከኣ ብስም ኣቦይዝጊ ምስ ዝምሕል ዳርጋ ኣቦይዝጊ ይመስል፣ ማሕላ ከኣ ኩሉ ከምዝፈልጦ ወይ ወንጌል ከይጠቃዕካ ወይ ስም ኣቦይዝጊ ከይጸዋዕካ ኣይግበርን ። ማሕላ ዝጠልም ከስ ብዕሉ ኩነኔኡ ይኃሪ ። ከመይ ንእምላኽ ይኽሕድ፣ ንእምላኽ ዝኽሕድ ከኣ ካብኡ ክርኀቕ ግዲ እዩ፣ ካብ ኣቦይዝጊ ዝረኃቀ ናብ ሰይጣን እምበር ናብ ካልእ ኣይአቱን ። ክልተ በይነን እየን መንገዲ ሰብ ።

ተኣኪቦም ፣ ካብ ደጒዓ ካብ ቊላ ካብ ኩሉ ስፍራ ። ካልኣይ ከኣ ልዑላትን ሽዩማትን (እምበ) ሓረስቶትን መጎልገልትን (ቊላ) ሓደ ከይኖም መሓሉ ። ካብ ኩሉ ዝበልጽ የማናይ እዩ፣ እንክትምሕል ከስ ብየማናይካ ትትኃኃዝ ።

ኣብ ሓንቲ ማኅበር ተጠሚሮም ። ማእሰርቲ ሓደ ይገብር ብማሕላ ተኣሲሮም ሓደ ከይኖም ጥሙራት እዮም፣ ነዙ ማእሰርቲ እዙይ ከኣ ሓደ ዝርኢ ምልክት የድልዮ እዩ (ሰንደቅ ዕላማ) እዙ ምልክት እዙይ ከኣ ናይቱ ድላዮም ገላጺ እዩ ድላዮም ከኣ ንኻና

ክቐትሉ እዩ እምበር ። እዙ ጓና እዙይ ብደሙ ሰንደቕ ዓላማኡም ክቐብእ እዩ ።

<u>መበለት ኣብ ዝሓረረ ዑናኣ</u> ። ኣየ ፣ ከምዙይ ዘደንግጽ ትርኢት የልቦን ፣ ኣብ ገዛኻ ኩሉ ጥሪትካ ኣሉካ ፣ እኽልኻ ገንዘብካ ክዳንካ ፣ ገዛኻ ድኅሪ ሓረረ ኸኣ ኩሉ ጠፊኡ እዩ ። ንኩሉ ጭንቂ ገዛ እዩ ዝሰትሮ ፣ <u>ገዛ ዘይብሉ ግን ኩሉ ሽጋሩ ይገሃድ ። ከምጥራዩ ዝወጸ ሰብ ይኸውን</u> ። እታ ድኻ ማእምን ኣብቲ ዝሓረረ ቤታ ሓመኹስቲ ለቢሳ ብዘይካ ኣውያት ክልተ ዓይና እናውሓዝት መሪር ኃዘና ክተውጽእ እያ። ከመይ ዝበለ እዩ ። ተንሢኣ! "እንታይ ኮይነ እየ ኣነስ ኣቦዶ የቢለይን ኃዊዶ የቢለይን ሰብኣይዶ የቢለይን ወዲዶ የቢለይን ። እዞም ናብዙይ መጺኦም ዝዘምቱኒ ዘለዉስ ዘይከማይ ኣንስቲ ዝወለዳኦም እዮም ፣ ኣነስ ኣየዕበኹንዶ ኣይወለድኩንዶ„ ትብል ። ግርም እዩ ኣንስቲ ከምዙይ ቢለን ምስ ዝለዓላ ። (ኣብ ሒን ኮነ ኣብ ውግእ ኮነ ኣንስቲ ኣገሮኻ እንቲብላ ሰብኣይ መልሲ የቢሉን ።)

ወዲ መን ኢኻ ቢልካ ጠይቕካዮ ኣቦኡ ዘይነግረካ ሰብ ኣብ ምድርኻ ርስቱ ከምዝኸነ ደቂሱሉ ዓይሙሉ ምርኣይ ወይ ኃዘን ወይ ጓሂ ። ንሱስ ዓዲዶ የቢሉን። ኣምላክ ሕያዋይ ኣቦ ንኩሉ ዘዝኣክሎ ሂቡዎ ፣ ናይ ክልእ ዝዝርፍ ርጉም እዩ፣ ከመይ ኣቦይዝጊ ንዝሠርዖ ፈንጢሑ ንኣምላክ ይጻላእ ፣ ክዝርፎ ሱቕ ዝብል ግን ክብኡ ሽሕ ጊዜ ይርገም ፣ ከመይሲ ሕይወትካ ንምንባር መናበሪ የድሊ ፣ መናበሪኡ ዘጥፍእ ነብራኡ የጥፍእ፣ ነብራኡ ዘጥፍእ ነፍሱ ይቐትል ፣ ነፍስኻ ምቕታል ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ኃጢኣት እዩ፣ ምእንትዙይ ርጉም ትበሀል ። ኩሉ ሥርዓት ብኃይሊ ተቓወሙ



<u>ዝሀር ወዲቑ ፣ ካብ ሕገር ዝጠራጠር</u> ። "ፈራህ ኣይሞተ ቱባዕ ኣይሞቱ ፣ ላንጋ ላንጋ ሞተ„ ይበሃል ። ቀደም ከም ሕራይ ምሒሉ ወዲኡዎ ደኃር ብግብሪ ምስ ኮነ ዝጠራጠር ማሕላኡ ክፍርስ ዝደለ እዩ ፣ እዙይንከ ክዳዒ ማለት እዩ ።„ ዘይገብሩ ይናገሩ።

<u>ፈደሪኩ ። ?</u> ይምስልካ ሰብ እዩ ከማኹም ። ጻዕዳ ቢልካ ንሰብ ኣይትፍርሃዮ፣ ቈርበቱ ናይ ዝጻዕደወ ከማኻ ፍጡር እዩ ። ኢትፍርሆ ለሰብእ ሶበ ይፀዐዱ ፣ ወሶበ ያበዝኅ ኀይለ ቃሉ ።

<u>እሽሓት እዮም</u> ። . . . . ካባኻ ነይበዝሑ ፣ ኣደታትና ወላዳት እየን ፣ ካብ በዕዳን ነይሓምቃ ።

ቅልጽም ኣሉካ ፣ ካብ ናቶም እኳ ይነጥፍ ።

<u>ዝተበደልካ ዝመሰልካ ሉሚ ተዘከሮ</u> ። ምዝካር ምርሳዕ ኩሉ ጽቡቕ እዩ በለ ሓደ ግሪክ ። እቲ ምንታይ ጸርፈን ክትርስዕ ፣ ጽቡቕ ነገርን ክትዝክር ። እዙይ ጽቡቕ ባህሊ ፣ ሕገር ግን ስብእነት ኬሥርሕ ዚደሊ ምዝካር እዩ ። ንዝደለዩዋ ነጻነት ኣይትኣብዩምን ጽጉም እዩ መገዲ ፣ ብርቱዕ እዩ ዓቐበ ፣ ኣብ ላዕሊ ምስ ደየብካ ግን ጥዑም እዩ ኣየራ ፣ ወልወላ ዘራእታ ማያ ስማያ። ዓቐብ ከኣ፣ ኣብ እግሩ በጥ ቢሉ ንዝዓይም ዘይውጻእ ነገር እዩ ፣ ምርሃጽ የድሊ እምበር ድላይ ኣይኣክልን ።

ዓይን ቤዛ ዓይን ፣ ስን ቤዛ ስን ። ናይ ጐይታና ትእዛዝ ወትሩ ክፍጸም ዝከኣል ኣይኮነን። ፍቕሪ ወንጌል እዙይ እንተዘይፈቐደልካ ሕኳ ፣ ርትዒ ይፈቕደልካ እዩ ።

## ድ ር ሳ ን   ዓ ደ በ ።

ኣምላኽ ዝኃረያ ዓለማት ክፈጥር
ኢትዮጵያ ተሰምየት ብዘይካ ጥርጥር
መንግሥቲ ሰብ ካብዙይ ናብዙይ እንክነጥር
ኣግዓዚት ኣይበለትን ፤ ናብ ገለ ቅብጥርጥር ።
ኣብ መጽሓፍ ፍጥረት ፤ ቀዲማ ተሰምየት
ኢትዮጵያ ተብሂላ ፤ ካብ ካልእ ተፈልየት
ጊዮን ከቢቡዋ ፤ ብኃልፌ ተለልየት
ካብ ዘመን ናብ ዘመን ወሲኻ ተወርየት ።
ናብ ርእሲ ካልእ ሰብ ፤ ግፍዒ ዝዓጠቑ ፤
ናብ ዘይዓዶም ከይዶም ፤ ድኻ ዘንጠቕጠቑ
ካብ ዝነበሩዎ ግርማ ፤ ናብ ታሕቲ ወደቑ
ኣግዓዚት ግን ቆመት ፤ ወትሩ ብጽቡቑ ።
ዘይናታ ነይደለየት ፤ ካልእ ኣይገኃሠት ፤
ንምድሪ እማታ ፤ ደፈራ ኣይጠሓሰት
ብመገዲ ዓመጽ ፤ ዘይናታ ኣይኰለሰት
ምእንትዚ ነበረት ፤ እኳ ከይተገሠት ።
ሮማዊ ፐትሮንዮስ ፤ ምሳእ ፈተነ
ኸም ካልእ መሲሉዎ ፤ ብገርሂ እትግን
ንግብጺ ጥሒሱ ፤ መጸ እናዛወነ
ኣብ መወዳእታ ግን ፤ ቡቑጻ ተበተነ ።
ግብጻውያን ብዓቕሞም ፤ ኣልቦ ዝነሓፉ ፤
ብኖብያ ኣቢሎም ፤ ክሳብ ገዳርፉ



ሐሰቡ ኪኣትውዎ ፤ ንሰሜናይ አፉ
ኢትዮጵያዊ ረአዮም ፤ አውደቖም ጠሊፉ
ሓሳበም አብ ባዳ ፤ ምስ ነፍሶም ገደፉ ።
ትርኵ ተላዕለ ፤ ብሰንኪ ባሕርነጋሢ ፤
ብኸድዓት ይሁዳ ፤ ንዓዱ አግሓሚ
ናብ ምጽዋዕ መጸሞ ፤ ኪውዕል ኬምሲ
ካብ ንጉሥ መለክ ሰገድ ፤ ረኸበ መላሲ ።
ምስሪ መጹ ፤ ዓጢቆም ሰራሩ
ብአጽዋር ኤውሮጳ ፤ አጊጾም አጕረሩ
አይጠቐሞምን ደአ ፤ አብ መረብ ተሳዕሩ
ተዋሪዶም ከዱ ፤ እናንደኃርኃሩ ።
ብቐዳማይ ሀዳም ፤ ስለ ዝኃፈሩ
እንደገና መጹ ፤ ደልዲሎም ብሡሩ
ወዲ ንጉሥም ኂዘም ዕርድታት ሰፈሩ ፤
በዝብዝ እንኪመጸም ፤ ሃደሙ በረሩ ፤
አብዝኖአም ግና ፤ አብ ሓመስ ታቐብሩ ።
ጣልያን ከአ መጸ ፤ ብዓቢይ እምነቱ
መድፍዑ አጽዋሩ ፤ ስሒቡ ጕቲቱ
ጌና ዘየሰንበዱዎ ፤ ተዳዕሊ ዝሞቱ
ናብ ደጕዓ'ሞ መጸ ፤ ሰሊፉ ኵናቱ
ዓድዋ ተቐበለቶ ፤ ኅልቀት ናይ ሕይወቱ ።
አላትኒ ሃገር ፤ ንዚአ ትመስል
ብወቕዒ ጸላኢ ፤ እኳ ዘይትቑስል
ብኃይሊ አጽዋራ ፤ ጠጢቓ እተብስል

ንገፋዒአ ዝበለ ፣ እኳ ዘይተሰልስል ።

• • •

ዓቢይ እምባ ሰሜን ፣ ይነውኖም ነርእስታ
ተከዘን ኣባይን ፣ ዓበይቲ መስኖታታ
በሕረ-ጻና ብሩር ፣ ዕንቋ ሽልማታ
ባሕረ-ኣፍሪቃ ምሉእ ፣ ዕጣቓ ደረታ ።

ኣብ ጐልጐል ኣብ ጨረር ፤ ኣብ ጎቦ ኣብ ሕሉማት
ኣባኺ ዚርከብ ፤ ናይ ኪለው ለምለማት
ኢትዮጵያ ዓደየ ፤ ናይ ዓለም ሽልማት
ንስኺ ዕጫየ ፤ ካብ ኵሎም ዓለማት ።

ምስዙ ኹሉ ተፈጥሮይ ግና ፣

በጽዋር ወዲ ኃና ኣነ ተቐጥቂጠ
እቱ ዓቢይ ግርማኺ ፣ ኣነ ተቐንጢጠ
ካባኺ ተፈልየ ፤ ሽም'ውን ለዊጠ
እናበር ኣሎ'ኹ ፤ ፈሪሄ ኣንቀጥቂጠ ።

ብናይ ኣምላኽ ሕጊ ፤ ዘይግደፍ ሥርዓተይ
ካባኺ ተፈልየ ፤ ዓባይ ወላዲተይ
ትርእዩ እሞ'ሎ'ኺ ፣ ብኽያተይ ንብዓተይ
ናባኺ ክምለስ ክም ቀደም ፍጥረተይ ።
ንስኺ እተዕቍብኒ ፤ ኣብ ኵሉ ጸገመይ
ንስኺ ጽንዓተይ ፤ ኣብ ኵሉ ሕማመይ
ኺፍለ'ሞ ኣይክእልን ፤ 'ቱ ደምኪ ካብ ደመይ
ኣበይዝጊ ይፍለዮ ፤ ን'ቱ ለዋጥ ሽመይ ።



ካባኺ ተፈልየ ፤ ማዕዶኺ ሰፈረ
ልበይ ኪደልየኪ ፤ ብፍቕሪ ሓረረ
ብሥጋ እንተሰኣንኩ ፤ ናባኺ ሰጊረ
ሕሊናይስ ወትሩ ፤ ናባኺ ይውርወረ ።

ወግሔ ጸብሔ ስምኪ ፤ እንተ ዘይጸዊዔ
ብዚክኣለኒ ፤ እንተዘይ ኣልሚዔ
ንኣኺ ዓባይ ኣደይ ፤ እንተድኣ ረሲዔ
ይርገመኒ ኵሉ ፤ እዙ ነገር ዝሰምዔ ።

ኦ ኣምላኽ ብባሕርይኻ ፤ ግፍዒ ዘይትፈቱ
ንዝተዓመጸ ሰብ ፤ ንስኻ ድኅነቱ
ርኂቑ ንዘሎ ፤ ካብ ሕቝፎ ወላዲቱ
ምለስ በይዛኻ ፣ ናብ ቀደም ሥርዓቱ ።

## ካብ ትራጀዲ ቴዎድሮስ ።

### ኮሮስ ፩ያ ።

ኦ ሥላሴ ቅድስት ንዓለም እትገዝኡ
ብብዝግብአ እውን ንሃገራት እትሠርዑ
ብሓንቲ ወስታኹም ንዓለም እተጽንዑ
ብልኡኽ ኪሩቤል ንቓልኩም እተስምዑ
እግዚአ መሓሩና በዣኻትኩም ንዑ ።
ርድኡና ስምዑና በዣኻትኩም ምጹና
እንካብ ጓና ኣድኅንዎ ንዛ ጦብያና

ዘኽበረትኩም ወትሩ እንካብ ጥንቲ ምዃና
አይትስልጥኑውን ኣብየት እንካብ ዘይወገና
እምብርምብርንከ ብፃዕዳ ብንና
ክትግዛእ ክትርገጽ እዛ ኣግዓዚት ሃገርና ።

ወ ተ ሃ ደ ራ ት ።

ምቕታል ምሥዓር በይኑ ደስ ኣየበሎን
ንቕድሚት ድኣ ጠሓሰ ከም ንፋስን ኣውሉን ።
ሞት ጥራሕ የናዲ ነበረ ሞት ጀጋኑ
ምእንቲ ዓደቦኦም ነፍሶም ዚምንኑ ።
ኪሓልፍ እንከሎ ከም ሓደ ሃልሃልታ
ከም ሓደ ፈረስ ዝሰምዔ ናይ ውግእ እምብልታ ።
የማን ጸጋም ሰሊፉ እንከውድቆም
ኵሎም ጠመቱሉ ኣዕይንቶም ኣድቂቆም ።
ኵላቶም ጠበንጃኦም ናብኡ ተኸሉሉ
ኵላቶም ተመነዩ ንኣኡ ክቐትሉ
ኵላቶም ጠያይቲ ከማይ ኣፍሰሱሉ
ገብሬየ ወደቐ ፣ ኣብሪል ኢትዮጵያ ቢሉ ።

ክ ሮ ስ ፫ ይ ።

ብብዙኅ ኣገባብራ እዩ ወዲ ሰብ ዚውረ
ወይ ክኸውን የድልዮ ጸላእቱ ዝሰበረ
ምሥራቅ ምዕራብ ሰሜን ደቡብ እናዞረ
ብዙኃት እንተመለኸ ኣእላፋት ሃገረ ።



ወይ ብጽቡቕ ምኽሪ ዓዱ እንተ ኣሰልጠነ
ወይ ምእንቲ ታሪኹ እንተ ኣብ መጽሓፍ ማህመኒ
ናይ ኮኾብ ናይ ወርሒ ዙረት እናመዘነ
ንሰብ እንተምሃረውን ፍላስፋ ኣከዋኒ
ወይ ብሓዳፉ ኣብ ደብሪ እንተድኣ መነነ !
ብንስሓኡ ብጸሎቱ ንዓዱ እንተድኃነ
ናብ እግዚኣብሔር ናብ ማርያም ከንዲ ተማኅጸነ ።
ከምዙይ ዝመሰለ ግን ዕጹብ ኣገባብራ
ንቀደም ዘዋረደካ ይቕረ ኣበሀላ
ንኡ ዚበቅዕ ምስጋና የቢሉን ኣብዙ ዓለም ከላ ።

(ቴ ዎ ድ ሮ ስ ን በ ይ ኑ ።)

እኔኹ ኸስ ሕዱስ ! ንበይነይ ተረፍኩ
እንኩ ደጊምስ ! ሥራሑይ ፈጺመ
ምእንቲ ዓደይ ቢለ ! ብዝኽእሎ ደኺመ
ብዙ ነገር እዙይውን ! ሕሊናይ ኣዕረፍኩ ።
ሊባኖስ ወደይሲ ፣ ኣበይ ኮን ትሀሉ
ድሓን ኩን ወደይ ፣ ኣብ ዘሎኻዮ ኣሊኻ
ኣቦይዝጊ ባዕሉ ፣ የጽልልካ ብኃይሉ
ዝሓይሽ ዕጫ የሃብካ ፣ እንካብ ናይ ኣቦኻ ።
እኔኹልኪ ሃገረየ ፣ ብዙኅ ደኺመልኪ
ኢትዮጵያ አደየ ፣ ብዙኅ ጽዒረልኪ
ብቐደም ዝገበርኩዎ ፣ እንተድኣ ኣኅዘንኩኺ
መወዳእታ ይቕረታይ ፣ ይልምን ንኣኺ (ይስዓማ)

ኣብ ውግእ ኸመውት ፤ ምእንታኺ ደልየ
ብደመይ ሓጺበኪ ፤ ከኸሕስ በደለይ
ንኣቦይዝጊውን ፤ ክንደይ ሳዕ ጸልየ
ብዅለንትናይ ፤ ዝከኣለኒ ኃይለይ ፤
ኣቦይዝጊ ነዙይ ፤ ዘይብቑዕ ርእዩኒ
ንጸሎተይ ምስማዕ ፤ ቀሊሕ ማለት ኣብዩኒ ።
እኔኹ ሕጂ ደጊም ፤ ኦ ኢትዮጵያ ኣደይ
ዅለንትናይ ናትኪ እየ ፤ ንኣኺ እወሃብ
እንተሞትኩውን ፤ ኣብዙ መሬት ዓደይ
ልበይውን ይብለኒ ኣሎ ፤ ንሕይወትካ ሃብ-ሃብ
ንኣኺ ደስ ኣብል ፤ ንርእሰይ ኣዓርፍ
ኣዕጽምተይ ተቐቢሩ ፤ ኣብ ዓደቦይ ይተርፍ ።
ቀደም ዘሰፈኹዎ ፤ ዅሉ ነገራተይ
ምስኡ መወዳእታ ፤ ፍቕረይ ተቐበሊ ዅሉ
በጺሑ እዩ ደጊም ፤ ዕረፍቲ ሕይወተይ
ምእንቲ ነጻነትኪ ፤ ሕይወተይ ዝሀበሉ ።
ሰላም እብለኪ ፤ ዘለዓለም ኢትዮጵያ
ንቕሩብ ጊዜ ኣዕይንተይ ፤ ንኣኺ ኸርእያ
ከም ኣዕይንቲ ቜልዓ ፤ ንኣዲኡ ዝደልያ
ቀበሕባሕ ይብላ ኣለዋ ፤ ናብ ዝኾነ ዙርያ ።
ድኃን ኹኒ ዓደየ ፤ ኢትዮጵያ ክብርቲ
ብዅሉ ዝኸበረት ፤ ኣብ ዓለም ስብሕቲ
ወትሩ ዝዓምበበት ፤ እኳ ዘይዕርቕቲ
ንሰ ንበይና ፤ ኣብ ዓለማት ሓንቲ ፤